ናይ ዕለታዊ ንበብ
"መዓልታዊ ትንቢታዊ ቃል ንዓኻ"

ሕታም 2

ጥሪ - ለካቲት - መጋቢት
2026

# ጥዑምብስራት
መዓልታዊ
# ንመንእሰያት



ናጻ
ክሸየጥ ይብሉን
እዚ ናይ ዕለታዊ ንባብ
ብተሓባበርትና ድሮ ስለ እተኸፍለሉ
ብናጻ ኽትዝርጋሕ ኣለዎ።

ካብ ርሑቕ ሃገር ዝመጸ ብስራት፡ ከም ዝሑል ማይ ንዝጸምኤት ነፍሲ እዩ። (መጽሓፍ ምሳሌ 25:25)

Uebert & BeBe
ANGEL

GoodNews DAILY

# ሕታም 2 2026

ሚያዝያ – ጉንበት – ሰነ

## ሓበሬታ ብዛዕባ ውልቀሰብ

ስም:

ኣድራሻ:

ናይ ኢሜይል (Email) ኣድራሻ:

ቁጽሪ ስልኪ:

ኣብዚ ርብዒ ዓመት ክትበጽሖ እትደሊ ሽቶ

## HOW TO USE THE DEVOTIONAL FOR MAXIUM IMPACT

እዛ ዕለታዊ ንባብ እዚኣ ንስኻ መዓልትዊ ብቃል ኣምላኽ ጌርካ ንክትዓቢ ዝዓለመት እያ። ነዛ ዕለታዊ ንባብ ህድእ ኢልካ ኣንብባን ነቲ መልእኽታ ድማ ኣስተንትኖ።

እቲ ኣብኡ ተጻሒፉ ዘሎ ጸሎት ብውልቅኻ ጸልዮ ከም ኡውን ነቲ ትንቢታዊ ኣዋጅ ብእምነት ኣብ ሂወትካ ኣውጅ። ኣምላኽ ኣብ ሂወትካ ከም ዝሰርሕ እንዳ ኣመንካ።

ነቲ ናይ ምወዓልታዊ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ተኸተሎ፣ ብተወሳኺ ውን ነቲ ከም ተወሳኺ መጽናዕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ጥቕሲ ኣንብቦ። እዚ ድማ ነቲ ናይ ቃል ኣማልኽ ርድኢትካ ከደልድሎ እዩ፣ ነቲ ኣብ ጎይታ ዘለካ ሂወትን ምምልላስን ድማ ድልዱልን ቀጻልነት ዘለዎን ክገብሮ እዩ።

ነዛ ዕለታዊ ንባብ ከተንብብ እንከለኻ ቃል ኣምላኽ ንክመርሓካ፣ ንኸበርትዓካን ናብ ዓወት ክመርሓካን ትጽቢት ግበር።

መዓልትኻ ምስ ጎይታ ብመንገዲ እዛ ዕለታዊ ንባብ ኣስተማቕሮ፣ ኣምላኽ ይባርኽካ።

ነቢ ዩበርት ኤንጅል




# ብዛዕባ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ ዕለታዊ ንባብ

ጥዑም ብስራት መዓልታዊ፣ ንነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ናይ ዓመት መንፈሳዊ ሃብቲ ንምሃብ ብጥንቃቐ ዝተጻሕፈት ልዑል ክብሪ ዘለዋ ናይ ክርስትና ጸጋ እያ። ንኣንበብቲ ክርስቶስ ዘማእከለ ህይወት ንምምራሕ ዝዓለመ ዓሚቕ ርድኢታትን፣ ሓያል ምግላጻትን፣ መዓልታዊ ትንቢታዊ ኣዋጃትን ተቕርብ። እዚ ድማ ኣብቲ ለውጢ ዘምጽእ ትምህርትን ምግላጽን ናይ ነቢይ ፍበርት ኤንጅል ዝተሰረተ እዩ። ኣብ ረርብዒ ዓመት እናተሓትመት፣ እዛ መጽሓፍ ናብ መላእ ዓለም ኣብ ብዙሓት ቋንቋታት ተቶርጒማ ብናጻ ብምዝርጋሓን፣ ናይ ቋንቋ ዕንቅፋታት ብምስጋራን፣ ከምኡ ውን ነቲ ህይወት ዝልውጥ መልእኽትታታ ኣብ መላእ ዓለም ብምብጽሓ ጸብለል ዝበለት ኢላ ትርከብ።

## ፍበርትን ቢቢ ኤንጅልን

ፍበርትን ቢቢ ኤንጅልን ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ናይ ምሉእ ግዜ ኣገልግሎት ብምንጣፍ፣ ናብ መላእ ዓለም ብዛዕባ ብስራት ጸጋ ኣምላኽ (ፍጌልዮን) ብምብሳር፣ ከምኡውን ነቲ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ትንቢታዊ ኣገልግሎት ኣብ ምእዋጅ ፈለምትን መራሕትን ድምጺ ኲይኖም የገልግሉ ኣለዉ። ክልቲኦም Spiritual Warfare, Intimacy, Prayer Banks, Supernatural Power of The Believer ከምኡውን ካልኦት ከምኡ ዝኣመሰሉ ጽሑፋት ብምድራስ፣ ኣዝዮም ህቡባት ደረስቲ ኢዮም። ፍበርትን ቢቢ ኤንጅልን ኣብ መላእ ዓለም ተደለይቲ ዝኾኑ መደርቲ ዋዕላ (conference) እዮም። ከም ዓለምለኻዊ መራሕቲ መጠን ድማ በቲ ዘለዎም ራኢ፣ ምህዞን ትብዓትን ክብሪ ረኺቦም እዮም። ከም መስረትቲ ቤተ-ክርስትያን ዘ ጉድ ኒውስ ቸርች (ስፒሪት ኤምባሲ) (The Good News church (Spirit Embassy)) ምዃኖምን ናይ ነብዩ ኦፊስ ብምሓዞምን፣ ነፍሳት ንምድሓን ኣብ ብስራት ጸጋ ኣምላኽ (ፍጌልዮን) ንምዝርጋሕ ዘለዎም ወፈያን፣ ኣብ መላእ ዓለም ብሚልዮናት ዚቝጸሩ ሰባት ተንኪፋን ደሪኾን እዩ።





# መዓልትኻ ብምስጋና ጀምር

**መዝሙር ዳዊት 118:24**
**እታ እግዚኣብሄር ዝገበራ መዓልቲ እዚኣ እያ፣ ብእኣ ንተሐጐስን ባህ ይበለናን።**

---

እግዚኣብሄር ብጸጋ ናብ መዓልቱ ኣቲኻ ከም ናይ ገዛእ ርእስኻ መሲልካ ኣብኡ ክትሰርሕ ይፈቅደልካ። ሎሚ ንግሆ ኣዒንትኻ ኻብ ዚኸፍታ ኣትሒዛ ኣፍካ እውን ናብ ኣምላኽ ብጸሎት ምስጋና ኽትከፈት ኣለዋ ።

ንመዓልትኻ ብዘይ ገለ ጸገም ከም እትኸይድ ንገራ። ንድሕሪት ንምምላስ ኮፍ ንምባል ወይ ክትትንስእ ብርታዐ ምርካብ ዓብዩ በረኸት እዩ ። ካብ መጀመርያ መዓልትታትካ ኣትሒዝካ ከተመስግኖ ዘለካ ብዙሕ ነገራት ኣሎ።

ካብ ሎሚ ጀሚርካ ኣብታ ካብ ድቃስካ ዝተበራበርካላ ህሞት ንኣምላኽ ምምስጋን ልምድኻ ግበሮ። ነዚ ናይ ምስጋና ኣተሓሳስባ ምስ ኣማዕበልካ፡ ኣብ ህይወትካ ዘሎ በረኸት ክትፈልጥ ኢኻ። ምውጻእካን መታውካን ድማ ኣብ ትሕቲ መለኮታዊ ሓለዋኡን ሓይሉን ኣኽእሎኡን ክኸውን እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ሰማያዊ ኣቦ ስለ ህያብ ህይወትን ስለ እትህበኒ ነፍሲ ወከፍ ትንፋስን የመስግነካ። ስለ ማእለያ ዘይብሉ በረኸት ኣብ ህይወተይ ዘፍሰስካዮ የመስግነካ። ኣስኻ ናተይ ስለዝኾንካ ብሩኽ እየ፡ ንኹሉ እትገብሮ ድማ ንዘልኣለም የመስግን። ኣሜን።

**ትንቢታ ዊኣዋጅ**
ኣብታ ዝደልደለን፡ ዝጠንከረን ዝከላኸላን መዓልቲ ኣምላኽ ብምእታወይ ኣዝየ እየ ዘመስግን። ኣነ ብኸቢድ ኣምላኻዊ ሓለዋ ይሕሎ፤ ብኢየሱስ ሓያል ስም።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ተሰሎንቄ 5:16-18

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 91 መዓልቲ**
ኢያሱ 13-15; ዮሃንስ 3:1-21

ሓሙስ 2 ሚያዚያ



# ዕብየት ኣባኻ ይነብር

**1ይ ዮሃንስ 4:4**
**ኣቱም ደቀየ: ንስኻትኩም ካብ ኣምላኽ ኢኹም: ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ ዚዐቢ ስለ ዝኾነ: ንስኻትኩም ስዒርኩምዎም ኢሎኹም።**

---

ኣምላኽ ኣብ ውሽጥኻ ህያው እዩ። እዚ ጥራይ እዩ ኣብ ትምህርትኻ ኣብ ስራሕካ ወይ ኣብ መጻኢ ኣብ እትገብሮ ሸቶታት ኣብ ኩሉ ኹነታት ክትዕወት ዜኽእለካ ። ድያብሎስ ኩሉ ሳዕ ኣንጻር እቲ ኣምላኽ ዝበሎ ምኽኑ ኼእምነካ ይፍትን እዩ። ዲያብሎስ ሓሳዊ እዩ። እቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ንሱ ኣብ ውሽጥኻ ይነብር። ክብሪ ንኣምላኽ ይኹኖ።

ንስኻትኩም ካብ ኣምላኽ ኢኹም: እዚ ድማ ከም ኣምላኽ ይገብረኩም። ኣኽላባት ኣኽላባት ይሰርሑ ደማሙ ደማሙ ይሰርሑ ኣምላኽ ድማ ኣማልኽቲ ይሰርሕ። ስዕረት ኣብ ታሪኽካ የለን። ጭንቀት ይፈርሓካ እዩ። ስእነትን ሕማምን ምሳኻ ዋላ ሓንቲ ርክብ የብሉን። ክርስቶስ ኣባኻ ከም ዝነብር ፈሊጥካ ብትብዓት ክትሰርሕ ጀምር። ሃሌሉያ!

የሱስ ንዓወት ስለ ዘዳለወካ ዓው በሉ። ዓወት ናትካ እዩ። መግዛእቲ ውሕስነት ተዋሂብዎ ኣሎ። መለኮታዊ ጥዕናን ምሕዋይን ብቐጽበት ኢዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኣቦይ ኣብ ኩሉ ኩነታት ህይወተይ ዓወት ስለ ዝሃብካኒ የመስግነካ። ስለቲ ትብዓትን ርእሰ ተኣማንነትን የመስግነካ። ኣባኻ እውከል ጎይታ ኣባይ ስለ ትነብር ኣብ ህይወተይ ስለ ዘለኻን ነዚ ዓወት ክነብሮ ስለ ዝሓገዝካን ድማ የመስግነካ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ዓወት እእውጅ ኣለኹ፣ ንመደባት ኣምላኽ ኣብ ህይወተይ ደው ኬብሎ ዚኽእል ዋላ ሓደ ነገር የልቦን። ተባሪኸ እየ፣ ፈጺመ ክስዓር ኣይክእልን እየ። ቅዱስ ስሙ ብሩኽ ይኹን!

| | |
|---|---|
| **ተወሳኺ መጽናዕቲ**<br>ቆሎሴ 1:27 | **ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 92 መዓልቲ**<br>ኢያሱ 16-18; ዮሃንስ 3:22-36 |



ዓርቢ 3 ሚያዝያ

# ንርእሰኻ ንጸሎት ስርዓት ኣትሕዛ

**ማቴዎስ 26:40-41**
***ናብ ደቀ መዛሙርቱ መጺ፡ ደቂሶም ረኸቦም። ንጴጥሮስ ድማ በሎ፡ ክሳዕ ክንድዚዶ ሓንቲ ሰዓት ምሳይ ክትነቕሑ ኣይትኽእሉን ኢኹም፧ ናብ ፈተና ከይትኣትዉስ ንቕሑን ጸልዩን። መንፈስ ተዳልዩ እሎ፡ ስጋ ግና ድኹም እዩ።***

---

ጸሎት መሰረት ክርስትና እዩ። ጸሎት ኣነባብራኻ ክኸውን ከሎ፡ ረብሓታት ናይቲ ምስ ሰማያዊ ኣቦኻ ዘለካ ርክብ ዝለዓለ ደረጃ ትህቦ፡ ንመንፈስካ ድማ ከም ኣምላኽ ኰይኑ ኸም ዚዓዪ ትገብር።

የሱስ ደቀ መዛሙርቱ ንሓደ ሰዓት ዚኣክል ምስኡ ኺጸንሑን ኪጽልዩሉን ምስ ዘይከኣሉ ተገረመ። እዚ ኸኣ ሓደ ሰዓት ኣብ ጽዑቕ ግዜ ጸሎት ከተሕልፎ ዜድልየካ ዝተሓተ ምኽኑ እዩ ዚነግረና።

ን10 ደቓይቕ ኣብ ዘለኻዮ ጀምር ድሕሪኡ ቀስ ብቐስ ወስኽ፡ ካብ መንፈሳዊ ኣቦና ነቢይ ኤበርት ኤንጅል ብነጻ ጸጋታት ኣብ ዩቱብ ቻነሉ ኣቕሪብናሉ ኣለና። ናይ ጸሎት ህይወትካ ብናይ ጸሎት ጭርሖታት፣ መዝሙር ውግእን ጸሎት ምክልኻልን ብሙሉእ ዳሰማዕካ ኣዕብዮ። በዚ መንገዲ ክትቅጽል ከለኻ ኣብ ጸሎት ጅግና ክትከውን ኢኻ።

### ናይ ሎሚ ጸሎት
ጎይታ ምሳኻ ዘለኒ ግዜ ቀዳምነት ክህቦ ክሕግዘኒ ብመሰረት ክቡር ሓይልኻ ብኹሉ ሓይሊ ኣበርትዓኒ። ንዓኻ ንምኽባር ሓሳባተይን ቃላተይን ተግባራተይን ምራሕ። ኣሜን።

### ትንቢታዊ ኣዋጅ
ኣብ ናይ ጸሎት ህይወተይ ይዓቢ ኣለኹ። መንፈሰይ ድምጺ ኣምላኽ ንምስማዕ ኣብ ቀረባ ኢዩ። ከተኩርን ንጸሎት ድማ ክነቅሕ እየ። ጎይታ መንፈስ ቅዱስካ ምሳኻ ዝያዳ ግዜ ኣብ ጸሎት ከሕልፍ ስለ ዘዛኻኸረኒ የመስግነካ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሉቃስ 18:1

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 93 መዓልቲ**
ሉቃስ 6:25-49; መዝሙር ዳዊት 35-37



**ቀዳም 4 ሚያዝያ**

# ንልብኻ በቲ ቃል ሓልዎ

**ምሳሌ 4:23**
**ህይወት ካብኡ እያ እትፍልፍል እሞ፡ ልዕሊ ኹሉ ንልብኻ ሓልዎ።**

---

ቃል ኣምላኽ ንልብኻ ኻብ ዘይምእማንን ነቲ ድሮ ኣብ ውሽጥኻ ዘዳለዎ ብሉጽነት ኪልውጦ ወይ ኬጥፍኦ ዚፍትን ዝኾነ ይኹን ነገር ብትግሃት ኪከላኸለልካ ዚኽእል እንኮ ነገር እዩ። ምሉእ መንፈስካን ነፍስኻን ስጋኻን ሓሳብ ኣምላኽ ጥራይ ክሓስቡ፡ ብሓሳቡን ርእይቶኡን ጥራይ ክሳብ ዝምላአ መጽሓፍ ቅዱስ ኣጽንዕን ኣስተንትኖን።

ኣምላኽ ብዛዕባ ህይወትካ ብዛዕባ ትምህርትኻ ንስድራ ቤትካ ንገንዘብካ ወይ ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ነገር ቃሉ ምስ ሃበካ መምርሒኡ ኣይተጥፍእ። ካብቲ ኣምላኽ ብዛዕባኻ ዝበሎ ወጻኢ ግጉይ ዘረባ ኣይትዛረብ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ጐይታ ብቓልካ ባህ ይብለኒ እዩ። ኣብ ቃልካ ኽነብር ከሎኹ ክብርኻ ኣብ ህይወተይ ይግለጽ እዩ፣ ብስም የሱስ ክርስቶስ ወትሩ ኻብ ክብሪ ናብ ክብሪ እለዋወጥ እየ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ከምቲ ኣምላኽ ዝብሎ እየ። ኣእምሮይን ልበይን ነፍሰይን ብቓል ኣምላኽ ዝተቓነየ እዩ። ኵሉ ነገር ብስም የሱስ ክርስቶስ ንሰናይ እዩ ዚዓዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 12:2

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 94 መዓልቲ**
ኢያሱ 19-21; ዮሃንስ 4:1-38

ሰንበት 5 ሚያዚያ



# ናይ ምዝርራብ አዋን

**ዮሃንስ 6:63**
***መንፈስ እዩ ህያው ዚገብር፡ ስጋስ ገለ እኳ ኣይጠቅምን እዩ። እዘን ኣነ ዝነገርኩኹም ቃላት፡ መንፈስ እየን ህይወትውን እየን።***

---

ክትዛረብ ከለኻ ድምጺ ኢኻ እተውጽእ ኣብ ሃዋህው ድማ ምልክታት ትልእኽ ኣለኻ። እዘን ቃላት እዚኣተን ፍረ ኺረኽባ እየን። ኣብ ምድሪ ዘሎ ኹሉ ይዛረብ። ኣካላትካ ይዛረብ ኣሎ። ገንዘብካ ይዛረብ ኣሎ።

ኣምላኽ ክትምልሰሉ እዩ ዚደልየካ። የሱስ እቲ እተዛረቦ ቃላት መንፈስን ህይወትን እምበር ቃላት ጥራይ ከም ዘኾነ ተዛሪቡ እዩ። መዓልታዊ ናይ ምዝርራብ መደባት ይሃልኻ። ለይቲ እንተ ተበራቢርካ ክሳዕ እትድቅስ ኣወንታዊ ቓላት ተዛረብ።

ህይወትካ ኸመይ ክትከውን ከም እትደሊ ተዘራረብ። ህይወትን ሞትን ኣብ ስልጣን መልሓስካ እየን። ኣፍካ ነቲ እትደልዮ ኹነታት ክፈጥር ፍቐደሉ። ህይወት ክትዛረብ ከለኻ ኣብ ህይወትካ ዘይግብኦ ነገራት ትቘርጽ እሞ ንገዛእ ርእስኻ ናብ ካልእ ደረጃ ኢኻ እትደፍእ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኣቦይ እግዚኣብሔር ፣ ምእንቲ ብትብዓት ዓቢ ምዝራብን ብመለኮታዊ መደብካ ምጉዓዝን እምነተይ ክጥቀመሉ ቃልካ ስለ ዝመሃርካኒ የመስግነካ። ኣብ ቃልካ ክጸንሕን ክዓቢን ሓግዘኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣፈይ ብርዒ ድሉው ጸሓፊ እዩ። ብቃላተይ ናብ ካልእ ደረጃ ይንቀሳቐስ ኣለኹ። ዓወትን ሰላምን ብልጽግናን ኩሉ ናተይ እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 18:21

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 95 መዓልቲ**
ኢያሱ 22-24; ዮሃንስ 4:39-54



# ብመንፈስ ተመላለስ

**ገላትያ 5:16**
**ኣነስ፡ ብመንፈስ ተመላለሱ እሞ ትምኒት ስጋ ኣይክትፍጽሙን ኢኹም፡ እብለኩም ኣሎኹ።**

---

ብመንፈስ ምምልላስ ብተፈጥሮ ኣምላኽ ምምልላስ ማለት እዩ። ኣዚ ድማ 'ተፈጥሮ ኣምላኽ እንታይ እዩ?' ናብ ዝብል ሕቶ ይመርሐና። መጽሓፍ ቅዱስ ንኣምላኽ ከም ፍቕሪ ገይሩ እዩ ዚገልጾ። ስለዚ ብመንፈስ ምምልላስ ብፍቕሪ ምምልላስ ማለት እዩ። ፍረ መንፈስ ፍቕሪ ምዃኑ ኣይትረስዕ።

ነቲ ብመንፈስ ቅዱስ ኣብ ልብኻ ዝፈሰሰ ፍቕሪ ኣምላኽ ኢድካ ምሃብ ጥራይ እዩ ዜድልየካ ንሱ ድማ ብመንፈስ ንኽትመላለስ ሓይሊ ኺህበካ እዩ።

ብመንፈስ ክትመላለስ ከለኻ ክብሪ ኣምላኽ፡ ብርሃኑ፡ ጽባቐኡ ትርኢ። ነገራት ብዓይኒ ኣምላኽ ኢኻ ትርእዮም። ኣብዚ ስጋዊ ዓለም ኣብ ልዕሊ ባእታታት፡ ውድቀት፡ ብስጭት፡ ጸልማትን ብልሽውናን ስልጣን ከም ዘለካ ክትዕዘብ ኢኻ። ኩሉ ነገራት ኣብ ረብሓኻ ተሰሪዑ ክትረኽቦ ኢኻ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣቦ፡ ንኹነታት ወይ ንጸገም ብኸመይ ብመነጽር ቃልካ ከም ዝግምግም ስለ ዘርኣኻኒ የመስግነካ። ንልበይ ብፍቕርኻ ምልኣዮ መዓልታዊ ብመንፈስካ ክመላለስ ሓግዘኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓውዲ ህይወተይ ብፍቕሪ ክኸይድ ጭቡጥ ውሳነ እወስድ። ኣነ ብመንፈስ ተመስሪተ ኣለኹ። ሃሌሉያ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ዮሃንስ 4:7

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 96 መዓልቲ**
መጽሓፍ መሳፍንቲ 1-3; ዮሃንስ 5:1-24





GoodNews DAILY

# ሓይሊ ኣብ ይቕረ ምባል

**ቆሎሴ 3:13**
**ንሓድሕድኩም እናተጻወርኩም፡ እቲ ሓደ ኣብቲ ሓደ ኽሲ እንተለዎ፡ ይቕረ ተባሃሃሉ። ከምቲ ክርስቶስ ይቕረ ዝበለልኩም፡ ንስኻትኩምውን ከምኡ ይቕረ በሉ።**

---

ሓድሓደ ግዜ ብጭካነ ዝመልአ ተግባራት ካልኦት ከቢድ ጉድኣት ኬጋጥመና ኸም ዚኽእል እፈልጥ እየ። እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ፡ ንቃንዛን ቂምን ከምዚ ዝኣመሰለ ልምዲ ምሓዝ፡ ስምዒታትካ ዝያዳ ክቖስልን ኣብ መንፈሳዊ ህይወትካ ጉድኣት ከስዕብን ጥራይ እዩ ዝኽእል።

ይቕረ ዘይምባል ንሓጐስ ህይወትካ ኼጥፍእ ኣይተፍቅደሉ ይቕረ ምባል ንሓጐስ ዜምጽእ መሳርሒ እዩ። ንኻልኦት በቲ ዝገበሩልካ ኣይትቕጣዕ። ይቕረ ምባል ተምሃር። ይቕረታ ኽሳዕ ዚሓትቱ እውን ኣይትጸበ። ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ልብኻ ይኹን እምበር ካብቶም ዝበደሉኻ ይቕሬታ ምሕታት ኣይኮነን።

ኵሉ ሳዕ ይቕረ በሃል ልቢ ይሃሉኻ እሞ ሕጉስን ባህ ዜብልን ህይወት ክትነብር ኢኻ፣ ኣብ ካልኦት ሰባት ድማ ወትሩ ባህ ዜብል ሓጐስ ክትረክብ ኢኻ። ምስ ካልኦት ብፍቕሪ ኽትራኸብ ከለኻ እቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ባህርይ ኣምላኽ ከም ውሒዝ ይውሕዝ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኣቦይ ነቶም ዝበደሉኒ ብዘይ ቅድመ ኲነት ይቕረ ክብሎም ጸጋ ሃበኒ። ሓይሊ ፍቕሪ ብስም የሱስ ሃበኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ይቅረ ክብልን ንነፍሰይ ዘቑስል በደልን ኩሉ ክገድፎን ይመርጽ፣ ብስም የሱስ ንኣከይ ብሰናይ ክስዕሮ ይመርጽ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴዎስ 18:21-22

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 97 መዓልቲ**
*መጽሓፍ መሳፍንቲ 4-5; ዮሃንስ 5:25-47*




ረቡዕ 8 ሚያዚያ

# ትኽክለኛ ቦታ ኣብ ትኽክለኛ ግዜ

**ዘፍጥረት 12:1-2**
**እግዚኣብሄር ድማ ንኣብራም በሎ፤ ካብ ምድርኻን ካብ ኣዝማድካን ካብ እንዳ ኣቦኻን ኣነ ናብ ዘርእየካ ምድሪ ኣቢልካ ውጻእ።**
**ንዓብዪ ህዝቢ ኽገብረካን ክባርኸካን ከኣ እየ፡ ንስምካውን ከዕብዮ እየ፡ ንበረኸት ድማ ክትከውን ኢኻ።**

---

እታ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ኣምላኽ ንኣብራም ኪንቀሳቐስ ከም ዝኣዘዞ ትገልጽ። ኣብቲ እተወልደሉ ቦታ ተቐመጠ ንሱን ሰበይቱን ከኣ ን70 ዓመታት ውሉድ ኣይነበሮምን። ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ንወቕትታት ወይ ኲነታት ኣየር ጥራይ ዘይኰነስ ንመንፈሳዊ በረኸት እውን ይጸልዎ እዩ።

እግዚኣብሄር ክትዕምብብ ዘዳለወካ ቦታ ኣሎ፡ ኣስተውዕል እግዚኣብሄር ኣብራም ቦታን ስምን ምስ ቀየረ፡ ፍርያቱን በረኸቱን ረኸበ። ሎሚ ንኣምላኽ ምስ መለኮታዊ ቦታኻ ከጋጥመካ ለምኖ፣ ቦታ መጽናዕትኻ ወይ ቦታ ስራሕካ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ብመንፈስ ኣምላኽ ክትምራሕ ከለኻ፡ ከምቲ ኣብ መዝሙር ዳዊት ናብ ዝዓርፈሉ ማይ ይመርሓኒ ዝብል ሎሚ ድማ ኣብ ቀረባ ኲይንካ ንመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ኣስተውዕል።

### ናይ ሎሚ ጸሎት
ኦ ሰማያዊ ኣቦ ንፍቓድካ እግዛእ ኣለኹ ኣብዚ ውሳነ ናይ ምግባር ወቕቲ ድማ መምርሒ ኽትህበኒ እሓትት። ነቲ ቐጺሉ ዝሓሰብካለይ ስጉምትታት ምእንቲ ኽርዳእ መምርሒኻን ንጹርነትካን ምእንቲ ኽፈልጥ ጥበብን ሃበኒ። ኣሜን!

### ትንቢታዊ ኣዋጅ
ብመንፈስ ኣምላኽ እየ ዝምራሕ። ናብቲ ዝበዝሓሉ ቦታ ክመርሓኒ እዩ። ብስም የሱስ ክዕንብብን ክስፍሕን እየ። ኣሜን!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 3:6

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 98 መዓልቲ**
መጽሓፍ መሳፍንቲ 6-7; ዮሃንስ 6:1-21

ሓሙስ 9 ሚያዚያ



# ከምቲ ኣምላኽ ዝርአዮ ርአ

**ያቆብ 1:25**
**እቲ ኣብቲ ምሉእ ሕጊ፡ ንሱ ድማ ሕጊ ሓርነት፡ ኣጸቢቑ ዚጥምትን ዚጸንዕን፡ ግብሪ ዚገብር እምበር፡ ዘይርስዕ ሰማዒ ግና፡ እዚ ብግብሩ ብጹእ ኪኸውን እዩ።**

---

ኣብ መስትያት ክትርኢ ኸለኻ ንመን ኢኻ ኽትርኢ እትጽበ? ልክዕ ንስኻትኩም! ኣምላኽ ነቲ ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ዘይትርእዮ ነገር ይርኢ እዩ። ካብ ነጸብራቕካ ንላዕሊ ኣብ መስትያት እዩ ዚርኢ። መንእሰይ ነቲ ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ዘሎካ ምስሊ የዐርይዎ ምስቲ ቓል ድማ ይሰማምዑ። ነፍሲ ወከፍ ንግሆ ነቲ መስትያት ተዛረቦ፣ ኣምላኽ ሓያል ፍጡር ምኺንካ እንተ ተዛሪቡ ነቲ መስትያት “ኣነ ሓያል እየ” በሎ። ነዚ መስትያት እዚ ኽትርእዮ ኸለኻ ኣምላኽ ብዛዕባኻ እንታይ ከም ዚብል ናይ ምዝራብ ልማድ ይሃሉኻ።

ኣብ ኣምላኽ ፍጹም መጻኢ ኣሎካ ህይወትካ ድማ ከምቲ ተራ ሰባት ዜሕልፍዎ ኪኸውን የብሉን። ክትነግስን ካብ ኵነታትካ ንላዕሊ ኽትነብርን ኢኻ ተወሊድካ፣ እዚ ግና ነቲ ክርስቶስ ኣብ ኣባኻ ዝገበሮ ምስ እትርድኦ ጥራይ እዩ።

ካብቲ ኣምላኽ ነዓኻ ዘዳለዎ ብሉጽ ነገር ንታሕቲ ኣይተሰማማዕ፡ ኣብ ቃሉ ኣቲካ ንነብስኻ ከምቲ ኣምላኽ ዝርአየካ ጌርካ ረኣያ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣምላኽ ከምቲ ንስኻ ትርእየኒ ንነብሰይ ክርኢ ኣዒንተይ ክፈት። ኣብ ቃልካ ከድህብን ኣብ ኵሉ ዘጋጥመኒ ኵነታት ህይወት ቃልካ ክዛረብን ሓግዘኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
እግዚኣብሄር መን ከም ዝብለኒ ክርኢ መንፈሳዊ ኣዒንተይ እኸፍት። ኣነ ፍሉይ ፍጡር እየ። ኣባይ ሓይሊ ተሰኪመ ኣለኹ። ብስም የሱስ ፈጺመ ክስዓር ኣይክእልን እየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር ዳዊት 139:14

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 99 መዓልቲ**
መትጽሓፍ መሳፍንቲ 8-9; ዮሃንስ 6:22-41



# ኣይተረስዕካ(ክ)ን

**ኢሰያስ 43:1**
**ሕጂ ግና ኣታ ያእቆብ፡ እቲ ዝፈጠርካ፡ ኣታ እስራኤል ድማ፡ እቲ ዝደኰነካ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ ተበጅየካ እየ እሞ፡ ኣይትፍራህ፡ ብስምካ ጸዊዕኩኻ፡ ንስኻ ናተይ ኢኻ።**

---

ኣምላኽ ኣብ ርእስኻ ዘሎ ጸጕሪ እውን ከይተረፈ ይቝጽር ክሳብ ክንድዚ ኢዩ ብኣኻ ኣዝዩ ተባሒቱ ዘሎ። ቁጽሪ 379 ጸጉርኻ መዓስ ከም ዝወደቐት ይፈልጥ እዩ። ፈጣሪ ሰማይን ምድርን፡ እቲ ንከዋኽብቲ ኣብ ሰማይ ዘቖመጦ፡ እቲ ንኣድማስ ብቓሉ ዝድግፍ፡ እቲ ሓደ ኣምላኽ ኣጸቢቑ ይፈልጠካ ኢዩ።

ንሱ ስምካ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዛዕባኻ ኩሉ ይፈልጥ እዩ፡ ኣብ ህይወትካ ሓንቲ እኳ ነገር ከይተዓዘባ ዝሓልፍ ኩነታት የለን፡ ሽግርካ ዘይፈልጥ ኣይኮነን፡ ኣብኡ ኣሎ ኩነታትካ ክቕይር ኢዩ ዝደሊ።

እቲ ዝፈጠረካ ኣምላኽ ከም ዘይረሳዓካን ፈጺሙ ክርስዓካ ከም ዘይክእልን ሎሚ ርግጸኛ ኩን። ብስምካ ይፈልጠካ፣ ስምካ ኣብ ኢዱ ተወቒጡ ኣሎ። ኣምላኽ ብዛዕባኻ ኣይርስዕን። ካብ መጠን ንላዕሊ ኣዝዩ ኢዩ ዘፍቅረካ!

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኣምላኽ ስለ ዘፍቀርካኒን ኩሉ ግዜ ኣብ ኣእምሮኻ ከም ዘለኹ ስለ ዘረጋገጽካኒን የመስግነካ። ነቲ ብነጻ ዝሃብካና ህይወት ምስ ትርፉ ምእንቲ ክረኽብዎ፡ ሰናይነትካን ፍቕርኻን ንኻልኦት ከካፍል ሓግዘኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ጎይታ ኩሉ ግዜ ምሳይ እዩ። ኣነ ብሌን ዓይኑ እየ። ንሱ ስለ ዝሓልየለይ ጾረይ ኣብ ልዕሊኡ ክድርቢ እመርጽ። ሃሌሉያ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሉቃስ 12:7

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 100 መዓልቲ**
ሉቃስ 7:1-25; መዝሙር ዳዊት 38-40



GoodNews DAILY

# ናይ ምድላው ሓይሊ

**ሉቃስ 12:35**
**ሓቛቑኹም ዕጡቕ፡ መባርህትኹም ብሩህ ይኹን።**

---

ዋጋኻ ትውስኸሉ ግዜ እዩ፣ ዋጋኻ ምስ ኣዕበኻ ገንዘብካ ይውስኽ። ዋጋኻ እትውስኸሉ መንገዲ ኣብ ነብስኻ ወፍሪ ምግባር እዩ፣ ብዛዕባ መጻኢኻ ብምሕሳብ ምጅማር ድማ። ቢልዮነር ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ሎሚ ንዕድላት ጽባሕ ይዳለዉ።

ካብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ 20 ደቓይቕ ወሲድካ ንነብስኻ ኣመሓይሻ። ምስቲ ክትገብሮ ዝተጸዋዕካ ዝሰማማዕ ነገር ኣንብብ። ኣብ ስጋዊ ቤት መቕደስካ ወፍሪ ግበር። ንመጻኢኻ ዝኸውን ንድፊ ኣብ ሰንጠረዥ ኣቐምጥ። ኣብቲ ትኾረት እትገብረሉ መዳይ ዚስሕለካ ሓበሬታ ኣከብ። ልዕሲ ዓቕን ምድላው ዝበሃል ነገር የለን። ካብ ዘይምድላው ምድላው ልዕሲ ዓቕን ምድላው ይሓይሽ።

ቃል ኣምላኽ ብምንባብ ምስ መንፈስ ቅዱስ ሕብረት ግበር፣ ኣብ ጸሎት ግዜ ኣሕልፍ፡ ሽው ኣምላኽ ንመጻኢኻ ዝወስድ ስጉምትታት ክገልጸልካ እዩ። ምስ ኣምላኽ ዘይከኣል ነገር የለን። ብመንፈሳውን ብኣካላውን መዳይ ተዳሎ ኲሉ ነገር ከኣ ኣብ ቦታኡ ኺወድቕ እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጐይታ ስለ መጻእየይ ኣመስግነካ ኣሎኹ። ኲሉ ሰናይ ነገር ካብ ኢድካ ኸም ዚመጽእ እፈልጥ እየ። ብዙሕ ነገራት ተዳሊለይ ከም ዘሎ እኣምን ኲሉ ሳዕ ኣብ መንገደይ ስለ ትመርሓኒ ድማ ኣመስግነካ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብ ህይወተይ ንዝዓበየ ምኽፋት ማዕጾታት ይዳሎ ኣለኹ። ፍልጠተይ እናሰፍሐ ዋጋይ እውስኽ ኣለኹ። ኣነ ናይ ቢልዮነር ኣተሓሳስባ ኣለኒ። ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 13:11

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 101 መዓልቲ**
መሳፍንቲ 10-11; ዮሃንስ 6:41-71

ሰንበት 12 ሚያዚያ



# ኣምላኽ ቀንዲ ዓርከይ እዩ

**ዮሃንስ 15:15**
**እቲ ኻብ ኣቦይ ዝሰማዕክዎ ዘበለ ንኣኻትኩም ስለ ዘፍለጥኩኹም እየ ኣዕሩኽይ ዝበልኩኹም። ባርያስ ጐይታኡ ዚገብሮ ኣይፈልጥን እዩ እሞ፡ ደጊም ባሮት ኣይብለኩምን እየ።**

---

እዛ ጥቕሲ እዚኣ ነቲ ምስጢር ዕርክነት ምስ ኣምላኽ ክንርዳእ ዜኽእለና ሓያል መፍትሕ ትህበና ፣ባዕሉ ኣምላኽ ድማ ብኣካል የሱስ ጌሩ ሃበና። ንኣኻትኩም ሰዓብቱ “ካብ ኣቦይ ዝሰማዕክዎ ኹሉ ኣፍሊጠኩም እየ እሞ ኣዕሩኽ ኢለ ጸዊዐኩም ኣለኹ” በሎም። ቃለይ ስለ ዘፍልጠካ ኣምላኽ ዓርከይ ኢኻ ይብል።

ዓርኪ ኣምላኽ ምባል ክሳዕ ክንደይ ቀሊል ምኻኑ ትርእዮዶ፡ ዓርኩ እቲ ዝብሎ ክሰምዕ ድሉው ዝኾነ፡ ምስጢሩ ዘካፍለሉ እዩ። ንቃል ኣምላኽ ከተቕልበሉ ከለኻ፡ ዓርኩ ንምኻንን ፍቕሩ ክትቅበልን ድልውነትካ ኢኻ እተርኢ።

ካብ ዝኾነ ነገር ንላዕሊ ንኣምላኽ ዘገድሶ ነገር ተገዳስነት ትገብር ኣለኻ። እቲ ዘገድሶ ቃሉ ይስማዕን ይእመንን ምኻኑ እዩ። ሎሚ ውን ናይ ጉድ ኒውስ ዕለታዊ ከተንብብ ከለኻ፡ ዓርኪ ኣምላኽ ኢኻ ትኸውን ዘለኻ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ኣምላኽ ኣብ ኵሉ እዋናት ህይወተይ ዓርከይ ስለ ዝኾንካ ኣመስግነካ ኣሎኹ። ቀንዲ ዓርክኻ ምእንቲ ክኸውን ብቃልካ ኣቢልካ ብንጹር ተዛረበኒ ንመንፈሰይ ድማ ብምስትውዓል ኣብርሃለይ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ምስጢሩ ዝነግረሉ እሙን ዓርኪ ኣምላኽ እየ። ንቃሉ ብሓጎስ ብምቕባልን ብምፍጻምን ፍቕሩ እየ ዝቕበል። ኣነ ናይ ኣምላኽ ብሉጽ ዓርኪ እየ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ዮሃንስ 4:8

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 102 መዓልቲ**
መሳፍንቲ 12-13; ዮሃንስ 7:1-31

ሰኑይ 13 ሚያዝያ




# ሰላማዊ ናብራ

**ሮሜ 12:18**
**ዚከኣል እንተ ኾይኑስ፡ ብኣኻትኩም ዝመጸ፡ ምስ ኩሉ ሰብ ብሰላም ንበሩ።**

---

ናይ ሎሚ ጥቕስና ምስ ኵሉ ሰብ ብሰላም ምንባር ኵሉ ሳዕ ከም ዘይከኣል እያ እትገልጽ። ገለ ሰባት ምናልባት እውን ገለ መዛኑኻ ኣለዉ ንኽትሰማምዖም ኣጸጋሚ ክኾኑ ዝኽእሉ። ብተፈጥሮኦም ጨካናት (ሕማቕ ቍጡዓት ቈየቓ ዘለዎም ከምኡውን ዘይተሓባበሩ) ኢዮም እዚ ዘይምስምማዕ ኣብ ዝኾነሉ ቦታ ድማ ዝዕወቱ ኢዮም ዝመስሉ። እንታይ ትገብር ወይ ዘይትገብር ብዘየገድስ ዜጕህየሉ መገዲ ይረኽቡ እዮም።

ብቐዳምነት "ብሰላም" ምንባር እንታይ ማለት ምዃኑ ኽንርዳእ ኣሎና። ብሰላም ምንባር ኪበሃል ከሎ ሰላም ምምጻእ ማለት ብሰላም ምንባር ማለት እዩ። ሰላም ክትደሊ ትኽእል ኢኻ፣ ካልእ ሰብ ግና ኣይደልን ክኸውን ይኽእል። ካልኦት ሰባት እንታይ ከም ዚገብሩ ወይ ንኹነታት ብኸመይ ምላሽ ከም ዚህቡ ኽትቈጻጸሮ ኣይትኽእልን ኢኻ፣ ንስኻ ግን ነቲ እትመርጾ ምላሽ ምሉእ ብምሉእ ክትቈጻጸሮ ትኽእል ኢኻ።

ሕሰም፡ ምሕዝነት ይፈቱ ይብሉ...ግን ምስቶም ሰላም ዝመረጹ ሰባት ፈጺሞ ምቹእ ኣይክኸውንን እዩ። ማቴ 5:9 ገባሪ ሰላም ስለ ዝኾንካ ብሩኽ ውሉድ ኣምላኽ ኢኻ ይብል።

## ናይ ሎሚ ጸሎት

ኦ ሰማያዊ ኣቦይ እቲ ኻብ ክርስቶስ ዚመጽእ ሰላም ኣብ ልበይ ኪገዝእ እጽሊ ኣሎኹ። ብሰላም ክነብር ስለ ዝጸዋዕካኒ ኣመስግነካ እየ። ምስ ኵሉ ሰብ ብሰላም ንኽነብር ለውሃትን ትዕግስትን ሃበኒ። ኣሜን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ፍቕሪ ተፈጥራዊ ባህረይ ስለ ዝኾነ ንኹሉ ሰብ የፍቅሮ እየ። ብቓላትን ተግባራትን ካልኦት ኣይጭነቕን እየ። ሰላም ርስተይ ስለ ዝኾነ ብሰላም ክነብር ይመርጽ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ገላትያ 5:22

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 103 መዓልቲ**
መሳፍንቲ 14-15; ዮሃንስ 7:32-53



ሰሉስ 14 ሚያዚያ

# ናይ ፍቃድ ወልፊ

**ገላትያ 1:10**
**ሕጂኸ ንሰብዶ ወይስ ንኣምላኽ እየ ባህ ዘብል ዘሎኹ፡ ወይስ ንሰብ ከሐጉስ ድየ ዝደሊ ዘሎኹ፡ ገና ንሰብ ከሐጉስ እንተ ዝብልሲ፡ ባርያ ክርስቶስ ኣይምኾንኩን ነይረ።**

---

መብዛሕትኦም መንእሰያት ኣብ መንጎ ክልተ ኣማራጺታት፡ ንኣምላኽ ምሕጓስ ወይስ ንደቂ ሰባት ምሕጓስ ተታሒዞም ይርከቡ። ኲሉ ዝገብርዎ "ሰባት እንታይ ክብሉ" ዝብል እዩ። ገሊኦም ድማ ንኣዕሩኽቶም ወይ ንኻልኦት ንምሕጓስ ዘይደልይዎ ትምህርታዊ ኮርሳት ይወስዱን ዋላ ናብ ዝምድናታት ይኣትዉን ይኾኑ።

ሎሚ ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ዘጕልሖ ካብ እግዚኣብሔር ንላዕሊ ንደቂ ሰባት ምሕጓስ ረብሓ የብሉን። ብናትካ መንገዲ ፍሉይ ስለ ዝኾንካ ሞገስ ሰባት ክትረክብ ኢልካ ንኻልኦት ሰባት ከተሐጉስ ወይ ጌጋ ስጕምቲ ብምውሳድ ንነብስኻ ኣብ ዘየድሊ ጸቕጢ ኣይትግበራ።

እቲ ኣብ ውሽጥኻ ተሓቢኡ ዘሎ ይገለጽ። ኣብ ውሽጥኻ ብሉጽ ነገር ኣሎ። ብዘይ ምሕላል ኪድ እሞ እታ ሓያል ኢድ ኣምላኽ ክትሪኣ ኢኻ።

### ናይ ሎሚ ጸሎት

ሰማያዊ ኣቦ ሎሚ ኣብ ቅድሜኻ መጺአ ነዓኻ ይመርጽ፡ ምሉእ ልበይን ፍቓደይን ሂይወተይን እህበካ ኣለኹ። በጃኻ ኣቦይ ንዓኻ ጥራይ ከሐጉሰካን ንኻልኦት ሰባት ናይ ምሕጓስ ኲሉ ልምድታት ከወግድን ሓግዘኒ። ኣሜን።

### ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ብዘፍርህን ብዘደንቅን እተፈጥረ ውሉድ ኣምላኽ እየ። ኣነ ብናተይ መንገዲ ፍሉይ እየ ሎሚ ድማ ንጎይታይ ከሐጉስ መሪጸ ጸጋኡ ድማ ይኣኽለኒ ብስም የሱስ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር ዳዊት 118:8

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 104 መዓልቲ**
መሳፍንቲ 16-17; ዮሃንስ 8:1-20



# መለኮታዊ ጥዕና መሰልካ እዩ

**ቆሎሴ 2:9-10**
**ኣብኡ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ብስጋ ሓዲርዎ እዩ እሞ፡ ንሱ ርእሲ ኹሉ ሕልቅነትን ስልጣንን እዩ፡ ንስኻትኩምውን ብእኡ ተመሊእኩም ኣሎኹም።**

---

ኣይትሓምምን ኢኻ። ዳግማይ ክትውለድ ከለኻ፡ ቡኡንቡኡ፡ ኣካላት ክርስቶስ፡ ስጋ ስጋኡን ዓጽሚ ዓጽሙን ኢኻ። ሓደ ኢኻ ምስኡ። ክርስቶስ ይሓምም ዶ ይመስለኩም? ኣይፋሉን ኣይሓምምን እዩ! ንስኻትኩም ውን ኣይትሓሙን ኢኹም።

ኣብዚ እዋን እዚ ነዚ ኸተንብቦ ኸለኻ ኣብ ክርስቶስ ትነቕሓሉ ዘለኻ ክውንነት ኣሎ። ኣብዛ ዓለም ብዝኾነ ነገር ክዕገት ዘይክእል ህይወት ኣባኻ ኣሎ። እቲ ኣብ ኣምላኽ ዘሎ ህይወት ኣብ ውሽጥኻን ኣባኻን ይውሕዝ ኣሎ።

መንፈስ ህይወት ኣባኻ ኾይኑ ንስጋዊ ኣካልካ ህይወት ይህቦ። ኣሚንካ ኣውጅ። እቲ መለኮታዊ ህይወት ድማ ንነፍሲ ወከፍ ምስቲ ስጋዊ ኣካልካ ክተሓሓዝ ዝፍትን ዓይነት ሕማም ክትክእ እዩ። ቃል ኣምላኽ [1ዮሃ 4:4] "ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ምሳኻትኩም ዘሎ ይዓቢ" ይብል። ሃሌሉያ!

## ናይ ሎሚ ጸሎት

ክቡር ኣምላኽ ንስኻ እቲ ዝፍውሰኒ እግዚኣብሄር ምኻንካ ፈሊጠ ብጸሎት መጺአ ኣለኹ። ኩሉ ሕማማት ከም እትፍውስ ኣብ መብጽዓታትካ እኣምን። ብናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ስምብራት ተፈዊሰ። ኣሜን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

እቲ ኣባይ ዘሎ ህይወት ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍ ዘይሕጋዊ ንግዲ ስጋ ይስርዞ። ብስልጣን መንፈስ ኣምላኽ ኩሉ ቫይረስ፡ ዕንፍሩር፡ ሕበጥን ኩሉ ዓይነት ሕማምን ሕጂ ካብ ኣካላተይ ክወጽእ እእዝዞ! ህይወት ብስም የሱስ ግደይ እያ። ኣሜን!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር ዳዊት 103:3

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 105 መዓልቲ**
መሳፍንቲ 18-19; ዮሃንስ 8:21-38






# ቃላትካ ኣስተብህለሉ

**ገላትያ 3:29**
**ናይ ክርስቶስ ካብ ኰንኩም፡ ደጊም ዘርኢ ኣብርሃም ኢኹም፡ ከምቲ ተስፋውን ወረስቲ ኢኹም።**

---

ነብስኻ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ርኸባ ብዘየገድስ፡ ስእነት ፈጺምካ ኣይትዛረብ። ድኽነት ፈጺምካ ኣይትዛረብ፤ ስዕረት ፈጺምካ ኣይትዛረብ! ከም ሓደ ክርስትያን “ነገራት ጸቢቡ፣ ዝተረፈኒ ነገር ኣይክህልወንን እዩ” ዝብል ዘረባታት ፈጺምካ ኣይትዛረብ።

ንስኻ ብክርስቶስ እናሃለኻ ዘርኢ ኣብርሃም ምዃንካ ዘክር! እግዚኣብሄር ህይወትካ ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ መንፈሳዊ ንቕሓትን ጥንቃቀን ክትነብሮ ይደሊ፣ ኣብኡ መንፈሳዊ ኣዒንትኻ ክፋት ኮይኑ ዓለም ምሉእ ናትካ ምዃና ክትዕዘብ!

ዓው ኢልካ ከምዚ በል፣ ኣነ ጠፋሽ ኣይኮንኩን! ኣነ በይነይ ኣይኮንኩን ዝነብር ዘለኹ! ሃሌሉያ! እቲ ቃል ብዛዕባ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ መሰላትካን ፍሉይ ሓለፋታት፡ ንብረትካን ብክርስቶስ የሱስ እንታይ ከም ዝብል ብግብራዊ ንቕሓት ተመላለስ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣቦ፡ ንሓቂ ኣዒንተይ ስለ ዝኸፈትካ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ የመስግነካ። ሳላ ጸጋኻ ሕጂ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘለኒ ክውንነት ይነብር ኣለኹ። ኣነ ብርሃን ዓለም እየ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ዘርኢ ኣብርሃም እየ! ኩሉ በረኸትን መብጽዓታትን ኣምላኽ ናተይ እዩ! ፈጺመ ኣይስዓርን እየ። ኩሉ ግዜ፡ ኣብ ኩሉ ኩነታት እዕወት። ኣነ ብስም የሱስ ዕዉት እየ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊሊጲ 4:19

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 106 መዓልቲ**
መሳፍንቲ 20-21; ዮሃንስ 8:39-59

ዓርቢ 17 ሚያዚያ




# ንኣምላኽ ግዜ መድብ

**ያአቆብ 5:16**
**እምብኣርሲ፡ ምእንቲ ኽትፍወሱ፡ ንሓድሕድኩም ሓጢኣትኩም ተአመኑ፡ ምእንቲ ንሓድሕድኩምውን ጸልዩ። ጸሎት ጻድቕ ብግብራ ብዙሕ ተስልጥ እያ።**

---

ሓደ ኻብቲ ገሊኦም ክርስትያናት ነቲ ናይ ኣምላኽ ክብሪ ኣብ ህይወቶም ከም ዚግብኦም ዘይርእዩሉ ምኽንያታት መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ምስ ጐይታ ዚሕብሩሉ ግዜ ብሸለልትነት ስለ ዚርእይዎ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ብስራሕ ትሑዛትን ኣቓልቦኦም ዚሰርቕን ስለ ዝኾኑ ነቲ ኣምላኽ ዚብሎ ኺሰምዑን ኬተኵሩን ኣይክእሉን እዮም።

ጸሎት ኣእምሮኻ ኽሳዕ ዚጠፍእ ሱቕ ኢልካ እትዛረበሉን ሃይማኖታዊ መደረ ትገብረሉ እዋን ኣይኮነን። መንፈስካ ምስ መንፈስ ቅዱስ ዚራኸበሉ እዋን ኪኸውን ኣለዎ፣ ስለዚ ህላወኻ ምስቲ ንህይወትካ ዘዳለዎ መደብ ክሰማማዕ እዩ።

ሎሚ ኩሉ ኣቓልቦኻ ዝሰርቑ ነገራት ኣወግድ እሞ ምስ ፈጣሪኻ ንምኳን ግዜ ምምዳብ ተማሃር። ኣብ መንፈሳውነት ዘለካ መዓርግ ክውስኽ መጽሓፍ ቅዱስካ አንዳ ኣንበብካ ብዝያዳ ጸሊ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
አ ሰማያዊ ኣቦ ምሳይ ርክብ ኪምስርት ስለ ዝደለኻ አመስግነካ ኣለኹ። በብመዓልቱ ብጸሎትን ብቓልካ ምሳኻ ግዜ ኽሕልፍ ቌሪጸ ኣሎኹ። ድምጽኻ ብቀረባ ክሰምዖ ሓግዘኒ። ኣሜን

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ናይ ሓቂ ኣምላኺ እየ። ክጽሊ ኽለኹ ንህይወተይን ነቶም ኣብ ከባቢይ ዘለዉ ሰባትን ለውጢ ንምምጻእን ፍቓድ ኣምላኽ ንምፍጻምን ዓብዪ ሓይሊ ይረክብ እየ ። ሃሌሉያ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ዮሃንስ 1:3

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 107 መዓልቲ**
ሉቃስ 7:26-50; መዝሙር ዳዊት 41-43



# ንኣምላኽ እሰምዮ እየ

**ዮሃንስ 10:27 (NKJV)**
**እተን ኣባጊዔይ ግና ድምጼይ ይሰምዓ፡ ኣነ ኸኣ ኤለልየን፡ ንሳተንውን ይስዕባኒ።**

---

ሓደ ሕጻን ምስ ተወልደ ድምጺ ወለዱ ብፍላይ ከኣ ድምጺ ኣዲኡ ኼለልዮ ኸም ዚኽእል ብሕክምና ተረጋጊጹ እዩ። ካብ ማሕጸን ኣትሒዙ እውን እንተ ኾነ ድምጺ ኣደ ነቲ ሕጻን የህድኦ እዩ ። እቲ ቈልዓ ምስ ተወልደ ድምጹ ብምልላይ ርእሱ ናብቲ ዚዛረብ ወላዲ እዩ ዚጥምት።

እቶም ናይ እግዚኣብሔር ዝኾኑ ድማ ናይ ኣቦኦም ድምጺ ናይ ምልላይ ባህርያዊ ክእለት ሒዞም እዮም ዝውለዱ። ኣብ ማህጸን ቃል ተጠኒስካ፡ ብመሕረሲት መንፈስ ቅዱስ ተወሊድካ ካብ ኣምላኽ ኸኣ ተወሊድካ።

ከምቲ ብተፈጥሮ ዝተወልደ ህጻን ድምጾም ደጋጊሙ ብምስማዕ ምስ ድምጺ ወላዲኡ ዝላለ፡ ንስኻ'ውን ብዝተኻእለ መጠን ቃላቱ ብምስማዕን ብምንባብን ምስ ድምጺ ሰማያዊ ኣቦኻ ብቐረባ ትላለ። ካብ ኣምላኽ ተወሊድካ ኢኻ፣ ድምጹ ድማ ብርግጽ ትፈልጥ ኢኻ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ፈቃር ኣቦ ሎሚ ንጫውጫው ዓለም ቀሪጽካ ንድምጽኻ ብንጹር ክሰምዕ ሓግዘኒ። ብቓልካ ኽትዛረብ ከሎኻ ኽሰምዕ ኣእዛነይን ልበይን ክፈት። ብመንፈስ ቅዱስካ ምርሓኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ፍቱው ውሉድ ኣምላኽ እየ። መዓልታዊ ካብኡ ይሰምዕ እየ ዝበለጸ ርክብ ድማ ኣለና። ኣነ ድምጺ ኣቦይ እፈልጥ እየ መዓልታዊ ድማ ይስዕቦ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 10:17

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 108 መዓልቲ**
ሩት 1-2; ዮሃንስ 9:1-22



# ንስኻ ክቡር ኢኻ

**ሮሜ 5:8**
**ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና፡ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ።**

---

ብውሑዱ 45 ሚልዮን ዶላር ዋጋ ከም ዘለካ ትፈልጥ ዲኻ? ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ኣሜሪካ ብሕጋዊ መንገዲ ልብኻ ክትሸይጥ እንተደሊኻ ብ1ሚልዮን ዶላር ክትሸየጥ ትኽእል ኢያ። ወላ ጸላም ከብድኻ ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ዶላር ኣመሪካ እዩ። እዚ ኣብ ዓለም ዘለካ ዋጋ ግን እቲ ሓቀኛ ዋጋኻ ንሱ ኣይኮነን። ካብቶም ሚልዮናት፡ ቢልዮናት፡ ዋላ እውን ትሪልዮናት ዶላር ንላዕሊ ዋጋ ኣለካ።

ኣተሓሳስባኻ ክትቅይር ጀምር እሞ ዋጋ ዘለካ ንስኻ ምዃንካ ኣለሊ። ኣምላኽ ኣብ ውሽጥኻ ኣሎ! ከምቲ መጠን ክብርኻ ክቡር ዘረባ ተዛረብ። ብከመኡ መንገዲ ድማ ተጋዓዝ። ኣብ መስትያት ጠሚትካ ንነብስኻ “ኣነ ክቡር ሰብ እየ!” ኢልካ ንገራ

ከመኡ ድማ ሕሰብ ክሳብ ናብ ክውንነት ትቕይሮ ካብ ኩሉ ኣብ ዓለም ዘሎ ገንዘብን ስንቅን ተደሚሩ ኣዝዩ ዝዛይድ ዋጋ ኣለካ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ኣምላኸይ ንርእሰይ ዋጋ ክህባ ሓግዘኒ። ፍሉይነተይን ፍጽምነተይን ከለሊ ሓግዘኒ፣ እዚ ኣነ እየ ዝብል ዓይነት ሰብ ክኸውንን ኣብ ነብሰይ ክኣምንን ኣዘኻኽረኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብቕኑዕ ቃላትን ቅኑዕ ፍልጠትን ቅኑዕ ኣተሓሳስባን ዋጋይ እናወሰኹ እየ እኸይድ ኣለኹ። ኣነ ዕዉት እየ ኣብዛ ህይወት እዚኣ ፈጺመ ኣይወድቕን እየ። ኣነ ካብ ሰዓሪ ንላዕሊ እየ። ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 8:11

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ**
**መበል 109 መዓልቲ**
ሩት 3-4 ዮሃንስ 9:23-41




# ኣብ ብልጽግና ኢኻ ተወሊድካ

**ገላትያ 3:29**
**ናይ ክርስቶስ ካብ ኰንኩም፡ ደጊም ዘርኢ ኣብርሃም ኢኹም፡ ከምቲ ተስፋውን ወረስቲ ኢኹም።**

---

መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝብሎ ኩሉ ሃብትን ጸጋን ኣምላኽ ናትካ እዩ! መጽሓፍ ሮሜ 8፡ 17 “ውሉድ እንተ ኼንኩም፡ ወረስቲ፡ ወረስቲ ኣምላኽ፡ ምስ ክርስቶስ ሓባራዊ ወረስቲ” ዚብል ርኣዩ። እዚ ማለት እቲ 100% ናይ ክርስቶስ ዝኾነ 100% ናትካ እውን እዩ።

ስለዚ እግዚኣብሄር ኣብ ሃጌ 2፡8 “ብሩር ናተይ እዩ፡ ወርቂ ድማ ናተይ እዩ” እንተ ኢሉ። ኣብ ዓለም ዘሎ ብሩርን ወርቅን ናቱ እንተ ኾይኑ፡ ንዓኻ እውን ናትካ እዩ። እመን፡ ሓቂ ስለ ዝኾነ።

ኣብ ህይወትካ ካልእ መዓልቲ ክትስእን ፈጺምካ ኣይትኽእልን ኢኻ! ናይ ኣምላኽ ዝኾነ ውን ናትካ እዩ። ኣብዚ መዋቲ ስጋ እናሃለኻ ከማን ምልኣት ኣምላኽ ክትመሃሮ ዕድል ኣሎካ። ነዚ ግዜ ምሉእ ብምሉእ ተጠቒምካ ሕጂ ዝበለጸ ህይወትካ ንበር!

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ሰማያዊ ኣቦ ኣብ ህይወተይ ዓወትን ራህዋን ዘምጽእ ስንቅኻን ዕድላትካን የመስግነካ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ ህይወተይ ሞገስ ይውሓዝ፡ ኩሉ ዝገብሮ ድማ ብስም የሱስ ፍረ ዘለዎ ይኹን ብብዝሒ ድማ ይሸለም። ኣሜን!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብኹሉ መዳይ ህይወተይ ብልጹግ እየ። ሃብቲ ዓለምን ምልኣትኣን ናተይ እዩ ምኽንያቱ ኣነ መዋርስቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ስለ ዝኾንኩ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፍሶን 2:6

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ መበል 110 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 1-2 ዮሃንስ 10:1-18



# ትምክሕቲ

**ምሳሌ 27:2**
**ካልእ ይንአድካ ኣፍካ ኣይኩነን፡ ጓና እምበር፡ ከናፍርካ ኣይኩነን።**

---

መብዛሕትኦም ሰባት በቲ ዝረኸብዎ ዓወታት ኣዝዮም ይሕበኑ እዮም፣ ኣብዚ ድማ ዝኾነ ጌጋ የብሉን። ከመኡ ዓይነት ፍጻመታት ምስ ዘጋጥም ክትጽንብል ይግባእ። እቶም ዓወታት ከዐብዩኻ ምስ እትገድፎም ግን ጸገም ኣሎ። ከምቶም ብነፍሲ ወከፍ ንእሽቶ ነገር ናእዳ ዝጠልቡ፡ ዓለም ብዘይ ብኣታቶም ትፈርስ ዝመስሎም ኣይትኹን።

ትምክሕቲ ካብ ትዕቢት ዝተሰረተ እዩ። ብዘረባ ካልኦት ኣይትቕየም። ዘርኢ ክትህብ ከለኻ ካብ መራሕቲ ምስጋና ኣይትጸበ። እዚ ጌጋ እዩ ኣሕዋተይ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ናይ ሎሚ ጥቕሲ ዝተኣዘዘ ንነብስኻ ኣይትውድሳ። ብትሕትና ተመላለሱ።

ንዝኾነ እትገብሮ ነገር ፍቓድ-ምድላይ ወይ ናእዳ ካብ ምድላይ ክትቁጠብ ምረጽ። ንኣምላኽ ነገራት ክትገብር ከለኻ ኣብ ሰማይ ምዝጉብዩ እቲ ዝበለጸ ብኸመኡ ኣፍልጦ ክትመላለስ እዩ! ህይወትካ ኩሉ ግዜ ንኣምላኽ ከተሐጉስ እምበር ብዛዕባ ሰብ ክኸውን ኣይግባእን።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ጎይታ ትዕቢት ክገድፍን ብትሕትና ክመላለስን ሓግዘኒ። ጎይታ ኣነ ትሕት ክብል ንስኻ ድማ ኣብ ህይወተይ ክትውስኽ ፍቐደለይ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ድሌተይ ንኣምላኽ ኩሉ ክብሪ ምሃብ እዩ። ኣብ ዝስርሖ ኩሉ ነገር ካብ ብሰብ ክፍለጠለይ ድልየት የብለይን። ትሕትና ምስክርነተይ እያ። ሃሌሉያ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊሊጲ 2:3-4

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ መበል 111 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 3-4 ዮሃንስ 10:19-30

ረቡዕ 22 ሚያዝያ



# መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጥኻ ኣሎ

**2ይ ቆረንቶስ 6:16**
**ንመቕደስ ኣምላኽከ ምስ ጣኦታት እንታይ ስምምዕ ኣለዎ፡ ኣምላኽ፤ ኣባታቶም ክነብር ኣባታቶምውን ክመላለስ እየ፡ ኣነ ኣምላኾም ክኸውን እየ፡ ንሳቶምውን ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ከም ዝበለ፡ ንሕና ቤት መቕደስ ህያው ኣምላኽ ኢና።**

---

ኣብ ናይ ሎሚ ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስ “ኣባታቶም ክነብር እየ” ይብል። ኣብኦም ምቕማጥ ማለት እዩ! ጎይታ ኣባኻ ክሰፍር መሪጹ ኣሎ ግን እዚ ጥራይ ኣይኮነን። ብተወሳኺ፡ “ኣነ ምሳታቶም ክጉዓዝ እየ። ኣብዚ ‘ምጉዓዝ’ ዝብል ቃል፡ ናይ ግሪኽ ስራሕ “ኢምፐሪፓቲኦ”ኮይኑ፡ ትርጉሙ ድማ ፐራምቡላት፡ እዩ ዝተበላሸወ ክፋል ንምልሳይ ወይ ዝኾነ ጸገም ንምፍላጥ ንምቁጽጻር እዩ።

እቲ ኣባኻ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሰብነትካ ጌጋ ዘበል ነገር የዐርዮ ። ምሕዳስ ዘድልዮ እንተኾይኑ መንፈስ ቅዱስ ከሐድሶ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ እውን “እቲ ንክርስቶስ ካብ ምዉታት ዘተንስኦ ነቲ መዋቲ ስጋኹም በቲ ኣባኻትኩም ዝነብር መንፈሱ ህያው ይገብሮ” ይብል (ሮሜ 8:11)።

መንፈስ ቅዱስ ብኹሉ ሓይሉ ኣባኻ ከም ዝነብር ኣስተውዕል። ንሱ ጥራይ እዩ ዘድልየካ። ኣባኻ ምህላዉ ኣብ ልዕሊ ተንኮላት ናይቲ እኩይን ኣብዛ ዓለም ዘሎ መበላሸዊ ጽልዋታትን ዕዉት ይገብረካ። ሃሌሉያ!

### ናይ ሎሚ ጸሎት

ኣቦ መንፈስ ቅዱስካ ኣብ ኩሉ ሓቂ ክመርሓኒ ስለ ዝለኣኽካኒ የመስግነካ፣ ነቶም ኣብ ሕይወቶም ናይ ምልዋጥ ሓይሊ ዘድልዮም ብዛዕባኻ ክምስክር ብመንፈስካ ምልኣኒ። ኣሜን።

### ትንቢታዊ ኣዋጅ

መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጠይ ከም ዚነብር ነዚ ሓቂ እዚ ኣብ ውሽጠይ የበራብሮ ኣሎኹ። ኣነ ቤት መቕደስ መንፈስ ቅዱስ እየ፣ ብስም የሱስ ኣባይ እዩ ዚመላለስ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ግብረ ሃዋርያት 1:8

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ**
**መበል 112 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 5-7 ዮሃንስ 10:31-42

ሓሙስ 23 ሚያዝያ



GoodNews DAILY

# ለውጢ ዘምጽእ ወለዶ

**ምሳሌ 13:22**
**ደጊ ሰብ ንደቂ ደቑ የውርሶም፡ ሃብቲ ሓጥእ ግና ንጻድቕ ይዕቈረሉ።**

---

ኣብ መብዛሕትኡ ባህልታት ቈልዑ ኣብ ግዜ እርጋን ንወለዶም ብኣካላውን ብገንዘብን ምእንቲ ኺድግፍዎም እዮም ዚዓብዩ። ንወለድኻ ምክንኻን ዋላ ሓንቲ ጌጋ እኳ እንተ ዘየለ ወለዲ ንደቆም ርስቲ ኺሓድጉሎም ከም ዘለዎም ዚገልጽ መጽሓፍ ቅዱስ ግን ኣሎ። እዚ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ እዩ።

ንመጻኢ ኣንፈት ንምምራሕ ለውጢ ዘምጽእ ወለዶ የድሊ። ንእስነትካ ብዘየገድስ ንዘመናት ክጸንሕ ዝኽእል ዓበይቲ ኩባንያታት ክትምስርት ትጅምር።

ሎሚ ናይ ንወለዶ ዝሓስብ ንወለዶ ዝውጥን ከምኡውን ፈጣሪ ስራሕ ንምኺን ሓይሊ ተቐባል ። ነገራት ንምፍጻም ዜድልየካ ቓልን ጥበብን ፍልጠትን ደልብ ። ንውሉድ ወለዶ ርስቲ ሕደግ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ፍቑር ኣምላኽ ነቲ ኣነ ክቕበሎ እትደልዮ ንወለዶ ውርሻ ዝኸውን ሃብቲ ሃበኒ። ብልጽግና ኣብ ዓሌተይ ምእንቲ ኺውሕዝ ጸጋኻ ኣብ ልዕሊ ወለዶታትና ኣፍስስ። ንዘርኣየይ ብስም የሱስ ርስቲ በረኸት ክሃንጽ ምርሓኒ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ትውልዲ ዝቕይር ሰብ እየ! ደቀይ ደቂ ደቀይ ዘስተማቕርዎም ውርሻ ኣብ ምፍጣር ብስም የሱስ ተጸሚደ ኣለኹ። ስመይ ድማ በቲ ውርሻ እንዳ ተዘከረ ክነብር እዩ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፍሶን 1:18

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ**
**መበል 113 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 8-9 ዮሃንስ 11:1-16




# ብልጽግና ኣብ ክርስቶስ

**መዝሙር ዳዊት 65:11**
**ንዓመት ብሳህልኻ ትኽልላ፣ ኣሰርካ ስብሒ የንጠብጥብ።**

---

“ስብሒ” ዝብል ቃል ደሸን ዝብል ናይ እብራይስጢ ቃል ኮይኑ ትርጉሙ ድማ “ስብሒ፡ ብልጽግና።” ኣብዚ ዘሎ ሓሳብ ብዙሕ ስንቂን በረኸትን ፍርያምነትን እዩ። ኣብ ትምህርቲ ዝላዕለ ተማሃራይ ንኽትከውን ንኣምላኽ ክትልምን እንትጸኒሕካ ፡ እዚ ዓመት እዚኣ ከመኡ እትኾነሉ ዓመት እዩ።

ብምኽንያት እቲ ወዱእ ስራሕ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዓመትካ ብሰናይነት ዘውዲ ከም ዝደፍኣትን መንገድታት ኣምላኽ ምስ ስንቁን በረኸቱን ሰናይ ዓወትን ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስጉምትኻ ናትካ እዩ፡፡ ብርእሰ ተኣማንነት ክትኣምንን ክትእውጆን ትኽእል ኢኻ።

መንእሰያት ብጽቡቕ ስራሕኹም፡ ጽቡቕ መልክዕኹም፡ ብዓቕኹም ወይ ክእለትኩም ኣይኮንኩምን ዝተባረኽኩም። ብጸጋ ኢየሱስ ኣብ መስቀል ዝተዛዘመ ስራሕ ጥራይ እዩ። ንሱ ጥራይ እዩ መዓልታዊ ሰናይን ብልጽግናን ኣምላኽ ክትቅበል ብቑዕ ዝገበረካ፣ ንምሉእ ህይወትካ!

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ሰማያዊ ኣቦ ኣብ ህይወተይ ምገስካን ብዝሒ በረኸትካን እልምን ኣለኹ። ብስም የሱስ መወዳእታ ዘይብሉ ምገስካ ማዕጾታት ዕድል ክፈት። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብልጽግና ናተይ ብጽሒተይ እዩ። ኣምላኻዊ ውርሻ ኣለኒ ዝኾነ ጽቡቕ ነገር ፈጺመ ኣይስእንን እየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2 ቆሮንቶስ 8:12

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ**
**መበል 114 መዓልቲ**
ሉቃስ 8:1-25 መዝሙር ዳዊት 44-45

ቀዳም 25 ሚያዝያ



# ኣይትጨነቅ

**ማቴዎስ 6:34**
**ጽባሕ ንርእሳ ትጭነቕ እያ እሞ፡ ንጽባሕ ኢልኩም ኣይትጨነቑ። ንመዓልቲ ኸፍኣታ ይኣኽላ።**

---

ኣብ ክንዲ እትጭነቕ ልማኖኻ ብምስጋና ናብ ጐይታ ኣቕርቡ፣ ሎሚ እታ ትማሊ ትጭነቀላ ዝነበርካ ጽባሕ እያ ጐይታና የሱስ ከኣ ብዛዕባ ጽባሕ ክይጭነቕ'ዩ ዝነግረና።

በረኸት ዝመልአ ህይወት ምረጽ ጭንቀት ድማ ኣወግድ። በቲ ኣብ ቅድሜኻ ዘኸፈት ማዕጾ በረኸት ኣምላኽ ክትግረም ኢኻ። ሃሌሉያ!

ብጐይታ እመን በቲ ክርስቶስ የሱስ ዝገበረልካን ዝሃበካን ኵሉ ነገር ተኣመን። ዳዊት ብምትእምማን "እግዚኣብሄር ጓሳይየይ እዩ ዝጎድለኒ የብለይን" እንተ በለ እምበኣር ዜገርም ኣይኰነን። ኣብ ህይወትካ ኣይትጨነቕ፣ ክትለማመዶ ዘሎካ ነገር እዩ።

### ናይ ሎሚ ጸሎት

ክቡር እግዚኣብሄር ኣቦ ጭንቀት ከቋርጽ ይሓግዘኒ። ኣብ መብጽዓታት ቃልካ ከዕርፍ ሓግዘኒ። ኵሉ ግዜ ምሳይ ከም ዘለኻ እፈልጥን እኣምንን እየ። ብስም የሱስ ኣሜን!

### ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ኣይጭነቕን እየ። ኩሉ ዝገብሮ ነገር ብስም ኢየሱስ ይሰስን። ንህይወትን ፍርሃት ኣምላኽን ዘድልየኒ ብኩሉ ተባሪኸ እየ። ኩሉ ሰናይ ነገር ብስም የሱስ ናተይ እዩ። ኣሜን!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊሊጺ 4:6-7

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ መበል 115 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 10-12 ዮሃንስ 11:17-29

ሰንበት 26 ሚያዝያ




# ብጎይታ ተሓጎሱ

**ፊሊጺ 4:4**
**ብጐይታ ኹሉ ሳዕ ተሐጐሱ፡ ደጊመ፤ ተሐጐሱ፡ እብል ኣሎኹ።**

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ማእከል እናተሳጎገ ናይ ምሕጓስ ክእለት ነበሮ። ሰይጣን ብቐጻሊ ሽግር የለዓዕለሉ ነበረ። ጳውሎስ ምስቲ ክግለጽ ዝቐረበ ክብሪ ክነጻጸር ከሎ እኳ ኣብ ግምት ዘእቱ ከምዘይኮነ ገሊጹ።

ጳውሎስ ኣብ ማእከል መግረፍቲ፡ ምቕጥቃጥ እምኒ፡ ምስባር መርከብ፡ ማእሰርትን ዳርጋ ኲሉ ዓይነት ስደትን ክሕጎስ ካብ ከኣለ ንስኻ እውን ከምኡ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ከም ጳውሎስ ጥራይ ኩን ጸላኢ ሓጎስካ ክሰርቐ ፈጺምካ ኣይትፍቀደሉ።

ጳውሎስን ሲላስን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ተኣስሩ ንክሕጐሱ ውሳነ ወሰዱ። ሓይሊ ኣምላኽ ኣብታ ቦታ እቲኣ ወዲቑ፡ እቲ ሰንሰለት ድማ ተፈትሐ ። ሎሚ እውን ክትሕጐስ ምስ መረጽካ ኣብ ህይወትካ ተመሳሳሊ ሓይሊ ክትለቅቕ ትኽእል ኢኻ። ስለዚ፡ ተሓጐሱ፡ ደጊመ ድማ ተሓጐሱ እብል ኣለኹ!

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ሰማያዊ ኣቦይ መወዳእታ ዘይብሉ ሓጐስካ ንኽመልኣኒ እሓትት ኣለኹ። ምንጪ ኲሉ ሓጎሰይ ንስኻ ምኧንካ እፈልጥ እየ። ብሓጎስ ክውድሰካ ኣለኹ ስለቲ ኲሉ እትህበኒ ሓይሊ የመስግነካ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሓጎስ እግዚኣብሄር ሓይለይ እዩ።መዓልተይ ብሓጎስ ዝመልአት እያ፡. ብጐይታ ኽሕጐስ ከለኹ ንኲሉ ኲነታት ክስዕሮ እየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ያእቆብ 1:2

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ መበል 116 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 13-14 ዮሃንስ 11:30-45

ሰኑይ 27 ሚያዝያ




# ብስም የሱስ

**ዮሃንስ 16:23**
**በታ መዓልቲ እቲኣ ሓንቲ እኳ ኣይክትሐቱንን ኢኹም። ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኹሉ ኸም ዝህበኩም፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ።**

---

ኢየሱስ ስሙ ክንጥቀም ስልጣን ሂቡና እዩ፣ እዚ ማለት ክንጽሊ ከለና ኣብ ቦታኡ ደው ኢልና ናብ ኣቦና ልመና ነቕርብ ። ንኣቦ፡ ብስሙ ትልምኖ እሞ ንሱ (ኣቦ) እዩ እቲ ወሃቢ - የሱስ ዘይኮነስ ኣቦ እዩ ከም ዝብል ኣስተውዕል!

ኣብዚ ዘመን እዚ ከም ክርስትያን ከም ኢየሱስ ክትነብር ኣሎካ፤ ስልጣኑን ባህርያቱን ተጠቀምሉ። ነብያትን ፓትርያርክን ጥንቲ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ብቑንጣሮ ዝረኣይዎ እዩ። ነዚ ስም ከም ሓድሽ ኪዳን ክርስትያን ተጠቐመሉ።

ክትጽሊ ከለኻ ከም ኢየሱስ ባዕሉ ዝጽሊ ዘሎ ሓይልን ስልጣንን ተሰኪሙ ኣሎ። ሕጋዊ ነገር እዩ፤ ስሙ ተጠቒምና ብስሙ ክንነብር ስልጣን ሂቡና እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ኣምላኸይ ንዓይን ንንብረተይን ንምውጋእ እተሰርሐ ኣጽዋር ኩሉ ብስም የሱስ ኣይክጠቅምን እዩ ኣነ ብልጽግ እየ። ንዓይን ቤተ-ሰበይን ዝጎድኣና የለን። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ዓብዩ ሃብቲ ኣለኒ። ሓይሊ ስም የሱስ ምጥቃም፡መዓልተይ ክጅምር ከለኹ ዕዉት ንምኧን ስም መን ክጥቀም ክጥቀም ከም ዘሎኒ ብምሉእ ምርዳእ ክገብሮ እየ። ሃሌሉያ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴዎስ 1:21

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ**
**መበል 117 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 15-16 ዮሃንስ 11:46-57



ሰሉስ 28 ሚያዝያ

# ኣምላኻዊ ዕርክነት

**1 ቆሮንቶስ 13:33**
**ኣይትታለሉ፡ ሕማቕ ዕርክነት ንጽቡቕ ልማድ የጥፍኦ እዩ።**

---

ናይ ሎሚ ጥቕሲ ምስ "ኣዕሩኽትኻ ኣርእየኒ ባንክ ሕሳብካ ክነግረካ እየ" ዝብል ምስላ ዝተኣሳሰር እዩ። ርኢኻ ኣለኻ፡ እቲ ኣብ ከባቢ ህይወትካ እትሕዞ ዓርኪ፡ ክሳብ ክንደይ ልዕሊ ከም እትድይብ ወይ ክሳብ ክንደይ ትሕቲ ከም እትወርድ ይውስን። ኣዕሩኽትኻን ርክባትካን ብጥበብ ክትመርጽ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ሕልምኻ ዝምግቡን ኣባኻ ዘሎ ዝበለጸ ዘውጽኡን ሰባት የድልዩኻ፤ ዝለዓለ ዕላማ ክትገብር ዝፈታተኑኻን ዘነቓቕሑኻን ሰባት። ኣብ ከባቢ እቶም ዘደንቕ ራእይ ዘለዎም ሰባትን ክትህሉ ምረጽ።

ሕሜታን ጥርዓን ዘቕርቡን ደርብዮም። ምስኦም እትሕልፎ ግዜ ጸዓትካን ሓይልኻን የጥፍእ እዩ። ኩሉ ግዜ ኣብ ከባቢኻ ንፋዕ ተጽዕኖ ፈጣሪ ዝኾነ ሰብ ከምዝህሉን ካብኡ ኣወንታዊ ነገር ትመሃር ከምዘለኻን ኣረጋግጽ። ንዕብየት ኢኻ ተመዲብካ ፣ ሓላፍነት ወሲድካ ናብቲ ክቡር መጻኢኻ መርሽ!

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ጎይታ ኣብ ህይወተይ ኣምላኻውያን ኣዕሩኽ ስለ ዝሃብካኒ የመስግነካ። እቶም ምሳይ ዝመላለሱ፡ ብቃል ኣምላኽ፡ ብጸሎት የተባብዑኒ፡ ናብ ኢየሱስ እናኣመልከቱኒ ድማ ይቀጽሉ። ኣሜን!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ንዓቢ ነገር እየ ተመዲበ፤ ኣምላኻዊ ምሕዝነት ጥራይ እየ ዝሕዝ። ኣወንታዊ ሃዋህው ክህልወኒ እዩ ብስም የሱስ ድማ ነዊሕ እስጉም ኣለኹ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
*መዝሙር ዳዊት 34:14*

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ**
**መበል 118 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 17-18 ዮሃንስ 12:1-16

ረቡዕ 29 ሚያዝያ



# ፍቅሪ ልዕሊ ኩሉ

**1ይ ቆረንቶስ 13:1**
**ብቛንቋታት ሰብን መላእኽትን እንተ ዝዛረብ፡ ፍቕሪ ኻብ ዘይትህልወኒ፡ ከም ዜድሂ ኣስራዚ ወይስ ጭልጭል ከም ዚብል ጸናጽል ምኾንኩ።**

---

ዘይተፍቀር እንተ ኴንካ ክርስትያን ኣይኰንካን። ቃል ኣምላኽ ኣብ ሮሜ 5 5 ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ልብና ኸም ዚፈስስ እዩ ዝገልጽ ። ክትጽሊ ኣየድልየካን እዩ ፍቕሪ ኣብ ልብኻ ኣሎ። ካልኦት ሰባት ዝገበሩኻ ብዘየገድስ ኣፍቅሮም ።

ንፉዕ ተመሃራይ ሙዚቀኛ ወይ ውፉይ ቋንቋ ዚዛረብ ኣባል ቤተ-ክርስትያን ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ፍቕሪ እንተ ዘይብልካ ግን ከንቱ እዩ ። ኣምላኽ ንባዕሉ ፍቕሪ እዩ ፡ስለዚ ምፍቃር ድኽመት ኣይኰነን። ብፍቕሪ ተመላለስ።

ንሰብ ቂም ዝሓዝካ እንተ ኣለኻ እዚ ቂም እዚ ኺድ እሞ ሎሚ ብፍቕሪ ክርስቶስ ከም እተፍቅሮ ንገሮ! ፍቕሪ ትዕወት! ሃሌሉያ

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣቦ ስለቲ ቅድመ ኩነት ዘይብሉ ፍቕርኻ የመስግነካ። በቲ እተርእየኒ ጸጋን ርህራሄን ንኻልኦት ከፍቅር ሓግዘኒ። ንኻልኦት ከምቲ ንስኻ እትርእዮም ብስም የሱስ ክርእዮም ክእለት ሃበኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ኣብ ኰሉ እቲ ዝገብሮ ነገራት ንፍቕሪ ቐዳምነት እህብ። ንዅሉ ሰብ ስለ ዘፍቅር፡ ሰባት ብከመኡ ከለልዩኒ እዮም። ፍቅሪ እቲ ዝዓበየ ድሌተይ እዩ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሉቃስ 6:35

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ መበል 119 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 19-20 ዮሃንስ 12:17-36



GoodNews DAILY

# ዕዉት ኩን

**ምሳሌ 4:18**
***መገዲ ጻድቃን ግና ከም ብርሃን ወገግታ እያ፡ ፍጹም መዓልቲ ኽሳዕ ዚኸውን ከኣ፡ እናወሰኸት ትበርህ።***

---

ዓወት ውላድ ኣምላኽ ምስ ኮንካ ውርሻኻ ኮይኑ እዩ። ኣብ መንገድኻ ቀጻሊ ዕብየትን መወዳእታ ዘይብሉ ዓወትን ኰይኑ እዩ። ሕልሚ ኣምላኽ ንዓኻ ብቐጻሊ ክትምዕብልን ዓወት ኣብ ልዕሊ ዓወት ክትእክብን እዩ።

ውድቀት ፈጺምካ ኣይትሕሰብ፣ ኲሉ ግዜ ዕዉት ኣተሓሳስባ ክህልወካ ይግባእ ። ኣምላኽ ኣብ ኲሉ ጻዕርታትካ ፍርያምን ኣፍራይን ክትከውን እዩ ዝጽበየካ። ዓዉት-ኣተሓሳስባ ይሃልኻ ከይደኸምካ ድማ ስራሕ።

ንጹርን ዝዕቀንን ሸቶታት ኣቐምጥ፣ ድሕሪኡ ብኣወንታዊን ዕብየትን ኣተሓሳስባ ሒዝካ ቀጻሊ ስጉምቲ ውሰድ። ናይ ዓወት ኣተሓሳስባ እናማዕበልካ ህይወትካ መወዳእታ ዘይብሉ ዋሕዚ ዓወትን ራህዋን ክኸውን እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ኣምላኸይ ኣብ ኲሉ ጻዕርታተይ ዓወት እልምን። ኣብ ትምህርተይ፡ ስራሐይን ኣብ ኲሉ መዳያት ህይወተይን ብሉጽ ንኽኸውን ሓግዘኒ። ኣብ ኲሉ ዝገብሮ ጥበብን ትብዓትን ዓወትን ሃበኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ህይወተይ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ጥራይ ንሳዕልን ንቕድሚትን ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ትሰጋገር ኣላ። ዓወት ብስም የሱስ ዝረኸብክዎ ውርሻ እዩ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እያሱ 1:8

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ መበል 120 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 21-23 ዮሃንስ 12:37-50

ዓርቢ 1 ግንቦት



# እምነትካ ተወሊዑ ድዩ?

**እብራውያን 11:1**
**እምነት ግና ነቲ ተስፋ ዚግበሮ ነገር ርግጽ ምግባር፡ ናይቲ ዘይርአ ነገር ምርዳእ እያ።**

---

ልክዕ ከም መብራህቲ መወልዕን መጥፍእን እምነትና ንጡፍ ወይ ዘይንጡፍ ክኸውን ይኽእል እዩ። እምነትና ምስ ዝንቀሳቐስ፡ ኣብ መብጽዓታት ኣምላኽ ብተስፋን ምትእምማንን ስለ እንመልእ፡ ብድሆታት ብትብዓት ክንገጥሞም የኽእለና።

ዛንታ ሓንቲ ሰበይቲ ኣሎ፡ ኣብ ማርቆስ 5፡25-34፤ ንብዙሕ ዓመታት ተሳቒያ ክትፍወስ ኩሉ ፈቲና ነይራ። ይኹን እምበር፡ ብዛዕባ የሱስ ምስ ሰምዐት፡ እምነታ ተቓጸለት። ክዳኑ ምትንካፍ ጥራይ ከም ዝፍውሳ ኣሚና ኣብ መንጎ እቶም ህዝቢ ተጸቓቀጠት። እምነታ “ተወሊዓ” ነበረት፡ ናብ ተኣምራዊ ምሕዋይ ድማ ኣምሪሑላ።

ብፍላይ ጸገማት ወይ ጥርጣረታት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን እምነትካ ንጡፍ ክኸውን ኣገዳሲ'ዩ። ብጸሎትን ብኣምልኾን ብቓሉን ምስ እግዚኣብሔር ተጸምበር ንእምነትካን ኣብ መደቡ ምትእምማንን።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ጎይታ እምነተይ ንኽበርህ ሓግዘኒ። ኣባኻ ዘለኒ እምነት ኣደልድል፡ ኩነታት ብዘየገድስ ኣብ መብጽዓታትካ ክውከል ሓግዘኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
እምነተይ ንጡፍን ህያውን ምኳና እእዝዝን እእውጅን! ኣብ መብጽዓታት ኣምላኽ ክውከልን ኣብቲ ሓያል ስም የሱስ ተኣምራዊ ውጽኢት ክረክብን እየ

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 10:17

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ**
**መበል 121 መዓልቲ**
ሉቃስ 8:26-56 መዝሙር ዳዊት 46-48

ቀዳም 2 ግንቦት




# ልብኻ ሓሉዎ

**ምሳሌ 4:23**
**ህይወት ካብኡ እያ እትፍልፍል እሞ፡ ልዕሊ ኹሉ ንልብኻ ሓልዎ።**

---

ልብና ማእከል ሓሳብናን ስምዒታትናን ውሳነናን እዩ። እቲ ኣብ ልብና እንፈቕዶ ንተግባራትናን ኣብ መወዳእታ ድማ ንህይወትናን ክቐርጽ ይኽእል እዩ።

እዚ ኣብ ታሪኽ ዳዊትን ባትሴባን ኢና ንርእዮ። ዳዊት፡ከም ልቢ ኣምላኽ ዝነበረ ሰብ፡ ኣብ ናይ ፈተና ህሞት ዝጀመረ ተኸታታሊ ምርጫታት ገበረ። ንባትሴባ ርእዩ ድሌታቱ ንፍርዱ ክደብኖ ፈቐደ፣ እዚ ድማ ናብ ኣዕናዊ ሳዕቤን ኣምረሐ። ዳዊት ንልቡ ሓልዩ ካብቲ ፈተና እንተ ዚርሕቕ ነይሩ፡ ካብ መገዲ ሓጢኣትን ጣዕሳን ኪርሕቕ ይኽእል ነይሩ።

ብሚድያ ይኹን ብዕርክነት ወይ ብዕላል ልብና እንታይ ከም እነቃልዖ ክንጥንቀቕ ወሳኒ'ዩ። ንልብኻ ምሕላው ማለት እንታይ ከም ዝጸልወካ ምፍላጥን ምስ ሓቂ ኣምላኽ ከም ዝሰማምዑ ምርግጋጽን ማለት እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ጎይታይ ንልበይ ካብ ኣሉታዊ ሓሳብን ፈተናን ክከላኸለሉ ሓግዘኒ። ዘኽብረካ ክመርጽን ልበይ ብፍቕርኻን ሓቅኻን ክመልእ ጥበብ ሃበኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንልበይ ብትግሃት ክሕልዎ እየ። ብኣወንታዊ ጽልዋታት ተከቢበ እምነተይን ክብርታተይን ዘንጸባርቕ ምርጫታት ክገብር እየ፣ በቲ ሓያል ስም የሱስ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር ዳዊት 119:11

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ**
**መበል 122 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 22-24 ዮሃንስ 13:1-20

ሰንበት 3 ግንቦት




# ሕጂን ብዘይ ምድንጓይን።

**2 ቆሮንቶስ 6:2**
**ብቕብልቲ ጊዜ ሰማዕኩኻ፡ ብመዓልቲ ምድሓን ከኣ ረዳእኩኻ፡**
**ይብል እዩ እሞ፡ እንሆ፡ እታ ቕብልቲ ጊዜ ሕጂ እያ፡ እንሆ፡ እታ መዓልቲ ምድሓን ሕጂ እያ።**

---

ከም ክርስትያናት መጠን ነቲ ዕድል ተጠቒምና መብጽዓታት ኣምላኽ ክንጥቀመሉ ኣሎና። ብዙሕ ግዜ ዕላማና ንምህራም ወይ ኣብ ህይወትና ለውጢ ንምግባር "ፍጹም" ግዜ ኢና ንጽበ፥ እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ሞገስ ኣምላኽ ስለ ዝረኸበና፡ ሕጂ ክንገብሮ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ ዝላቦ።

ኣብ ሉቃስ 19:1-10 ዘሎ ታሪኽ ዘኬዎስ ነዚ የረድእ። ኢየሱስ ብያሪኮ ክሓልፍ ከሎ ምስ ሰምዐ ድሕር ኣይበለን። ሓጺርን ኣብ ሞንጎ ብዙሓት ሰባት እኳ እንተነበረ፡ ንየሱስ ንምርኣዩ ናብ ኦም ሲካሞር ደየበ። እቲ ብቕጽበት ዝወሰዶ ስጉምቱ ምስ ክርስቶስ ብሕታዊ ርክብ ብምግባር ንህይወቱ ንዘልኣለም ቀየሮ። ዘኬዎስ ዝሓሸ ዕድል ኣይተጸበየን፤ ብዘይ ወዓል ሕደር ስጉምቲ ወሰደ።

ብዛዕባ ምስ ኣምላኽ ዘለካ ርክብ ክኸውን ከሎ ግዜ ኣይትውሰድ። ንኻልኦት ምግልጋል ይኹን፡ ኣበርቲዕካ ምጽናዕ፡ ወይ'ውን ሕልምኻ ምኽታል፡ ሕጂ ስጉምቲ ውሰድ!

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ጎይታ ነቲ ኣብ ቅድመይ እተቐምጠ ዕድላት ከለልዮ ሓግዘኒ። ኣብ ግዜኻን መምሪሕኻን ተኣሚን ሕጂን ብዘይ ወዓል ሕደርን ስጉምቲ ክወስድ ትብዓት ሃበኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሕጂን ብዘይ ወዓል ሕደርን ናብ ዕላማይን እምነተይን ተባዕ ስጉምቲ ክወስድ እየ። ሞገስ ኣምላኽ ከቢቡኒ ኣሎ፣ ንሱ ዝህበኒ ህሞታት ብስም የሱስ ኣይስሕቶን እየ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መጽሓፍ መክብብ 3:1-8

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ**
**መበል 123 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 25-26 ዮሃንስ 13:21-38

ሰኑይ 4 ግንቦት




# ዘረባ ጥራሕ ኣይኮነን

**የእቆብ 1:22**
***ገበርቲ ቓል ኩኑ፡ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ።***

---

ናይ ሎሚ ኣርእስትና ካብ ቃላት ሓሊፍና እምነትና ብግብሪ ከነርኢ ይሳበ። ብዛዕባ እምነትናን ዕላማናን ምዝታይ ቀሊል እዩ፡ ተግባራትና ግን ሓቀኛ እምነት ዘርኢ እዩ።

ኣብ ሉቃስ 10:25-37 ዘሎ ታሪኽ ሕያዋይ ሳምራዊ፡ ሰብ ተሃሪሙ ሞይቱ ተባሂሉ ክተርፍ ከሎ፡ እቲ ካህን ወይ ሌዋዊ ዘይኮነስ እቲ ሳምራዊ ከም ዝሓገዞ የዘኻኽረና። ካልኦት ክሓልፉ ከለዉ፡ እቲ ሳምራዊ ርህራሄን ፍቕሩን ተግባራዊ ነበረ። ግብሩ ካብ ቃላት ንላዕሊ ዓው ኢሉ ይዛረብ ነበረ፣ ሓቀኛ ትርጉም እምነት ዘንጸባርቕ ነበረ። ተግባራትና ንእምነትና ዘንጸባርቕ ምኳኑ ኣይንረስዕ።

ንዓርክና ደው ምባል ይኹን፡ ንዝተጸገሙ ምሕጋዝ፡ ወይ'ውን ሕያዋይ ምኳን ጥራይ፡ ኣብ ክርስቶስ ዘሎና እምነት ብሓቂ ዘርኢ ተግባራትና'ዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ጎይታ ገባሪ ቃልካ ክኸውን ሓግዘኒ። እምነተይ ኣብ ግብሪ ከውዕሎን ንኻልኦት ብፍቕርን ርህራሄን ከገልግል ኣጋጣሚታት ሃበኒ። ኣሜን!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
እምነተይ ንጡፍን ህያውን እዩ። ዘረባ ብዛዕባ እምነተይ ጥራይ ዘይኮነስ መዓልታዊ ክነብሮ እየ፣ ኣብ ከባቢየይ ፣ በቲ ሓያል ስም የሱስ ኣወንታዊ ጽልዋ ከሕድር እየ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴዎስ 5:14-16

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ**
**መበል 124 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 27-28 ዮሃንስ 14



# ስርዓት መስትያት

**ያእቆብ 1:23-24**
**ሓደ እኳ ሰማዕ ቃል ኰይኑ ገባሪ እንተ ዘይኰነ፡ ንሱ ነቲ ንገጽ ፍጥረቱ ብመስትያት ዚርኢ ሰብኣይ እዩ ዚመስል። ነፍሱ ይርኢ እሞ ፡ይኸይድ ብኡብኡ ውን ከመይ ምኻኑ ይርስዖ።**

---

ከምቲ መስትያት ስጋዊ መልክዕና ዘንጸባርቕ፡ ቃል ኣምላኽ እውን መንፈሳዊ ኵነታትና ዘንጸባርቕ እዩ። መን ምዃንናን ብክርስቶስ መን ክንከውን ከም እንኽእልን የረድኣና።

ዛንታ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ማይ ዝኸይድ ዝነበረ ጴጥሮስ ንውሰድ። ኣዒንቱ ናብ የሱስ ምስ ጠመተ: እቲ ተኣምራዊ ነገር ኣስተማቐሮ። ይኹን እምበር፡ ንኻልእ ሸነኽ ምስ ጠመተ፡ ፈሪሑ፡ ክጥሕል ጀመረ። እዚ ነቲ መስትያት ስርዓትዘርኢ እዩ፡ ኣብ ቃል ኣምላኽን ኣብኡ ዘሎና መንነትን ከነተኵር ከሎና፡ ዘይተለምደ ነገራት ክንበጽሕ ንኽእል ኢና። ኣብ ቃል ዘሎና ነጸብራቕ እንተ ረሲዕናዮ ግን፡ ብሓቂ መን ምዃንና ክጠፍኣና ይኽእል እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ጎይታ ንነብሰይ ብቃልካ ክርኢ ሓግዘኒ። ንተግባራተይን ሓሳባተይን ምስ ሓቅኻ ከስተንትኖ ምሃረኒ። ብክርስቶስ ዘለኒ መንነት ዘኪረ ብትብዓት ምእንታኻ ይነብር። ኣሜን!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብቓል ኣምላኽ ህይወተይ ክመርሕ እናፈቐድኩ ብቐጻሊ ከስተንትኖ እየ። ብክርስቶስ መን ምዃነይ ፈሊጠን ዕላማይ ብስም የሱስ ብርእሰ እምነት ክመላለስ እየ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2 ቆሮንቶስ 3:18

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ መበል 125 መዓልቲ**
1 ሳሙኤል 30-31 ዮሃንስ 15

ረቡዕ 6 ግንቦት




# እሙንነት

**1 ቆሮንቶስ 4:2**
***ምስናይ እዚ ኻብ መገብቲ ነፍሲ ወከፍ እሙን ኰይኑ ኺርከብ የድሊ እዩ።***

---

ተኣማንነት ኣምላኽ ካብ ነፍሲ ወከፍና ዝምነዮ ኣገዳሲ ባህሪ እዩ። እሙን ምዃን ማለት ኣብ ኩሉ ነገር ሓላፍነት ምስማዕን እሙንን ምዃን ማለት እዩ። መንእሰይ ኳንካ ኣብ ትምህርትኻን ዕርክነትካን ተወፋይነትካን ተኣማንነት ከተርኢ ዕድል ኣሎካ።

ታሪኽ ዳንኤል ኣገዳሲ ነገር እዩ ዘርእየና: ዳንኤል ኣብ ጻና ሃገር ተማሪኹ እኳ እንተ ነበረ: ንኣምላኽ እሙን ኾይኑ እዩ ጸኒሑ። ሓደጋ ምስ ኣጋጠሞ እውን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ምእታው ኣብዩ እምነቱን ክብርታቱን ክድግፍ መሪጹ። ተኣማንነቱ ንኣምላኽ ኣኽቢሩ ጥራይ ዘይኮነስ: ኣኽብሮት ነገስታት ከም ዝረኸበን ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ መለኮታዊ ሞገስን ተኣምራዊ ምድሓንን ኣምሪሑ።

ብተመሳሳሊ መገዲ: ተኣማንነትካ ፍሉይ ኪገብረካ ይኽእል እዩ። ኣብ ሓላፍነታትካ እሙን ምዃን ይኹን ኣብ እምነትካ ጸኒዕካ ምጽናዕ: ኣምላኽ ነቶም እሙናት ዝኾኑ ዓስቢ ይህቦም።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ጎይታ ኣብ ኩሉ ዝገብሮ እሙን ክኸውን ሓግዘኒ። ኣብ ተግባራተይን ውሳኔታተይን ንዓኻ ከኽብር ዘለኒ ቆራጽነት ኣደልድል። ኣብ ዝምድናታተይን ሓላፍነተይን ተኣማንነትካ የንጸባርቕ። ኣሜን!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
እሙን መጋቢ ናይቲ ኣምላኽ ዝሃበኒ ውህበትን ሓላፍነትን ክኸውን እየ። ተኣማንነተይ በቲ ሓያል ስም የሱስ ካብ ዝሓስቦ ንላዕሊ ናብ በረኸትን ዕድላትን ክመርሓኒ እዩ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴዎስ 25:14-30

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቁዱስ መበል 126 መዓልቲ**
ሉቃስ 9:1-17 መዝሙር ዳዊት 49-50



ሓሙስ፣ 7 ግንቦት

# እቲ መለኮታዊ ሓገዝካ

**ዮሃንስ 14:26**
**እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሱ ዅሉ ኺምህረኩም፡ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘክረኩም እዩ።**

---

ቃል ኣምላኽ መለኮታዊ ሓጋዚ ከምዘለና ክሕብር ከሎ ኣብ ናይ ሂወትና ጉዕዞ ፈጺምና በይንና ከምዘይኮንና የዘኻኽረና። መንፈስ ቅዱስ ቀጻሊ ሓጋዚና፡ መራሒና፡ መምህርና፡ ከምኡውን ዕላማና ክንፍጽም ሓይሊ ዝህበናን ኣበርታዒናን እዩ።

ከም መንእሰይ ልዕሊ ዓቕምኻ ከአይኖም ንመስሉ ውሳነታትን ብድሆታትን ከጋጥሙኻ ይኽእል እዮም፣ እንተኾነ ግን መለኮታዊ ጥበብን ደገፍን ኣብ መንፈስ ቅዱስ ከም ዘለካ ኣይትረስዕ። መንፈስ ቅዱስ ከም ናይ ውልቃዊ ኣሰልጣኒኻ ኮይኑ ሂወትካ ብዓወት ክትነብሮ የኽእለካ።

ብመንፈስ ቅዱስ ክትምራሕ እንተደኣ መሪጽካ ንጹርነትን ሓይልን ክትረክብ ኢኻ ትረክብ። ኣብ መጽናዕቲ ይኹን ኣብ ዕርክነት ወይውን ኣብ መንፈሳዊ ዕብየት፡ እዚ መለኮታዊ ሓጋዚኻ ኣብ ዝኾነ ግዜ ንክመርሓካ ድሉው ከም ዝኾነ ተኣማመን።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ጎይታ፣ ንመንፈስ ቅዱስ ከም መለኮታዊ ሓጋዚየይ ስለ ዝለኣኽካለይ የመስግነካ ኣለኹ። ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወተይ ኣብኡ ንክውከል ሓግዘኒ። ኣብ ጉዕዞ ሂወተይ ንመሪሕነቱ ክሰምዕን ንጥበቡ ክቕበለን ምሃረኒ። ኣሜን!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ፈጺመ በይነይ ኣይኮንኩን፤ መንፈስ ቅዱስ መራሒየይን ሓጋዚየይን እዩ። ዕላማይ ብዓወት ንክፍጽም ሓይሊ ከም ዝረኸብኩ እናፈለጥኩ ብትብዓት ናብቲ መንፈስ ቅዱስ ዝመርሓኒ ዘሎ ኣንፈት እኸይድ ኣለኹ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 8:26-27

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 127 መዓልቲ**
2 ሳሙኤል 1-2፤ ዮሃንስ 16

ዓርቢ፣ 8 ግንቦት




# ንእግዚኣብሄር ወድስ

**መዝሙር 150:6**
**ትንፋስ ዘለዎ ዅሉ ንእግዚኣብሄር የመስግኖ። ሃሌሉያ።**

---

ውዳሴ፣ ነቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ ንምግላጽ ኣገዳሲ መገዲ እዩ። ንጐይታ ምውዳስ ካብ ተግባር ንላዕሊ እዩ፤ ንኣረኣእያና ዝቐርጽን ናብኡ መሉስ ከም እንቐርብ ዝገብረናን ኣነባብራ ህይወት'ዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወቕቲ፡ ናይ ሓጐስ ይኹን ወይውን ከቢድ፡ ውዳሴ ኣተኩሮና ካብ ጸገማትና ናብ ዕብየት ኣምላኽ የሰጋግሮ።

ብዙሕ ግዜ ፍሉያት ጸቕጥታትን ዘይርጉጽታትን የጋጥሙና እዮም፣ ውዳሴ ግን ንሹነታትካ ናይ ምቕያር ሓይሊ ከም ዘለዎ ኣይትረስዕ። ሰናይነት ኣምላኽ ክትእውጅን ከተዘንቱን ከለኻ፡ ህላወኡ ናብ ህይወትካ ትዕድም፡ ብዘይተጸበኻዮ መንገዲ ንክሰርሕ ድማ ትፈቕደሉ።

ውዳሴ ኣንጻር ኣሉታውነትን ጥርጣረታትን እትጥቀመሉ ኣጽዋር እዩ። ውዳሴ፣ ኣብ መብጽዓታት ኣምላኽ ከም እትኣምን ዘርኢ ናይ እምነት ኣዋጅ እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ጎይታ፣ ኣብ ኩሉ ኩነታት ናይ ምስጋናን ውዳሴን ልቢ ከማዕብል ሓግዘኒ። ኣብ ግዜ ሓጎስ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ህሞት ቃልሲ እውን ከምልኽካ ምሃረኒ። ህይወተይ ብውዳሴይ ክብርኻ የንጸባርቕ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ድምጸይ ብቐጻሊ ንእግዚኣብሄር ምስጋና ከልዕል እዩ። ክውድሶ ከለኹ ሰላሙን ሓጎሱን ከስተማቕር እየ፡ ኣብ መንገደይ ዝመጽእ ኩሉ ብድሆ ድማ ክስዕሮ እየ። ህይወተይ ምስክርነት ሰናይነቱን ተኣማንነቱን ክኸውን እዩ፣ በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2ይ ዜና መዋእል 20:21-22

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 128 መዓልቲ**
2ይ ሳሙኤል 3-5፤ ዮሃንስ 17



# እቲ ቃል ስጋ ኾነ

**ዮሃንስ 1:14**
**እቲ ቓል ስጋ ኾነ፡ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኸኣ ኣባና ሐደረ። ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ርኤና።**

---

የሱስ ክርስቶስ፣ እቲ ዘበለጸ መርኣያ ናይ ሓይሊ ቃል ኣምላኽ እዩ። እቲ ቃል ኣብ መንግስቲ ሰማይ ወይውን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ጽሑፍ ጥራይ ኮይኑ ኣይተረፈን፣ ኣብ መንጎ ደቂ ሰብ፣ ማለት ኣብ ምድሪ ስጋ ኾይኑ ከም ሰብ እዩ ተመላሊሱ። እዚ ቃል ኣምላኽ ርሑቕ ከምዘይኮነን፤ ሎሚ ድማ ኣብ ህይወትካ ውልቃዊ፡ ህያውን ንጡፍን ከም ዝኾነን እዩ ዘመልክት።

መንእሰይ ከለኻ፡ ኣምላኽ ከም ኣብ ርሑቕ ከም ዘሎን፡ ካብኡ ከም ዝተፈለኻን ኮይኑ ንኽስምዓካ ቀሊል እዩ። እዛ ናይ ሎሚ ጥቕስና ግን ኣምላኽ ምሳኻ ሓቀኛን ውልቃውን ርክብ ክህልዎ ከም ዝደሊ ተዘኻኽረና። ንየሱስ፣ ነቲ ህያው ዝኾነ ቃል፣ ምስ ተቐበልካዮ፡ ንጸጋን ሓቅን ሓይልን ኣምላኽ ኣብ ሂወትካ ከተስተማቕሮ ትጅምር።

ንየሱስ ምስዓብ ክንዮ ካብ ብዛዕባኡ ምምሃር እዩ፤ ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ ምስኡ ምጉናፍን ምርኻብን እዩ። እቲ ቃል ኣባኻ ስጋ ምስ ዝኸውን፡ ሓሳባትካን ተግባራትካን ቃላትካን ክብሩ ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ ብልዕሊ ባህርያዊ ምገስን ጥበብን ጽልዋን ክትመላለስ ትጅምር።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ኣምላኽ፣ መዓልታዊ ምስ የሱስ ክራኸብን ክጓነፍን፣ እቲ ቃል ድማ ኣባይ ክነብር ሓግዘኒ። ሓሳባተይን ተግባራተይን ቃላተይን ክብርኻ ንኸንጸባርቕ ቀይሮ። ኣሜን!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
እቲ ቃል ኣባይ ይነብር! የሱስ፣ እቲ ህያው ቃል ንህይወተይ ይመርሓኒ፣ ብጸጋ ይመልኣኒ፣ ብኽብሩ ንክመላለስ ድማ ሓይሊ ይህበኒ። በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ዮሃ 1:1-4

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 129 መዓልቲ**
2 ሳሙኤል 6-8፤ ዮሃንስ 18:1-18

ሰንበት፣ 10 ግንቦት



# እቲ ቃል ብርሃን እዩ

**መዝሙር ዳዊት 119:105**
**ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ፣ ንመገደይ ብርሃን እዩ።**

---

ቃል ኣምላኽ ኣብ ህይወት ዝመርሓካ ብርሃን እዩ። ልክዕ ከምቲ መብራህቲ ኣብ ጸልማት መንገዲ ዘርእየካ: ቃል' ኣምላኽ'ውን ኣንፈት ኣምላኽ ኣብ እቶም ናይ ህይወት ምርጫታትካ፣ ዕርክነታትካን ውሳነታትካን ይገልጽ።

ሓደ ሓደ ግዜ ህይወት ዘደናግር ክኸውን ይኽእል እዩ። ከምኡ ውን ቤት ትምህርትኻ ዝምድናታትካን መጻኢኻን ልዕሊ ዓቕሚ ኮይኑ ክስምዓክ ይኽእል እዩ። ቃል ኣምላኽ ንመገድኻ ከብርህ ምስ እትገድፎ ግን ንጹርነትን ሰላምን ርእሰ ተኣማንነትን ትረክብ። ብርሃን ቃል ኣምላኽ ነቲ ጌጋ ዝኾነ የቃልዕ፣ ነቲ ቅኑዕ መንገዲ የጉልሕ፣ ኣብ መጻወድያ ከይትወድቕ ድማ ይከላኸለካ።

ብብርሃን ቃል ኣምላኽ ምምልላስ ማለት ብጥበብን ልዕለ ባህርያዊ ምርሒነትን ምምልላስ እዩ። ነቲ ምርሒነት ቃል ኣምላኽ ምስ እትኽተል: ካብ ጌጋታት ትርሕቕ: ዝሓሸ ውሳነታት ትገብር: ሞገስ ኣምላኽ ድማ ትስሕብ። ቃል ኣምላኽ ንሓበርታኻ ጥራይ ኣይኮነን፣ ንጉዕዞኻ ደረጃ ብደረጃ ናብ ሓደ ዕላማን ዓወትን እዩ ዝቕይር።

ንቃል ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ክደምቕ ብምፍቃድ: ድሕሪ ደጊም ናብ ምድንጋር ወይ ፍርሒ ኣይትወድቕን ኢኻ። የግዳስ: ብርሃኑ ፈጺሙ ከም ዘይጠፍእ ብምትእምማን: ኣብቲ ኣምላኽ ንዓኻ ዝሓንጸጸ መደብ ብትብዓት ትመላለስ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ዎ ኣምላኽ፣ ቃልካ ንስጉምተይ ይምራሕ ንመገደይ ውን የብርሃለይ። ኣብ ዝገብሮ ኩሉ ምርጫ ኣንፈትካ ክኽተል ሓግዘኒ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ቃል ኣምላኽ ንመገደይ የብርህ! ኣብ ኩሉን መዓልትታተይ ህይወተይ ብንጹርነትን ብጥበብን ብሞገስን እየ ዝመላለስ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 6:23

**ናይ 365 መድብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 130 መዓልቲ**
2 ሳሙኤል 9-11፤ ዮሃንስ 18:19-40

ሰኑይ፣ 11 ግንቦት



# ገበርቲ ቃል ኣምላኽ

**ያቆብ 1:22**
**ገበርቲ ቓል ኩኑ፡ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ።**

---

ቃል ኣምላኽ ኣብ ግብሪ ምስ ዝውዕል ጥራይ እዩ ውጽኢት ዘምጽእ። ንቃል ኣምላኽ ኣብ ግብሪ ከየውዓልካ ምስማዕ ጥራሕ ከም ንሓደ ዘርኢ ኣብ ጁባኻ ተሰኪምካዮ እንከለኻ ክበቁል ምጽባይ እዩ፤ ብተግባር ክትተኽሎ ኣለካ።

ኣብ ሕብረት ናይ መንእሰያት ኮይንካ ስብከት ምስማዕን ብዛዕባ ኣምላኽ ምስማዕን ቀሊል እዩ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ግን እቲ ዝሰማዕካዮ ኣብ ግብሪ ኣይተውዕሎን ኢኻ። ያእቆብ እዚ ናብ ንርእስኻ ምጥባር ከም ዘምርሕ የጠንቅቕ። ሓቀኛ ለውጢ ነቲ ቃል ኣብ ህይወትካ ምስ እትነብሮን ብእምነት ምስ እትእዘዝን እዩ ዝፍጠር። ብቃል ኣምላኽ ምንባር ተኣምራትን ናይ ሰማይ ክውንነትን ናብ ህይወትካ የምጽእ፣ ንእምነትካ ድማ የርኢ።

ስለዚ ነቲ "ንብጻይካ ኣፍቅር" ዝብል ጥቕሲ ሰሚዕካ ጥራይ ኣይትሕለፎ፤ ንሰባት ይቕረ ክትብልን ከተተባብዖን ሕያውነት ከተርኢን ምረጽ።ከምኡ ውን ነቲ "ኣብ ኣምላኽ ተኣማመን" ዝብል ጥቕሲ ሰሚዕካ ጥራይ ኣይትሕለፎ፤ ኣብ ትምህርትኻን ዕርክነታትካን መጻኢኻን ብእምነት ተመላለስ። ንቃል ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ክትነብሮ ምስ እትጅምር ሓይሊ ኣምላኽ ብግብሪ ክትሪኦ ኢኻ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ዎ ኣምላኽ ቃልካ ክሰምዕ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ መዓልታዊ ህይወተይ ንክነብሮ ሓግዘኒ። ህይወተይ ህያው መርኣያ ናይ ቃልካ ብግብሪ ይኹን። ኣሜን!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ገባሪ ቃል ኣምላኽ እየ! ተግባራተይ ንእምነተይ እዮም ዘርእዩ፣ ነቲ ሓቂ ኣምላኽ ስለ ዝነብሮ ድማ ኣብ ህይወተይ ውጽኢት እርኢ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴ 7:24-25

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 131 መዓልቲ**
2 ሳሙኤል 12-13፤ ዮሃንስ 19:1-22




# እቲ ቃል ኣምላኽ እዩ

**ዮሃንስ 1:1**
**ቃል ብመጀመርታ ነበረ፡ እቲ ቓል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ። እቲ ቓልውን ኣምላኽ ነበረ።**

---

እዛ ናይ ሎሚ ጥቕስና ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ምስጢራት መንግስቲ ኣምላኽ ትገልጽ። የሱስ እቲ ቃል እዩ፣ እቲ ቃል ድማ ኣምላኽ እዩ። እዚ ማለት ንቃል ኣምላኽ ከተጽንዖን ክትዛረቦን ክትነብሮን ከለኻ ሓበሬታ ጥራይ ኣይኮንካን ትሕዝ ዘለኻ፤ ንኣምላኽ ባዕሉ ኢኻ ትራኸቦን ትጓነፎን ዘለኻ።

ንመጽሓፍ ቅዱስ ከም መጽሓፍ ጥራይ ጌርካ ምውሳድ ቀሊል'ዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ግን ህያውን: ትንፋስ ዝህብን መግለጺ ኣምላኽን እዩ። ምጽሓፍ ቅዱስ ኣብ እትእውጀሉ ግዜ መለኮታዊ ሓይሊ ኢኻ ትለቅቕ። እቲ ቃል ብዛዕባኻ ዝብሎ ኣብ እትኣምነሉ ኩሉ ግዜ ምስቲ ባህርይ ኣምላኽ ኢኻ ኣብ ስምምዕ ትኣቱ።

ቃል ኣምላኽ እቲ ፈጠራዊ ሓይሊ እዩ፤ ንህይወት ይግልጽ ጥራይ ዘይኮነስ ንህይወት ውን ይፈጥር እዩ። እዚ ማለት ነቲ ቃል ተጠቒምካ መጻኢኻ ክትቀርጽ፣ ዓወት ኣብ መጽናዕትኻ ክትዛረብ፣ ንኣካላትካ ፈውሲ ከተምጽእን ከምኡ ውን ኣብ ከባቢኻ ሰላም ክትእዝዝን ትኽእል ኢኻ። ንቃል ኣማላኽ ሽለል ምባል ማለት ንህላውነት እግዚኣብሔር ሽለል ምባል ማለት እዩ፣ ንቃል ኣማላኽ ምቕባል ግና ብምልኣቱ ምምላልስ እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ዎ ኣምላኽ ንቃልካ ከምቲ ዝመደብካዮ፣ ህያውን ሓያልን ከም ዝኾነ ጌይረ ክርእዮ ሓግዘኒ። ንቃልካ መዓልታዊ ክእውጅን፣ ብትብዓትን ብእምነትን ክነብርን ምሃረኒ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ቃል ኣምላኽ ኣባይ ህያው እዩ! ክእውጆ ከለኹ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ ህይወተይ ብዓወትን ሰላምን እፈጥር። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 4:12

**ናይ 365 መደብ ንባባ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 132 መዓልቲ**
2 ሳሙኤል 14-15፤ ዮሃንስ 19:23-42

ረቡዕ፣ 13 ግንቦት




# ኣምላኽ፡ እቲ መጀመርታ

**ኦሪት ዘፍጥረት 1:1**
**ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ።**

---

እዛ ናይ ሎሚ ጥቕሲና መጀመርታ ጥቕሲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጥራይ ዘይኮነትስ ኣምላኽ ፈጣሪ ኩሉ ምኳኑ ውን እያ ትገልጽ። ኣምላኽ ቅድሚ ግዜ፡ ቦታ ወይ ነገር እዩ። ኣብ ህይወትካ ኣምላኽ ክሳብ ዘየለ ዝኾነ ነገር ኣብ ሂወትካ ብልክዕ ኣይጀመረን ዘሎ።

ህይወትካ ብሕሉፍካ፡ ብጌጋኻ ወይ ብከባቢኻ ዝተቖረጸ ኮይኑ ክስምዓካ ይኽእል እዩ፡ ቃል ኣምላኽ ግን ኣምላኽ ናይ ሓድሽ ጅማሮ ኣምላኽ ምኳኑ የዘኻኽረና። ንመጽናዕትኻን ስድራቤትካን ዕርክነታትካን ከምኡ ውን ነቲ ምስኡ ዘለካ ውልቃዊ ጉዕዞን ፍሩይነት ብሉጽነትን ከምጽእ ይኽእል እዩ።

ምስ ኣምላኽ ክትመላለስ ከለኻ፡ ምስቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ፈጠራዊ ሓይሊ ትጓነፍ። ቃላትካ ድማ ብመንፈስ ኣምላኽ ተመሊኦም ሓድሽ ሃዋህው ናይ ሰላም ካብ ህውከት፡ ሓጎስ ካብ ጓሂ፡ ተስፋ ድማ ካብ ተስፋ ምቑራጽ ክፈጥሩ ይኽእል እዮም።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ዎ ኣምላኽ ኣብ ህይወተይ ናይ ኩሉ ነገር መጀመርታ ኩን። ሎሚ ኣባይ ሓድሽ ነገር ጀምር እሞ ናይ ፈጠራ ሓይልኻ ኣብ ስራሕ ክርእዮ ሓግዘኒ። ብሱም የሱስ፣ ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣምላኽ መጀመርታይ እዩ! ሎሚ ህይወተይ ምስኡ ብሓድሽ ትጅምር፣ ብመለኮታዊ ፈጠራን ዓወትን ሓድሽነትን ድማ ብስም የሱስ እመላለስ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኢሳይያስ 43:18-19

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 133 መዓልቲ**
ሉቃስ 9:18-36፤ መዝሙር 51-53




# ምስቲ ቃል ህይወት ምግጣም

**1ይ ዮሃንስ 1:1**
**እቲ ኻብ መጀመርታ ዝነበረ፡ ንሕና ዝሰማዕናዮ፡ እቲ በዒንትና ዝርኤናዮ፡ እቲ ዝጠመትናዮ፡ ኣእዳውናውን ዘረምሰሳኦ፡ ብዛዕባ እቲ ቓል ህይወት፡**

---

ክርስትና ብዛዕባ ሓደ ኣብ ርሑቕ ዘሎ ኣምላኽ ዘይኮነስ ምስ የሱስ፣ እቲ ቃል ህይወት ምምልላስን ምንባርን እዩ። ዮሃንስ ብውልቁ ርእይዎን ተንኪፍዎን ተራኺቡዎን እዩ።

ንስኻ ውን ናብዚ ክውንነት እዚ ተዓዲምካ ኣለኻ፡ የሱስ ብህይወት ኣሎ፡ ኣካል ናይ መዓልታዊ ህይወትካ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ይኹን፡ ኣብ ገዛኻን ኣብ ዕርክነታትካን ክኸውን ይደሊ እዩ። ንቃል ኣምላኽ ተንብቦ ጥራይ ዘይኮንካስ፣ ድምጺ ኣምላኽ እንዳ ሰማዕካ፣ ግብርታቱ እንዳ ረኣኻን ህላውነቱ እንዳ ኣስተማቐርካን ኣብ ሂወትካ ትምኩሮን እተስተማቕሮን እዩ።

ንየሱስ ከም ህያው ቃል ኣምላኽ ምቕባል ንእምነትካ ካብ ተራ ሃይማኖት ናብ ሓቀኛ ዝምድና ብምስግጋር ድልዱልን ኣብ ርክብ ዝተመርኮሰን እምነት ከም ዘለካ ይገብር።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ዎ ኣምላኽ፣ ኣዒንተይ ንዓኻ ክርእን ልበይ ድማ ብዕምቆት ክስተማቕረካን ክፈልጠካን ክፈቶ። ንየሱስ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፋል ህይወተይ ክውንን ሓቅን ግበሮ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ፡ ነቲ ህያው ቃል ኣምላኽ ይጻነፎ ኣለኹ። የሱስ ንዓይ ህያውን ሓቅን እዩ፣ ኣነ ይርእዮ፣ እሰምዖን መዓልታዊ ድማ ኣብ ህይወተ ኣስተማቕሮ ኣለኹ። ብስም የሱስ ኣሜን።

| | |
|---|---|
| **ተወሳኺ መጽናዕቲ**<br>ዮሃንስ 1:1-4 | **ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 134 መዓልቲ**<br>2 ሳሙኤል 16-18፤ ዮሃንስ 20 |

ዓርቢ፣ 15 ግንቦት




# ኣብቲ በረኸት ምንባር

**ገላቲያ 3:13-14**
**ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቕበሎ፡ እቲ በረኸት ኣብርሃምውን ብየሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ኪኸውንሲ፥ ኣብ ዕጸይቲ ዚስቀል ዘበለ ርጉም እዩ፡ ተጽሒፉ ኣሎ እሞ፡ ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኰይኑ፡ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና።**

---

እቲ ናይ ኣብርሃም በረኸት ንዋታዊ ሃብቲ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ ህይወትካ ንክትሰስን ዘበርትዓካ መለኮታዊ ሓይሊ እዩ፤ ብመንፈስ፡ ብስምዒት፡ ብትምህርቲ፡ ከምኡውን ብማሕበራዊ መዳይ እውን ከይተረፈ። ብየሱስ ኣቢልካ ድማ ነዚ በረኸት ድማ ብሳላ የሱስ ክርስቶስ ብእምነት ክትቕበሎን ክትካፈሎን ክኢልካ ኣለኻ።

በረኸት ኣምላኽ ንምርካብ ክሳብ እትዓቢ ወይ እትጉብዝ ምጽባይ ኣየድልየካን'ዩ። እዚ በረኸት ኣብዚ ሕጂ እዋን ርስትኻ እዩ። ኪኖ ዓመታትካ ዝኸይድ ጥበብ፡ ኣብ ቅድሚ መምህራንን ፈተውትኻን ሞገስ፡ ፍሉይን ብሉጽን ንክትከውን ፈጠራዊ ሓሳባት፡ ከምኡ ውን ብድሆታት ንክትሰግርን ሓይሊ ይህበካ።

እዚ ተስፋ ናይ መንፈስ ሒዝካ ማለት ድማ በይንኻ ፈጺምካ ኣይኮንካን ማለት እዩ። መንፈስ ቅዱስ ይመርሓካ፣ ይምህረካ፣ ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ በረኸት ድማ የነቓቕሓልካ። በዚ ምግላጽን ርድኢትን እዚ ክትመላለስ ምስ ጀመርካ፡ ኣብ ድሩትነት ምንባር ኣቋሪጽካ ኣብ ምልኣት ሰናይነት ኣምላኽ ምንባር ትጅምር።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣምላኽ ብክርስቶስ ጌርካ በቲ ርስቲ ኣብርሃም ስለ ዝባረኽካኒ የመስግነካ። ብእምነት ክመላለስን ነቲ ተስፋ መንፈስ ምሉእ ብምሉእ ክገልጾን ሓግዘኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ናይቲ በረኸት ውሉድ እየ። እቲ ኣባይ ዘሎ መንፈስ ኣምላኽ ኣብ ዝኸድክዎ ቦታ ሞገስን ጥበብን ብልጽግናን የነቓቕሕ። ብእምነት በቲ በረኸት ናይ ኣብራሃም እየ ዝመላለስ። ብስም የሱስ፣ ኣሜን።

| | |
|---|---|
| **ተወሳኺ መጽናዕቲ**<br>ዘዳግም 28:1–14 | **ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 135 መዓልቲ**<br>2ይ ሳሙኤል 19-20፤ ዮሃንስ 21 |

ቀዳም፣ 16 ግንቦት



# ስነ ተግባርን ብራኺ ህይወትን

**ፊሊጲ 2:14-16**
**ንኹንቱ ኸም ዘይጉየኹ ወይስ ንኹንቱ ኸም ዘይጸዓርኩ፡ ነቲ ቓል ህይወት ሒዝኩም በታ መዓልቲ ክርስቶስ ንትምክሕተይ ምእንቲ ኽትኰኑ፡ ኣብ ማእከል እዚ ቘናንን ጠዋይን ወለዶ እዚ መንቅብ ዜብሎምን ግሩሃትን ሕፍቲ ዜብሎም ውሉድ ኣምላኽ ኳንኩም፡ ከም ብርሃናት ኣብ ዓለም እትበርሁ ምእንቲ ኽትኰኑ፡ ንዅሉ ብዘይምጕርምራምን ብዘይውልውልን ግበርዎ።**

---

ንዕብየት ሂወትካ ስነ ተግባርካ እዩ ዝውስኖ። ብራኼ ህይወትካን ርሕቀት ናይ ጉዕዞኻ ኣብ ሂወት ኣብ ኣገባብ ኣተሓሳስባኻ እዩ ዝምርኮስ። ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ሒዝካ ልዕል ኢልካ ክትነፍር ኣይትኽእልን ኢኻ፤ እምነትን ምስጋናን ትሕትናን እዮም እቶም ናብ ላዕሊ ዝወስዱኻ ኣኽናፍ።

መንእሰይ ከለኻ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ገዛ፡ ወይ ምስ ኣዕሩኽ ዘጋጥመካ ብድሆታት፡ ንኣተሓሳስባኻ ብቐሊሉ ክጸልዎ ይኽእል እዩ። ሓጎስን ትዕግስትን እምነትን መሪጽካ ብቅኑዕ መንፈስ ክትምልስ ከለኻ ግን ንነብስኻ ካብ ካልኦት ትፈልያ። ቅኑዕ ኣተሓሳስባ መለኮታዊ ዕቤትን ሞገስን ይስሕብ። እግዚኣብሄር ነቲ እትገብሮ ጥራይ ኣይኮነን ዝጥምት፤ ነቲ ብድሕሪኡ ዘሎ ልቢ እዩ ዝግንዘብ።

ኣብ ፈታኒ ኹነታት እውን ከይተረፈ ኣምላኻዊ ኣተሓሳስባ ምሕላው ብስለትን መንፈሳዊ ሓይልን እዩ ዜርኢ። ምጕርምራም የውርደካ፡ ምስጋና ግን ልዕል የብለካ። ኣተሓሳስባኻን ስነ ተግባርካን ናይ ክርስቶስ ምስ ዘንጸባርቕ፡ ካልኦት ክበጽሕዎ ዘይክእሉ ብራኸ ትድይብ፡ ብጻዕሪ ዘይኮነስ ብጸጋ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣምላኽ፡ ዝኾነ ይኹን ዘጋጥመኒ ብዘየገድስ፡ ኣወንታውን ብእምነት ዝተመልአ ኣተሓሳስባን ክሕሉ ሓግዘኒ። ልበይ ሓጎስካ ኣንጸባሪቑ ናብ ሓድሽ ብራኸ የልዕለኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣተሓሳስባይ ብእምነትን ምስጋናን ዝተመልአ እዩ! ኣእምሮ ክርስቶስ ስለ ዘስከም መዓልታዊ ንላዕሊ እየ ዝድይብ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊልጲ 4:8

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 136 መዓልቲ**
2 ሳሙኤል 21-22፤ ግብሪ ሃዋርያት 1



ሰንበት፣ 17 ግንቦት

# ጫውጫውታ ምዕጋት

***መዝሙር ዳዊት 46:10***
**ህድእ በሉ እሞ ኣነ ኣምላኽ ምዃነይ ኣስተብህሉ፣ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ልዕል ክብል፣ ኣብ ምድሪ ልዕል ክብል እየ።**

---

መንፈሳዊ ብስለት፡ ህድኣትን ጽምዋን ምልምማድ ይሓትት። እዚ ማለት ድምጺ ኣምላኽ ብንጹር ንክትሰምዕ ምእንቲ ኢልካ መዓስን ኣበየናይ ግዜን ኢኻ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ጫውጫውታ ከተህድኦ ከም ዘለካ ምፍላጥ የጠቓልል። ኣብዛ ትኩረትካ ዝሰርቑ ነገራትን ርእይቶታትን ዲጂታላዊ ድምጽታትን ዝመልአ ዓለም፡ ህድኣትን ስቕታን ምልምማድ መለኮታዊ መምርሒ ከም እክትረክብ ይገብረካ።

ኣእምሮኻ ብቐሊሉ ብናይ ቤት ትምህርቲ ጸቕጢ፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት ወይውን ብናይ መዛኑኻ ጸቕጢ ክርበሽን ክመልእን ይኽእል እዩ። ኣምላኽ ግን መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ናይ ጽምዋ ህሞት እዩ ዝዛረብ። ነቲ ናይ ፍርሒ፣ ጥርጣረን ኣሉታውነትን ድምጺ ስቕ ምስ ኣበልካዮ መንፈስ ኣምላኽ ኣብ ውሽጥኻ ድምጹ ከነጽሮ ይጅምር።

ነቶም ዘይረብሑ ድምጽታት ምዕጋት ከንብልል ከለና ካብቶም ትኹረትካ ዝሰርቁ ነገራት ምውጋድ ጥራይ ኣይኮነን ዘስምዕ፣ ምግላጸት ዝፈስሰሉ ናይ ሰላምን ትኹረትን ሃዋህው ምፍጣር ውን እዩ። መንፈስካ ብዝያዳ ድሉው ብዝኾነሉ መጠን፡ ምስትውዓልካ ውን ብሉጽ ክኸውን ይጅምር። ንዓለምጽማም ኮይንካ፣ ኣእዛንካ ናብ ኣምላኽ ምድሃብ ክትሳመድ ምስ እትጅምር፡ ምድንጋራት ዘበለ ክጥፍእ ይጅምር፡ መለኮታዊ ንጹርነት ድማ ክግለጽ ይጅምር።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣምላኽ ኩሉ ንድምጽኻ ዝዓግት ዘበለ ድምጺ ስቕ ንከብሎ ሓግዘኒ። ኣብ ቅድሜኻ ከዕርፍን ካባኻ ንጹር መምርሒ ክረክብን ምሃረኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኩሉ ድምጽታት ፍርሒ፣ ጥርጣረን ምዝንባልን ይስርዝ ኣለኹ! መንፈሰይ ንኣምላኽ ብንጹር ክሰምዕን ብመለኮታዊ ኣንፈት ክመላለስን ተቓኒዩ ኣሎ። ብስም የሱስ ኣሜን!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ነገ 19:11-12

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 137 መዓልቲ**
2 ሳሙኤል 23-24፤ ግብሪ ሃዋርያት 1:1-21

ሰኑይ፣ 18 ግንቦት




# ትንቢታውያን ድምጽታት

**ኣሞስ 3:7**
**እግዚኣብሄር ኣምላኽሲ ምስጢሩ ንባሮቱ ነብያት ከይገለጸሎም፣ ገለ እኳ ኣይገብርን እዩ**

---

ትንቢታውያን ድምጽታት ከም ንመለኮታዊ መደባትን መምርሕን ንምግላጽ ዝተመርጹ መስመራት ኣምላኽ ኮይኖም የገልግሉ። እግዚኣብሄር ንህዝቡ ከልዕል፡ ክእርም ወይ ክባርኽ ምስ ዝሓስብ፡ ንነቢያት ሓደ ሓያልን ሂወት ዝንውጥን መልእኽቲ ኣዕጢቑ ይልእኽ። ነዞም ከምዚ ዝኣመሰሉ ድምጽታት ሸለል ምባል ማለት፡ ኣንፈት መሕበሪኻ (GPS) ኣጥፊእካ መንገድኻ ክትረክብ ምጽባይ ማለት እዩ።

ትርጉምን ክብርን ናይ ትንቢታውያን ድምጽታት ምፍላጥ ንፍጥነትን ምገስን ኣምላኽ የዳልወካ። ትንቢታዊ ቃል ንኸተባብዓካ ጥራይ ኣይኮነን ዝመጽእ፣ መለኮታዊ ፍኖተ-ካርታኻ እዩ። ነቶም ብሓቂ ትንቢታውያን ድምጺ ብዝግባእ ምኽባርን ምእማንን ምስቲ ኣምላኽ ንህይወትካ ዝሓንጸጾ መደብ የዋህደካ።

እዞም ከምዚ ዝኣመሰሉ ድምጽታት እዚኣቶም ኪኖ እቲ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ንምርኣይ ይሕግዙኻን ናብ ዕላማኻ ይመርሑኻን። ኣብቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎካ ርክብ በረኸት ይኾኑኻን፣ ኣብ ሂወትካ ድማ መርሒነት ኣምላኽ ከም ዝዓዝዝ ይገብሩ። ትንቢታዊ ቃል ምስ ተቐበልካ፡ ሰሚዕካዮ ጥራይ ኣይትሕለፍ። ኣብ ተግባር ኣውዕሎ፣ ኣብ ሂወትካ ኣውጆ፣ ከምኡ ውን ንውሳኔታትካ ንክጸልዎ ፍቐደሉ። ግብረ መልስኻ ንምግላጸት በረኸትካ ይጸልዎን ይውስኖን እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣምላኸ፣ ስለ እቶም እምነተይ ዝመርሑን ዝሃንጹን ዘለዉ ትንቢታውያን ድምጽታት ተመስገን። ነቲ ብእኦም ኣቢልካ እትዛረቦ ቃልካ ንከለልዮ፣ ከኽብሮን ኣብ ግብሪ ከውዕሎን ሓግዘኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ምስ መለኮታውያን ትንቢታዊ ድምጽታት ተተሓሒዘ እየ። ካብቲ ናባይ እትዛረቦ ቃል ኣምላኽ ንመጻኢየይ ኣንፈት፣ ንጹርነትን ምቅልጣፍን እረክብ ኣለኹ። ብስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2ይ ዜና መዋእል 20:20

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 138 መዓልቲ**
1 ነገስት 1-2፤ ግብሪ ሃዋርያት 2:22-47




# መዕቆቢ ቦታ

**መዝሙር ዳዊት 9:9**
**እግዚኣብሄርሲ ንጥቑዓት እምባ፣ ብጊዜ ጸበባ እምባ እዩ።**

---

ጸሎት ክንዮ ምስ ኣምላኽ ምዝርራብ እዩ፤ ከም መንፈሳዊ መቕደስ ኮይኑ ሓይልን ዕቑባን እትረኽበሉን ምሕዳስ እተስተማቕረሉን ውሽጣዊ መዕቈቢ እዩ። ኣብ ጸሎት ምስ ኣምላኽ ትዘራረብ ጥራይ ኣይኮንካን ዘለኻ፤ ኣብ ፍርሕን ምድንጋርን ጭንቀትን ዝጽረገሉ ቦታ ኢኻ ትኣቱ።

ሓድሓደ ግዜ፡ ህይወት ልዕሊ ዓቕምኻ ኾይኑ ክስምዓካ ይኽእል እዩ፣ ካብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣዕሩኽ፡ ወይ ብዛዕባ መጻኢ ዚጭነቕ ጸቕጢ ድማ፡ ተነጺልካ ኸም ዚስምዓካ ኺገብረካ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን ጸሎት ካብቲ ጸቕጢ ናብ ናይ ህላወ ኣምላኽ ዘለዎ ቦታ ንከተምልጥ የኽእለካ። ንመንፈስካ ዳግማይ ክትመልእ፡ ኣእምሮኻ ዳግማይ ከተተኩርን ብሓይሊ ኣምላኽ ሰላም ክትረክብን ይሕግዘካ።

ጸሎት ኩሉ ግዜ ኣብ ኩነታት ቅጽበታዊ ለውጢ ዘምጽእ እኳ እንተዘይኮነ፡ ንዓኻ ግን ይቕይረካን ይሃንጸካን እዩ። ዝያዳ ሓያልን ለባምን ኣብቲ ብክርስቶስ መንነትካ ድማ ዝያዳ ርእሰ ምትእምማንን ከም ዝህልወካ ይገብር። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ጸሎት ህሞት፡ ናብ መዕቆቢኻ ትኣቱ፡ እዚ ድማ ዝኾነ መጥቃዕቲ፡ ድምጺ፡ ወይ ፍርሒ ክበጽሓካ ዘይክእል ቦታ እዩ።

ጸሎት መሕብኢኻ ምስ ዝኸውን ሰላም መምርሒ ሂወትካ ይኸውን።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣምላኽ ስለቲ መዕቆቢ ናይ ጸሎት ኣመስግነካ ኣለኹ። መጀመርታ ናባኻ ክጎዩን መዓልታዊ ኣብ ቅድሜኻ ሰላምን ሓይልን ክረክብ ምሃረኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ጸሎት መዕቆቢየይ እዩ! ኣነ ኣብ ህላውነት ኣምላኽ ተሸፊነ፡ ደልዲለን ተሓዲሰን እየ። ኣብቲ ምስጢራዊ ቦታኡ ስለ ዝነብር ዝኾነ ህቦብላ ክናውጸኒ ኣይክእልን እዩ። በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር ዳዊት 91:1-2

**ናይ 365 መዓልታት መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 139 መዓልቲ**
1 ነገስት 3-5፤ ግብሪ ሃዋርያት 3

ረቡዕ፣ 20 ግንቦት



# ልብኻ ሓልዋ

**ምሳሌ 4:23**
**ህይወት ካብኡ እያ እትፍልፍል እሞ፡ ልዕሊ ኹሉ ንልብኻ ሓልዎ።**

---

ልብኻ ከም ማእከል መቆጻጸሪ ህይወትካ ኮይኑ የገልግል። ኩሉ ቃላትካን ተግባራትካን ዕብየትካን ካብኡ እዩ ዝምንጩ። “ልብኻ ምሕላው” ማለት፡ እቲ ናብኡ ዝኣቱ ኣብ መወዳእታ መጻኢኻን ህይወትካን ስለ ዝጸልዎ፡ ነቲ መንፈሳዊ ሰብካ ምሕላው ማለት እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዳዊት ምንጻግን ጥልመትንይጋጥሞ እኳ እንተነበረ ንምረት ሱር ክሰድድ ግን ኣየፍቀደን። የግዳስ ናብቲ መዕቆቢኡ ዝኾነ ኣምላኽ ብምጥማት ብኣምልኾን ጸሎትን ጌይሩ ልቡ ብንጽህና ሓለወ። እዚ ኣገባብ እዚ ንመለኮታዊ ሓለዋን ምገስን ኣገዳሲ እዩ። ልብኻ መቕደስ ቃል ኣምላኽ እምበር ንበደል፡ ንጥርጣረ፡ ወይ ንፍርሒ መዕቆቢ ክኸውን የብሉን።

መንእሰይ ከሎኻ ማሕበራዊ ጸቕጥታትን ኣሉታውነትን ተስፋ ምቑራጽን ንልብኻ ብቐጻሊ ይፍትኖ እዩ። ይኹን እምበር ብቃል ኣምላኽ ብምምላእን ካብ መርዛም ሓሳባት ብምርሓቕን ልብኻ ምንጪ ሓይልን ሰላምን ጥበብን ይኸውን። ኩነታት ልብኻ ብቐጥታ ኣብ ናይ ሂወት ጉዕዞኻ ጽልዋ ኣለዎ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ዎ ኣምላኽ፣ ንልበይ ካብ ኩሉ ንመንፈሰይ ዝብክል ክሕልዎ ሓግዘኒ። ልበይ ብህላወኻን ሓቅኻን ዝተመልአ መዕቆቢ ቦታ ይኹን። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ልበይ ቅዱስ መዕቆቢ እዩ! ብቃል ኣምላኽ ጌይረ ድማ እሕልዎ። ካብ ልበይ ድማ ሰላምን ንጽህናን መለኮታዊ ኣንፈትን ይውሕዝ። በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር ዳዊት 51፡10

**ናይ 365 መዓልታት መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 140 መዓልቲ**
ሉቃስ 9፡37-62፤ መዝሙር 54-56



# ክንዮ ተራ ሰብ

**1ይ ጴጥሮስ 2:9**
**ንስኻትኩም ግና ደግነት እቲ ኻብ ጸልማት ናብቲ ዜገርም ብርሃኑ ዝጸውዓኩም ምእንቲ ኸትነግሩ፡ ሕሩይ ወለዶ፡ ናይ መንግስቲ ኽህነት፡ ቅዱስ ህዝቢ፡ ጥሪት ኣምላኽ ዝኾኑ ህዝቢ ኢኹም።**

---

ንክርስቶስ ምስ ተቐበልካዮ፡ ሓድሽ ፍጥረት ኢኻ ኮይንካ፡ ብመለኮታዊ ህይወት ድማ ተመሊእካ፡ ንክትነግስ ድማ ተጸዊዕካ። እቲ ንየሱስ ካብ ሞት ዘተንስኦ መንፈስ ሕጂ ኣባኻ ይነብር ኣሎ፣ ንኩሉ ብድሆታት ንክትስዕር ድማ ሓይሊ ይህበካ።

እቲ ናይ ነቢይ ኤልያስ ናይ ሰረገላ ውድድር ናይ ሓይሊ ፈተና ጥራይ ዘይኮነስ፡ መርኣያ ልዕለ ባህርያዊ ሓይሊ ኣምላኽ'ዩ ነይሩ። ንኣመንቲ ተፈጥሮኣዊ ሕግታት ውን ከይተረፉ ኣይድርቱናን እዮም። ነዚ መለኮታዊ ዘርኢ ኢኻ ሒዝካ ትመላለስ ዘለኻ፣ እዚ ድማ ኣብ መጽናዕቲ፡ ስፖርት፡ ፈጠራ ወይ መሪሕነት ካብ ደረት ሰብ ንላዕሊ ክትበልጽ የኽእለካ።

ዓለም ብመልክዕካ ወይ ብኽእለትካ እያ ትገልጸካ፡ ኣምላኽ ግን ብመንፈሱ እዩ ዝገልጸካ። ከም ግዳይ ምዝራብ ኣቋሪጽካ ከም ተዓዋቲ ምሕሳብ ጀምር። ንስኻ ወላ እኳ ምድራዊ ህይወት ትነብር ሃሉ፣ መለኮታዊ ፍጡር ኢኻ፣ ብኡ መሰረት ንበር!

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣምላኽ፣ ነቲ መለኮታዊ ባህርይካ ስለ ዝሃብካኒ የመስግነካ ኣለኹ። መዓልታዊ ነቲ ኣብ ውሽጠይ ዝሰርሕ ዘሎ ልዕለ ባህርያዊ ሓይሊ እናፈለጥኩ ክነብር ሓግዘኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ክንዮ ተራ ሰብ እየ! መንፈስ ኣምላኽ ኣባይ ይነብርን ኣብ ዝኸድክዎ ቦታ ንክዕብልልን ክዕወትን ንክርስቶስ ድማ ንኽገልጾን ሓይሊ ይህበኒ። በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2ይ ጴጥሮስ 1:3-4

**ናይ 365 መዓልታት መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 141 መዓልቲ**
1 ነገስት 6-7፤ ግብሪ ሃዋርያት 4:1-22

ዓርቢ፣ 22 ግንቦት




# ግንዘብ፣ መሳርሒ መንግስቲ ኣምላኽ እዩ

**ኦሪት ዘዳግም 8:18**
**ከምዚ ናይ ሎሚ ነቲ ነቦታትካ ዝመሓለሎም ኪዳን ኬቐውም፡ ሃብቲ ኽትድልብ ሓይሊ ዚህበካስ፡ ንሱ እዩ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዘክር።**

---

ገንዘብ ክፉእ ኣይኮነን፤ ንጽልዋ መንግስቲ ኣምላኻ ንምስፋሕ ዝሕግዝ መሳርሒ እዩ። እቲ ኣገዳሲ ነገር ገንዘብ ምህላው ዘይኮነስ ብኸመይ ትጥቀመሉ እዩ። እግዚኣብሄር ምእንቲ ዕላማኡ ከገስግስ ንደቁ ሃብቲ ንክውንኑ ሓይሊ ይህቦም።

እቲ ሓደ ካብቶም ዝሃብተሙ ሰባት ዝኾነ ንጉስ ሰሎሞን፡ ንኣምልኽ ብጽሩይ ልቢ ካብቲ ዝከኣሎ እቲ ዝበለጸ ምስ ኣቕረበ እዩ ሃብቲ ረኺቡ። ታሪኽ ናይ ሰሎሙን፣ ሃብቲ መብዛሕትኡ ግዜ ግብረመልሲ ወይ ውጽኢት ናይ ጥበብን ልግስናን ከም ዝኾነ የረድእ። ልብኻ ምስ ዕላማ ኣምላኽ ምስ ዝሰማማዕ፡ ኣምላኽ ድማ ብሃብቲ ይኣምነካ።

ንገንዘብ ከምቲ ኣምላኽ ጌይሩ ዝርእዮ ጌርካ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ፤ ንገንዘብ ንስኻ ክትቆጻጸሮ እምበር ንሱ ክቆጻጸረካ ኣይተፍቀደሉ። ንኻልኦት ንምባርኽን ንዕዮ ኣምላኽ ንምድጋፍን ምስጋና ንምግላጽን ተጠቐመሉ። ሃብቲ ናብቶም ዕላማ ዝርድኡ እምበር ናብ ስስዐ ኣይውሕዝን እዩ። ኣምላኽ በቲ ኣብ ኢድካ ዘሎ ብምኽባር ጀሚርካ ክትስስን እዩ ዝደሊ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣምላኽ ሃብቲ ክረክብ ሓይሊ ስለ ዝሃብካኒ የመስግነካ ኣለኹ። ገንዘብ ብጥበብ ክሕዞን ንኽብርኻ ክጥቀመሉን ምሃረኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣምላኽ እዩ ንኽብልጽግ ሓይሊ ዝህበኒ። ገንዘብ ንዕላማይ እዩ ዘገልግል፣ ኣነ ድማ ንመንግስቲ ኣምላኽ ንምኽባር እጥቀመሉ። በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 10:22

**ናይ 365 መዓልታት መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 142 መዓልቲ**
1 ነገ 8-9፤ ግብሪ ሃዋርያት 4:23-37

ቀዳም፣ 23 ግንቦት



# ኣይትፍራሕ

**2 ጢሞቴዎስ 1:7**
**ኣምላኽሲ መንፈስ ሓይልን ፍቕርን ቅጽዓትን እምበር፡ መንፈስ ፍርሃት ኣይሃበናን**

---

ፍርሒ ካብ ስምዒት ንላዕሊ እዩ፤ ንእምነትካ ዘስንፍ መንፈስ'ዩ። እግዚኣብሄር ካብ ፍርሒ ዝፈጠረካ ዘይኮንካስ መለኮታዊ ሓይልን ፍቕርን ጥዑይ ኣእምሮን ዝሃበካ ሰብ ኢኻ። ፍርሒ ንእምነት ይድርታ፣ እምነት ግን ኣብ መወዳእታ ንሳዕቤናት ፍርሒ ብፍጹም ተጥፍእ።

ዳዊት ምስ ጎልያድ ክገጥም ከሎ፡ ካልኦት ኣዝዮም ሰንቢዶም እኳ እንተነበሩ፡ ንሱ ግን ከም ሓደ ኣዝዩ ጽቡቕ ዕድል ገይሩ እዩ ዝረኣዮ። ኣብ ቃል ኣምላኽ ብምእማን ፍርሒ ክቆጻጸሮ ኣበየ፤ የግዳስ ብግብረ መልሲ ናይ ኩነታት ዘይኰነስ ብናይ ኣምላኽ ምግላጽ እዩ ዚነብር ነይሩ።

ኣብ ዕድመ ንእስነትካ ከም ውድቀት ወይ ምንጻግ ዝኣመሰሉ ዕንቃፈታት ከጋጥሙኻ ይኽእሉ እዮም፣ ፍርሒ ግን ኣብ ቃል ኣምላኽ ምስ እትውከል እዩ ዝስዓር። እቲ ንዳዊት ትብዓት ዝሃቦ መንፈስ ኣባኻ ኣሎ። ብትብዓት ደው በል፡ ብትብዓት ተዛረብ፡ ብእምነት ድማ ተመላለስ። ናይ ኣምላኽ ምግላጽ ንፍርሒ የሳጉጎ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣምላኽ ንፍርሒ ብእምነት ስለ ዝትክእኣካለይ የመስግነካ ኣለኹ። ምሉእ ብምሉእ ክኣምነካን ንነፍሲ ወከፍ ብድሆ ድማ ከም ክብርኻ ዝግለጸሉ ዕድል ጌይረ ክርእዮን ሓግዘኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንፍርሒ እነጽጎ ኣለኹ! ኣነ ብመለኮታዊ ሓይልን ፍቕርን እየ ዝመላለስ፡ ጥዑይ ኣእምሮ ድማ ኣለኒ። መንፈስ ኣምላኽ ኣባይ ስለ ዘሎ ኩሉ ኣብ ቅድመይ ዘሎ ብድሆታት ድሮ ተሳዒሩ እዩ በቲ ሓያል ስም ኢየሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እያሱ 1:9

**ናይ 365 መዓልታት መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 143 መዓልቲ**
1 ነገ 10-11፤ ግብሪ ሃዋርያት 5:1-20

ሰንበት፣ 24 ግንቦት



# ኣይትሻቐል

**1ይ መልእኽቲ ጴጥሮስ 5:7**
**ንሱ ይሓልየልኩም እዩ እሞ፡ ንዅሉ ሓልዮትኩም ኣብኡ ኣውድቕዎ።**

---

ሻቕሎት እምነት ብግልባጡ እዩ። እዚ ማለት ካብ ኣብ ሓይሊ ኣምላኽ ንላዕሊ ኣብ ጸገማት ምእማን ማለት እዩ። ኣብ ክንዲ ነቲ ንዅሉ ጌጋ ናብ ቅኑዕ ክመልሶ ዝኽእል ኣምላኽ ልዕል ምባል፣ ነቶም ሽግራትካ ምዕባይ ማለት እዩ። እግዚኣብሄር ጾራት ንክትስከም ዘይኮነስ ነቶም ጾራት ኣብ ልዕሊኡ ክትድርብዮም እዩ ፈጢሩካ።

ኣብ ወንጌል ሉቃስ 10:38-42፣ ማርታ የሱስ ኣብ ቤታ እንከሎ ተሻቒላ ነበረት፡ ማርያም ሓፍታ ግን ኣብ የሱስ እያ ኣተኩራ ነይራ። ሽግር ማርታ እቲ ኣገልግሎት ዘይኮነስ ትዅረታ'ዩ ነይሩ። ሻቕሎት ሰላም ካብ ምርካብ ኣታሪፍዋ። ከም ማርያም ናብ የሱስ ምትኳር ካብ ጭንቀት ናብ ናይ ምርግጋጽ ስምዒት የሰጋግረና። ጸቕጢ ቤት ትምህርቲ፡ ዕርክነት ወይ መጻኢ ልዕሊ ዓቕሙ ክመስል ይኽእል'ዩ፡ ሻቕሎት ግን ነቲ ውጽኢት ኣይቕይሮን እዩ፤ እምነት እዩ ዝልውጦ።

ስክፍታታትናን ሻቕሎታትናን ንኣምላኽ ብምሃብን ኣብ ግዜኡ ብምውካልን ካብ ምስትውዓል ዝበልጽ ሰላም ንረክብ። ምግላጽ ናይ ኣምላኽ ምስ መጸ ሻቕሎት ይሃስስ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣምላኽ ኩሉ ሻቕሎተይ ኣብ ኢድካ ኣሕሲፈ እህቦ ኣለኹ። ንስኻ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከም ዘለኻ እናፈለጥኩ ኣብ ክንዲ ኣብ ጸገማተይ ዘተኩር፣ ኣብ መብጽዓታትካ ከተኩር ሓግዘኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ንሻቕሎት ፈጺመ እነጽጎ ኣለኹ! ኩሉ ሓልዮተይ ናብ ጎይታ እድርብየ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ህይወተይ ብመለኮታዊ ሰላምን ርእሰ ተኣማንነትን እመላለስ ኣለኹ። በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴ 6:25-34

**ናይ 365 መዓልታት መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 144 መዓልቲ**
1ይ ነገ 12-13፤ ግብሪ ሃዋርያት 5:21-42

ሰኑይ፣ 25 ግንቦት



# ሕያውነት ምርኣይ

**ኤፌሶን 4:32**
**ግናኸ ከምቲ ኣምላኽ ብክርስቶስ ይቕረ ዝበለልኩም፡ ንሓድሕድኹም ተላዋህትን ተዳናገጽትን ኩኑኹም፡ ይቕረ ተባሃሃሉ።**

---

ሕያውነት ሕምቀት ወይ ድኻም ኣይኮነን፣ ብኣንጻሩ ሕያውነት እቲ መሎኮታዊ ሓይሊ ኣምላኽ ብግብሪ ክገሃድ ከሎ እዩ። ሕያዋይ ምዃን ማለት ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ባህሪ ኣምላኽ ምግላጽ እዩ፣ ምኽንያቱ ፍቕሪ ኩሉ ግዜ ብሕያውነት እያ እትግለጽ። ሕያውነት ኣብ እተርእየሉ ኩሉ ግዜ፡ ባህርይ ናይቲ ኣብ ውሽጥኻ ዝነብር ዘሎ መንፈስ ኣምላኽ ኢኻ እተርኢ።

ታሪኽ ናይቲ ሕያዋይ ሳምራዊ ሓቀኛ ሕያውነት ዘርኢ እዩ (ሉቃ 10:30–37) ። ካልኦት ነቲ ዝተጎድአ ሰብኣይ ረጊጾም ክሓልፉ ከለዉ፡ እቲ ሳምራዊ ግና ደው ኢሉ፡ ሓለየሉ፡ ንፈውሱ ድማ ከፈሉ። ሕያውነት ንደባት ስለ ዝሰግር ሓያል እዩ። ሕያውነት መን ይግብኦ ኣብ ዝብል ዘይኮነስ ንመን ከም ዘድልዮ ዝተመርኮሰ'ዩ። ብሕያውነት ክትመላለስ ከለኻ፡ ብግብሪ ኣቕሓ ፍቕሪ ኣምላኽ ትኸውን።

ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ገዛ፡ ወይ ኣብ ኢንተርነት ሕያውነት ምርኣይ፡ ሃዋህው ክቕይር ይኽእል እዩ። ሓንቲ ቃል፡ ፍሽኽታ፡ ወይ ናይ ርህራሄ ተግባር ከመይ ጌሩ ንመዓልቲ ሓደ ሰብ ወይ'ውን ንመጻኢኡ ከይተረፈ ክትቅይሮ ከም እትኽእል ፈጺምካ ኣይትፈልጥን ኢኻ። ሕያውነት ኩሉ ግዜ ካዕቢ ምገስን ሰላምን ዘፍሪ ዘርኢ እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ዎ ክቡር ኣምላኽ፣ ንልበይ ብፍቕርኻን ርህራሄኻን ምልኣዮ። ዋላ'ውን ኣብ ዘይተመልሰሉ እዋን ሕያውነት ከርኢ ሓግዘኒ፣ ህይወተይ ሰናይነትካ ንከተንጸባርቕ ኣኽእለኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ብፍቕሪ ኣምላኽ ዝመላእኩ እየ። ኣብ ዝኸድኩዎ ዘበለ ሕያውነት ኣርኢ፣ ተግባራተይ ድማ ንልቢ የሱስ ክርስቶስ ዘንጸባርቕ እዩ። በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ቆሎሴ 3:12

**ናይ 365 መዓልታት መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 145 መዓልቲ**
1 ነገ 14-15፤ ግብሪ ሃዋርያት 6

ሰሉስ፣ 26 ግንቦት




# ንየሱስ ኣካፍሎ

**ማርቆስ 16:15**
**በሎም ድማ ፥ ናብ ኲሉ ዓለም ኪዱ፡ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ስበኹሉ’።**

---

ንየሱስ ምስ ካልኦት ምክፋል ንሰባት ምስ ናይ ዘለኣለም ህይወት ስለ ዘላልዮም እቲ ዝለዓለ መግለጺ ፍቕሪ እዩ። ወንጌል ጥዑም ብስራት ጥራይ ዘይኮነስ፣ ህይወት ሰባት ናይ ምቕያር ክእለት ዘለዎ ሓይሊ ኣምላኽ እዩ። ብዛዕባ የሱስ ክትዛረብ ከለኻ ንኻልኦት ነቲ ንስኻዝረኸብካዮ ጸጋን ሓጐስን ክረኽቡ ትፈቅድ ኣለኻ ማለት እዩ።

ኣብ ዮሃንስ 4 እታ ሳምራዊት ሰበይቲ ምስ የሱስ ኣብ ዒላ ተራኸበት። ድሕሪ ርክባ ናብ ከተማኣ ተመሊሳ ንኹሉ ሰብ ብዛዕባኡ ነገረት። እዛ ሰበይቲ እዚኣ ሓንቲ ኻብቶን ቀዳሞት ወንጌላውያን እያ ኹይና፡ ኲሉ ስለ ዝፈለጠቶ ዘይኰነትስ፡ ንየሱስ ብውልቂ ስለ እተመኮረቶ እዩ። እቲ የሱስ ዝገበረልካ ከተካፍል ከለኻ፡ ዛንታኻ ካልኦት ምስ የሱስ ንክራኸቡ ዘገልግን ድልድል ይኸውን።

ከም መንእሰይ ብቓላትካ፣ ተግባራትካን እቲ ምስ ካልኦት ሰባት ዘለካን ርክባትን ጌርካ ንየሱስ ከተካፍሎ ትኽእል ኢኻ። ማይክሮፎን ኣየድልየካን’ዩ፤ ህይወትካ እዩ እቲ መልእኽቲ። ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ብኢንተርነት ወይ ምስ ኣዕሩኽ ብዛዕባ ሰናይነቱ ክትዛረብ ትባዕ። ኲሉ ግዜ ንየሱስ ኣብ እተካፍለሉ እዋን፡ መንግስተ ሰማይ ይሕጐስ፡ ህይወታት ድማ ይቕየራ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ዎ ክቡር ኣምላኽ፣ ንየሱስ ምስ ካልኦት ከካፍሎ ትብዓት ሃበኒ። ቃላተይን ተግባራተይን ፍቕርኻ ዘንጸባርቕን ንሰባት ናባኻ ዘቐርብን ይኹን። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ተሸካሚ ወንጌል እየ! ኣብ ዝኸድኩዎ ቦታ ብርሃን የሱስ የብርህን ንኻልኦት ድማ ናብ ፍቕሩን ድሕነቱን እመርሖም። ብስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 1:16

**ናይ 365 መዓልታት መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 146 መዓልቲ**
1 ነገ 16-18፤ ግብሪ ሃዋርያት 7:1-22



ረቡዕ፣ 27 ግንቦት

GoodNews DAILY

# ኣምላኻዊ ዓይነት እምነት

**ማርቆስ 11:22b**
**...ብኣምላኽ እመኑ።**

---

እቲ “ኣምላኻዊ ዓይነት እምነት” ተራ እምነት ኣይኮነን። ዝፈጥርን ዝዕብለልን ውጽኢት ዘምጽእን እምነት እዩ። ኣምላኽ ንዓለም ናብ ህላወ ብቃላቱ ክፈጥራ ከሎ ዝተጠቐመላ እምነት እያ። ብኸምዚ ዓይነት እምነት ክትሰርሕ ከለኻ፡ ነገራት ክፍጸሙ ኣይትጽበዮምን ኢኻ፤ ባዕልኻ ኢኻ ምስ ቃል ኣምላኽ ክሰማምዑ ከም ዘለዎም ትእዝዞም።

ኣብ ማርቆስ 11፣ የሱስ ነታ ኦም በለስ ምስ ተዛረባ፡ ካብ ሱራ ነቐጸት። የሱስ ሓይሊ ጥራይ ኣይኮነን ዘርኣየ፤ እቲ ኣምላኻዊ ዓይነት እምነት ከመይ ከም ዝሰርሕ እዩ ዘርኣዩ። ይዛረብ፡ ይኣምን፡ ውጽኢት ድማ ይጽበ። ሓቀኛ እምነት ኣብ’ቲ ነገራት ከመይ ከም ዝመስሉ ኣይኮነን ዝምርኮስ፤ ኣብቲ ኣምላኽ ዝበሎ እዩ ዚምርኰስ።

ንስኻ እውን ተመሳሳሊ ፈጠራዊ እምነት ኢኻ ትውንን። ብመሰረት ቃል ኣምላኽ ፈውሲ፡ ዓወት ወይ ሰላም ክትእውጅ ከለኻ፡ መለኮታዊ ሓይሊ ትለቅቕ። እምነት ኣምላኽ ይፈጥር እምበር ኣይልምንን እዩ። ንህቦብላታት ይዛረቦም እምበር ኣይፈርሖምን’ዩ። ኣፍካ ምስ መንግስቲ ኣማላኽ ክትሰማማዕ ኣሰልጥን። ርእሰ ተኣማንነትን እምነት ዝመልኦን ቃላት ኩሉ ግዜ ልዕለ ባህርያዊ ውጽኢት ከውጽእ እዩ።

## ናይ ሎሚ ጸሎት

ዎ ክቡር ኣምላኽ፣ ከምቲ ናትካ ዓይነት እምነት ስለ ዝሃብካኒ የመስግነካ። ቃልካ ፈጺሙ ከምዘይወድቕ ፈሊጠ ብዘይ ምጥርጣር ብስልጣን ክዛረብን ክኣምንን ምሃረኒ። ኣሜን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ናይ ኣምላኽ ዓይነት እምነት ኣለኒ! ቃላተይ መለኮታዊ ሓይሊ ይሽከሙ፣ ብመሰረት ቃል ኣምላኽ ዝዛረቦ ኩሉ ድማ በቲ ሓያል ስም የሱስ ይፍጸም።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 4:17-21

**ናይ 365 መዓልታት መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 147 መዓልቲ**
ሉቃስ 10:1-24፤ መዝሙር መዝሙር 57-59

ሓሙስ፣ 28 ግንቦት




# ፈውሲ ቀሊል እዩ

**ኢሳይያስ 53:5**
**ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቈሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ኽንረክብ፡ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዌና።**

---

የሱስ ድሮ ዋጋ ከም ዝኸፈለሉ ምስ እትርዳእ ፈውሲ ቀሊል እመብር ከቢድ ነገር ከምዘይኮነ ትርዳእ። ፈውሲ፣ ብእምነት፣ ብቓል ምእማንን ምስ መብጽዓታት ኣምላኽ ድማ ብምስምማዕ ዝርከብ መለኮታዊ መሰል ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ እዩ።

እታ ደም ዛሕዛሕ ዝብላ ዝነበረት ሰበይቲ ንዓሰርተ ክልተ ዓመት እያ ተሳቒያ (ማር 5፡ 25-34)። ኰይኑ ግና፡ ኢዳ ዘርጊሓ ዘፈር ክዳን የሱስ ምስ ተንከፈት፡ ብኡንብኡ ሓወየት። ብእምነት ስለ እትዋስአት ፈውሳ ቀሊል እዩ ነይሩ፤ ካብ መጠን ንላዕሊ ኣይሓሰበትሉን ወይ ኣብ ኣገባብ ደቂ ሰባት ኣይተጻግዐትን። ተግባራታ ምስ ቃል ኣምላኽ ምስ ተሰማምዐ ሓይሊ ኣምላኽ ብኡንብኡ ናብኣ ወሓዘ።

ኣብ ኣካላትካ ሕማም ወይ ስምዒታዊ ቃልሲ ከጋጥመካ ይኽእል እዩ። ኣምላኽ ፈውሲ ብቀሊሉ ተረካቢ ከም ዝገብሮ ኣይትረስዕ። ዝተሓላለኹ መንገድታት ኣየድልየካን'ዩ፤ ኣብ ቃሉ እምነትን ንዕኡ ክትሰርሕ ትብዓትን እዩ ዘድልየካ። ብሳላ መስዋእቲ የሱስ፣ ፈውሲ ቀሊልን ዝቀረባን ከም ዝተገብረ ምስ እትፈልጥ ፈውሲ ከቢድ ኣይክኸብደካን እዩ።

## ናይ ሎሚ ጸሎት

ክቡር ኣምላኽ፣ ፈውሲ ናባይ ቀረባ ስለ ዘገበርካዮ የመስግነካ። ብእምነት ክመላለስን መዓልታዊ ምሕዳስካ ክቕበልን ሓግዘኒ። ኣሜን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ህይወተይ ፈውሲ ቀሊል እዩ! ነፍሲ ወከፍ መዳይ ኣካላተይን መንፈሰይን ብስምብራት የሱስ ተፈዊሱን ሓይሊ ረኺቡን እዩ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴ 8:16-17

**ናይ 365 መዓልታት መደብ ንባባ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 148 መዓልቲ**
1 ነገስት 19-20፤ ግብሪ ሃዋርያት 7:23-43

ዓርቢ፣ 29 ግንቦት




# ራእይን ህርፋንን

**ምሳሌ 29:18**
**ራእይ ዜልቦ እንተ ዀነ፡ ህዝቢ ስዲ ይኸይድ፡ ሕጊ ዚሕሉ ግና ብጹእ እዩ።**

---

ራእይን ህርፋንን ተመሳሰልቲ ክመስሉ ይኽእሉ እዮም፡ እንተዀነ ግን ካብ ኣዝዩ ዝተፈላለየ ምንጭታት እዮም ዝመጹ። ህርፋን ብነብስኻ እዩ ዝድረኽ፣ ንውልቃዊ ክብሪኻ ክትበጽሖ እትደሊ ነገር እዩ። ብኣንጻሩ ራእይ ካብ እግዚኣብሔር እዩ ዝወሃብ። ብኣኻ ኣቢሉ ድማ ንኽብሩን ዕላምኡን ይገልጾ። ሓቀኛ ዓወት ዝፍጠር ብህርፋን ዘይኮነስ ብራኢ ምስ እትመላለስ እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዮሴፍ ብሕልሙ ካብ ኣምላኽ ራእይ ተቐበለ (ዘፍጥረት 37)። ወላ'ኳ ተጠሊሙ፣ ተሸይጡን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ውን ኣትዩ እንተነበረ፣፡ እቲ ራእይ ክሳብ ኣብ ግብጺ ገዛኢ ክሳዕ ዚኸውን ደጊፉዎ ይኸይድ ነበረ። ዮሴፍ ደድሕሪ ንስልጣን ወይ ክብሪ ይጎዩ ኣይነበረን፤ ነቲ ዝተገልጸ ዕላማ ኣምላኽ እዩ ዝኽተል ነይሩ። ብድሆታት ምስ ዘጋጥሙ ህርፋን ይንኪ፣ ራእይ ግን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ህቦብላ ይደግፈካ።

ዓለም ደድሕሪ ዝናን ገንዘብን ተፈታውነትን ክትስዕብ ጸቕጢ ክትገብረካ እያ። ድርኺትካ ካብ ራእይ ኣምላኽ ምስ ዝምንጩ ግን ኣንፈት ወይ ሰላም ፈጺምካ ኣይትስእንን ኢኻ። ራእይ፣ ዕላማታትካ ምስ መደብ መንግስተ ሰማይ የሰማምዖ። ንተራ ሕልሚ ናብ መለኮታዊ ምደባ ይቕይሮ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣምላኽ፣ ነቲ ኣብ ህይወተይ ዘለካ ራእይ ክርኢ ኣዒንተይ ክፈት። ደድሕሪ ዕላማኻ ክስዕብን እምበር ብውልቃዊ ህርፋን ከይዝንግዕ ሓግዘኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ብመለኮታዊ ራእይ እየ ዝነብር! እግዚኣብሄር ንስጉምተይ ስለ ዝእዝዝ፣ ደድሕሪ እቲ ብነብሰይ ጥራይ ዝሓስብ ህርፋን ምስዓብ እኣብይ ኣለኹ። ህይወተይ ንየሱስ ክርስቶስ እዩ ዘኽብር። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኣንባቆም 2:2-3

**ናይ 365 መዓልታት መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 149 መዓልቲ**
1 ነገ 21-22፤ ግብሪ ሃዋርያት 7:44-60


www.goodnewsdailydevotionalteens.com




# ኣምላኽ ኣብ ጎንኻ ኣሎ

**ሮሜ 8:31**
**እምብኣርሲ ብዛዕባ እዚ ነገርዚ እንታይ ክንብል ኢና፧ ኣምላኽ ምሳና ኻብ ኰነሸ፡ መን እዩ ዚቃወመና**

---

እግዚኣብሄር ኣብ ጎንኻ ምስ ዝህሉ፣ እቲ ውግእ ቀድሚ ምጅማሩ ድሮ ተዓዊቲ ኢኻ። ኣምላኽ ኣብ መፍርቕ መንገዲ ምስ በጻሕካ ኣይኮነን ዝጽንበረካ፤ ካብ መጀመርታኡ ምሳኻ ኮይኑ እዩ ንነፍሲ ወከፍ ዝርዝር ህይወትካ ንጽቡቕካ ዝሰርዖ። ብድሆታት ከጋጥመካ ይኽእል እዩ፣ ኣምላኽ ክድግፈካ ከሎ ግን ኣብ ቅድሜኻ ደው ክብል ዝኽእል የለን።

ብዛዕባ ታሪኽ ዳዊት እሞ ሕሰብ (1ሳሙኤል 17)። ኩሉ ሰብ ንዳዊት ከም ሓደ ንእሽቶ ወንጭፍ ሒዙ ኣንጻር እቲ ግዙፍ ገጥም ዝነበረ ወዲ እኳ ይርእይዎ እንተ ነበሩ፣ ዳዊት ግን በይኑ ኮይኑ ይዋጋእ ከምዘይነበረ ይፈልጥ ነበረ። ምትእምማን ዳዊት ኣብ'ቲ ተሰኪምዎ ዝነበረ ኣእማን ዘይኮነስ ኣብቲ ብድሕሪኡ ደው ኢሉ ዝነበረ ኣምላኽ'ዩ ነይሩ። መን ምሳኻ ከምዘሎ ምስ ፈለጥካ ፍርሒ ይጠፍእ፡ እምነት ድማ ይለዓል።

ኣብ ሂወት ግፍዒ፡ ጸቕጢ፡ ወይውን ጥርጣሬታት ብዛዕባ መጻኢ ከጋጥመካ ይኽእል እዩ፡ እንተኾነ ግን እቲ ንዳዊት ንጎልያድ ክስዕሮ ዝሓገዞ ኣምላኽ፡ ሎሚ ምሳኻ ደው ኢሉ ዘሎ ኣምላኽ ምኧኑ ኣይትረስዕ። ንዓወት ኣይኮንካን ትቃለስ ዘለኻ፤ ካብ ዓወት ኢኻ ትቃለስ ኣለኻ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣምላኽ ኣብ ኩርናዕይ ስለ ዘለኻ የመስግነካ። ምሳኻ ንዝኾነ ብድሆ ዝመጽእ ብድሆ ክስዕሮ ከም ዝኽእል መዓልታዊ ኣዘኻኽረኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣምላኽ ኣብ ጎነይ ኣሎ። ኣነ ደው ዘይብል፣ ዘይስዓርን ዘይነቓነቕን ሰብ እየ። ኣምላኽ ስለ ዝቃለሰለይ ኩሉ ውግእ ድሮ ተዓዊቱ ኣሎ። ብስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኢሳይያስ 41፡10

**ናይ 365 መዓልታት መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 150 መዓልቲ**
2 ነገስት 1-3፤ ግብሪ ሃዋርያት 8፡1-25




# ዘይናወጽ እምነት

**2ይ ቆሮንቶስ 5:7**
**ብእምነት እምበር፡ ብምርኣይ ኣይኰንናን እንመላለስ ዘሎና**

---

ክናወጽ ዘይክእል እምነት ክስዓር ዘይክእል እምነት እዩ። ዘይንቕነቕ እምነት ማለት ዋላ'ውን ኲሉ ኣብ ከባቢኻ ኣንጻር ቃል ኣምላኽ ክጭድር ከሎ ንቃል ኣምላኽ ምእማን ማለት እዩ። እቲ ኣምላኽ ዝበሎ ክሳብ ክንደይ ዘይከኣል ይመስል ብዘየገድስ ብርግጽ ከም ዝፍጸም ምትእምማን'ዩ።

ብዛዕባ ኣብርሃም እሞ ሕሰብ። ኣምላኽ ኣቦ ብዙሓት ኣህዛብ ከም ዝኸውን ነገሮ፡ ምስናይዚ ግን ኣሪጉን ውላድ ዘይብሉን ነበረ። ኣብርሃም ግን ኣብ ኣካላቱ ይኹን ኣብ ዕድመ ሳራ ኣየተኰረን። ኣብ መብጽዓ ኣምላኽ እዩ ኣተኲሩ። ሓቀኛ እምነት ነቲ ዘጋጥም ዘሎ ኩነታት ይኽሕዶ ማለት ኣይኮነን፣ ብኣታቶም ምድራት ግን ይኣቢ። እምነት ኣብርሃም ኣብ ኩነታት ዘይኰነስ ኣብ ባህርይ እግዚኣብሄር ስለ ዝዓረፈት ዘይትናወጽ እያ ነይራ።

ብድሆታት ብመንገዲ ፈተናታት፡ ዕርክነት፡ ጸቕጢ፡ ዋላ'ውን ፍርሒ ናይ መጻኢ ገይሮም ክመጹ እዮም፡ እምነትካ ግን ኣብ ቃል ኣምላኽ ጽኑዕ ይኹን። ህቦብላታት ክለዓሉ ከለዉ እምነትካ ምስቲ ልዕለ ባህርያዊ ሓይሊ ኣምላኽ ከም ዘራኽበካ ፈሊጥካ ጽናዕ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ክቡር ኣምላኽ ዋላ ነገራት ዘይከኣል ኣብ ዝመስሉሉ እዋን እምነተይ ኣጽንዓዮ። ምሉእ ብምሉእ ክኣምነካን ብኹነታት ከይንቀሳቐሰን ሓግዘኒ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
እምነተይ ኣይናወጽን እዩ። በቲ ዝርእዮ ወይ ዝሰምዖ ንኸይናወጽ ይኣቢ ኣለኹ። ንዓይ ዝምልከት ኲሉ መብጽዓ ድሮ ብስም የሱስ ከም ዝተፈጸመ ፈሊጠ ኣብ ቃል ኣምላኽ ጸኒዐ ደው እብል።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 4:18-21

**ናይ 365 መዓልታት መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 151 መዓልቲ**
2 ነገስት 4-6፤ ግብሪ ሃዋርያት 8:26-40




# እምነት ካብ ስምዒታት ንላዕሊ

**2ይ ቆረንቶስ 5:6-7**
**ስለዚ ኹሉ ሳዕ እሙንቶ ኣላትና፡ ብእምነት እምበር፡ ብምርኣይ ኣይኰንናን እንመላለስ ዘሎና እሞ፡ ኣብ ስጋ ሰፊርና ኸሎና፡ ካብ ጐይታ ርሑቓት ከም ዝኾንና፡ ንፈልጥ ኢና።**

ንሓደ ነገር ብጣዕሚ ደሊኻ እሞ ብዙሕ ጸሊኻ ግን ዝተቐየር ነገር ዘየለ ኮይኑ ተሰሚኻ ይፈልጥ ዶ? ኣምላኽ ከም ዘይሰምዖ ኾይኑ ኺስምዓካ ይኽእል እዩ። እቲ ሓቂ ግን እንሆ፡ ኵነታት ግና ከምቲ ንሕና ክቐየሩ እንደሊ ብኽምኡ መልሲ ኣይህቡን እዮም፤ ብእምነት ኣዮም ምላሽ ዝህቡ። ስምዒታት ካብ ሓደ ህሞት ናብ ካልእ ህሞት ክሰጋገሩ ይኽእሉ እዮም፡ እምነት ግን ኣብ ቃል ኣምላኽ ስለ እተመስረተት ጸኒዓ እያ እትቕጽል።

መጽሓፍ ቅዱስ ብዘይ እምነት ንኣምላኽ ባህ ከተብሎ ኸም ዘይከኣል ይገልጽ እዩ። እዚ ማለት እምነት ባጤራ ሰማይ እያ—ካብ ኣምላኽ እንቕበሎ መገዲ እያ። ብዘይ ቅኑዕ ገንዘብ ዋላ ሓንቲ ኽትዕድግ ኣይትኽእልን ኢኻ፣ ብዘይ እምነት ከኣ ብዓወት ክትመላለስ ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለዚ ንገዛእ ርእስኻ ሕተታ፦ ነቲ ዜጋጥመካ ዘሎ ነገራት ንኽትገጥም ዜኽእለካ ቓል ኣምላኽ ክንደይ ዚኣክል እዩ ዘሎካ? ምስ ስምዒታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ምስ ዕርክነት ዚግበር ቃልሲ ይኹን ብዘየገድስ እቲ ቓል መልሲ ኣለዎ።

ስምዒትካ ወይ እትርእዮ ነገራት ንመልስኻ ኺውስኖ ኣይተፍቅደሉ። ቃል ኣምላኽ መለክዒኻ ይኹን። ስምዒት “ተስፋ ቈሪጽ” ኺብል ከሎ እምነት “ኣምላኽ ገና ይዓዪ ኣሎ” ትብለና። ነገራት ዘይከኣል ኰይኑ ኺስምዓካ ኸሎ እምነት ንዕኡ ዚኸብዶ ነገር ከም ዘየለ እያ እተዘኻኽረካ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ጐይታ ካብ ስምዒተይ ንላዕሊ ንቓልካ ኽኣምኖን መዓልታዊብእምነት ክመላለስን ሓግዘኒ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ካብ ስምዒት ንላዕሊ እምነት እየ ዝመርጽ። ነገራት ኣንታይ ይመስሉ ብዘየገድስ ኣብ ቃል ኣምላኽ ጸኒዐ እየ ዝቀውም። እምነተይ ኣብኡ ጥራይ እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 11:6

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 152 መዓልቲ**
2ይ ነገስታት 7-9; ሃዋርያት 9:1-22



# ንልብኻ ሓልዎ

**ምሳሌ 4:23**
**ህይወት ካብኡ እያ እትፍልፍል እሞ፡ ልዕሊ ዅሉ ንልብኻ ሓልዎ።**

---

መጽሓፍ ቅዱስ ንልብና ክንሕልዎ ይነግረና—እዚ ግን ብሓቂ እንታይ ማለት እዩ፡ ንልብኻ ከም መቆጻጸሪ ማእከል ህይወትካ ሕሰቦ። ኩሉ ትሓስቦን ትብሎን እትገብሮን ካብኡ እዩ ዝውሕዝ። ህይወትካ ንኢየሱስ ምስ ሃበካ እግዚኣብሄር ንልብኻ ብፍቕሩን ሓይሉን መለአ። ንልብኻ ምሕላው ኪበሃል ከሎ ነታ ፍቕሪ ኻብኣ ኼርሕቖካ ኻብ ዚፍትን ዝኾነ ይኹን ነገር ምክልኻል ማለት እዩ።

ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ከም ዳዊትን ሰሎሞንን ዝኣመሰሉ ሰባት ኣበርቲዖም እኳ እንተ ጀመሩ ትዕቢት ቅንኢ ወይ ኣቓልቦኦም ዚሰርቑ ነገራት ሰላሕ ኢሎም ኪኣትዉ ምስ ፈቐዱ ግን ጸገማት ኣጋጢምዎም እዩ። ንሕና ውን ኣሉታዊ ነገራት ሕሜት ወይ ምንጽጻር ኪቈጻጸር እንተ ፈቒድናሉ ከምኡ ኺጋጥመና ይኽእል እዩ ። እዚ ነገራት እዚ ንልብና ይምርዝን ንኣምላኽ ብንጹር ንኸይንሰምዕ ይዓግተናን እዩ ።

ኣብ ክንዳኡስ፡ ንልብኻ ብቓል ኣምላኽ ምልኣዮ እሞ፡ ንእምነትካ ብዚሃንጽ ነገራት ማለት ብጽቡቕ ዕርክነት፡ ብኣምልኾ፡ ብጸሎትን ብሓቅን ንነብስኻ ክበባ። ከምኡ ምስ ገበርካ፡ ሰናይነት ኣምላኽ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፋል ህይወትካ ክውሕዝ ከሎ ክትዕዘብ ኢኻ!

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ኣቦይ ንልበይ ብሰላምካ ምልኣዮ ካብ ኵሉ ኣቓልቦኻ ዚሰርቕ ነገራት ከኣ ሓልዎ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ንልበይ ብሓይሊ ኣምላኽ እሕልዎ ኣለኹ ። ዝኾነ ይኹን ኣቓልቦይ ዚሰርቕ ኣሉታዊ ነገራት ወይ ፈተና ኻብ የሱስ ኬርሕቐኒ ኣይክእልን እዩ ። ልበይ ንጹህ፡ ፍቕሩን ሰላሙን መሊኡ ይጸንዕ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊሊጲ 4:8

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 153 መዓልቲ**
2ይ ነገስታት 10-12; ግብሪ ሃዋርያት 9:23-43



ረቡዕ 3 ሰነ

# ኣእምሮኻ ኣሐድሶ

**ሮሜ 12:2**
**እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ኽትምርምሩስ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ።**

---

ህይወትካ ንየሱስ ዝሃበካ ህሞት ሓድሽ ፍጡር ኴንካ! እዚ ማለት ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ሓድሽ ፍጥረት ማለት ምሉእ ብምሉእ ፍሉይ እዩ። መንፈስካ እኳ እንተ ተሓደሰ ሰብነትካን ኣእምሮኻን ግን ነቲ “ኣረጊትካ” ይዝክር እዩ። ሓድሓደ ግዜ ሓሳባትካ ልማዳትካ ወይ ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ብዛዕባ መንነትካ ኼዘኻኽሩኻ ይፍትኑ ይኾኑ ።

በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ ንኣእምሮና ኽነሐድስ እምበር ነዛ ዓለም እዚኣ ኽንሰማማዕ ከም ዘይብልና እዩ ዚነግረና። ኣእምሮኻ ምሕዳስ ኪበሃል ከሎ ንኣተሓሳስባኻ ምምሕያሽ ማለት እዩ። ከም ተሌፎንካ ኸም ምምሕያሽ ጌርካ እሞ ሕሰብ—ነፍሲ ወከፍ ሓድሽ ናይ ስርዓት ምምሕያሽ ጌጋታት የወግድ ኣፕሊኬሽን የመሓይሽ ከምኡውን ሓደስቲ ባህርያት ይውስኽ። ኣብ ቃል ኣምላኽ ግዜ ኸተሕልፍ ከለኻ ኣተሓሳስባኻ እውን ይመሓየሽ እዩ ። ናይ ቀደም ሓሳባት ብሓቂ ይትካእ ግጉይ ልማዳት ይቕየር ህይወትካ ድማ ንየሱስ ክትመስል ትጅምር።

ኣእምሮኻ ምስ ተሓደሰ ለውጥታት ክትርኢ ኢኻ፦ እቲ እትፈትዎ ዝርርብ እትኸዶ ቦታታት እቶም እትረኽቦም ሰባት እውን ክይተረፈ ኪቕየሩ ይጅምሩ። ከም ክርስቶስ ክትሓስብ ክትገብርን ክትዛረብን ትጅምር።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጐይታየ ህይወተይ ፍቓድካ ምእንቲ ኸተንጸባርቕሲ ሓሳባተይ ብሓቅኻ ኣሐድሶ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ብቓል ኣምላኽ ኣቢለ ኣእምሮይ እሕድስ ኣለኹ። ሓሳባተይ ተመሓይሹ ህይወተይ ተለዊጡ በቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎኒ ምሉእ መንነተይ ድማ እመላለስ ኣለኹ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2 ቈሮንጦስ 5:17

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 154 መዓልቲ**
ሉቃስ 10:25-42; መዝሙር ዳዊት 60-62

ሓሙስ 4 ሰነ




# እናዓበየ ዚኸይድ ቓንዛ

**ያእቆብ 1:2–3**
**ኣሕዋተየ፡ በበይኑ ዝኾነ ፈተና እንተ በጽሓኩም፡ ንኹሉ ኸም ሓጎስ ቍጸርዎ። እቲ ምፍታን እምነትኩም ትዕግስቲ ኸም ዚገብር ፈሊጥኩምሲ፡**

---

ለውጥታት ኬጋጥመካ ብድሆታት ኬጋጥመካ ከምኡውን ዚዝርግሓካ እዋናት ከተሕልፍ ትኽእል ኢኻ። እዚ ኹሉ ኽፍሊ ምዕባይ እኳ እንተ ኾነ ሓድሓደ ግዜ ግን ዜሳቒ ኪኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ህሞት እዚ ኣምላኽ ካብ ዚፍትነካ ኣይኮነን፣ መጽሓፍ ቅዱስ ከምኡ ኸም ዘይገብር ይነግረና እዩ። ኣብ ክንዳኡስ እቲ ዜጋጥመካ ኹነታት መሰረትካ ኽሳዕ ክንደይ ድልዱል ምዃኑ እዩ ዚፍትኖ።

ማዕበል ኬበርትዓካ ኣይኮነን፣ የግዳስ ብርታዐ እምነትካ ኼርኢ እዩ ዚመጽእ። ስለዚ መሰረትካ ኣብ ክርስቶስ ኪህነጽ ኣለዎ። ህይወት ምስ ኣንቀጥቀጠካ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝሃነጽካዮ ጽኑዕ ኪጸንዕ እዩ። እምነትካ ኣብ ስምዒትካ ወይ ኣብ ካልኦት ዚብልዎ እተመስረተት እንተ ኾይና ግን ብቐሊሉ ኽትፈርስ ትኽእል እያ ።

ስለዚ ብድሆታት ኬጋጥመካ ኸሎ ተስፋ ኣይትቝረጽ። ናብ የሱስ ብዝያዳ ኸም እትቐርብ ኪገብረካ ፍቐደሉ። ኣተኩሮኻ ኣብ ቃሉ ግበር፣ ኣብ ጸሎትካ ጽናዕ፣ ንእምነትካ ብዝሃንጹ ሰባት ድማ ንነብስኻ ኣኽብባ። ዕቤት ኵሉ ሳዕ ጽቡቕ እኳ እንተ ዘይኮነ ብርታዐን ትዕግስትን ብስለትን የምጽእ እዩ ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጎይታ ኢየሱስ ኣብ ኩሉ ፈተና ኣበርትዓኒ ኣብ ዕብየተይ ትዕግስቲ ምሃረኒ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ኣብ መሰረተይ ዝኾነ ክርስቶስ ጸኒዐ ኣለኹ። ዝኾነ ይኹን ብድሆ ንእምነተይ ኬናውጾ ኣይክእልን እዩ። እናዓበኹን እመሃርን ኸምቲ ኣምላኽ ክኾኖ ኢሉ ዝፈጠረኒ ድማ እኸውን። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴዎስ 7:24–25

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 155 መዓልቲ**
2ይ ነገስታት 13-14; ግብሪ ሃዋርያት 10:1-23




ዓርቢ 5 ሰነ

# ዕላማ ዘለዎ ህይወት

**ትምቢት ኤርሚያስ 29:11**
**ኣነ ዝሐስበልኩም ዘሎኹ ሓሳብ እፈልጦ እየ፡ መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ፡ ሓሳብ ደሓን እምበር፡ ናይ ክፉእ ኣይኰነን፡ ይብል እግዚኣብሄር።**

---

“ስለምንታይ እየ መጺአ?” ወይ “ዕላማይ እንታይ እዩ?” ኢልካ ሓቲትካዶ ትፈልጥ? ብሃንደበት ኣይኰንካን - ኣምላኽ ደይመደይ ኢልካ እዩ ፈጢሩካ፣ ካብ ነጥብኻ ህቡብነትካ ወይ ከኣ ካብ ካልኦት ዚሓስብዎ ዚበልጽ መደብ ሒዙካ እዩ ፈጢርካ። ዕላማ ዘለዎ ህይወት ምንባር ኪበሃል ከሎ መዓልታዊ ምርጫታትካ ምስቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣንፈት ዘይኰነስ ምስቲ ኣምላኽ ንዓኻ ዘዳለዎ ንድፊ ተሰማሚዕካ ምግባር ማለት እዩ።

ዕላማ ኣሳልጦ ምስዓብ ኣይኰነን፣ ንህይወትካ ናብ መምርሒ ኣምላኽ ኣሕሊፍካ ምሃብ ማለት እዩ። የሱስ ንፍትወትካ ኼጕሃሃር ኺሎ ኵሉ ነገር ይቕየር። ሕልምኻን ዕርክነትካን ዕላማኻን ብርሃኑ ንምብራህ ዕድላት ይኾኑ። ዕላማ ዘለዎ ህይወት ንመጻኢ ኣይጽበን እዩ ሕጂ እዩ ዚጅምር። ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕያውነት ምርኣይ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ምግልጋል ወይ እምነትካ ብኢንተርነት ምክፋል ብዘየገድስ ነፍሲ ወከፍ ንእሽቶ ተግባር ንዘለኣለማዊ ህይወት ኪጸልዎ ይኽእል እዩ።

እግዚኣብሄር ንዓኻ ዘለዎ መደብ ውልቃውን ሓያልን እዩ። ጕዕዞኻ ምስ ናይ ማንም ኣየተዋዳድሮ። ኣቓልቦ ግበር፣ ኣብ ግዜኡ ተኣማመን፣ ቃሉ ድማ ንዝቕጽል ስጕምትኻ ክመርሓካ ፍቐደሉ። ካብ ንምንባር ንላዕሊ ኢኻ ተፈጢርካ፡ ንቑምነገር ኢኻ ተፈጢርካ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ኣቦይ ብዕላማ ስለ ዝፈጠርካኒ የመስግነካ። መዓልታዊ ድምጽኻ ክሰምዕን ኣብቲ ዘዳለኻዮ መደባት ብትብዓት ኽመላለስ ሓግዘኒ። ኣብ መንግስትኻ ለውጢ ንምምጻእ ህይወተይ ተጠቐመሉ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ዕላማ ኣምላኽ ኣብ ልበይ ሒዘ እየ ዝነብር። ኵሉ ዝገብሮ ስጕምቲ ምስ መደቡ ይሰማማዕ እዩ፣ ህይወተይ ድማ ንኽብሩ ንኻልኦት ይጸልዎም። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፌሶን 2:10

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 156 መዓልቲ**
2ይ ነገስታት 15-16; ግብሪ ሃዋርያት 10:24-48



# ኣብ ክርስቶስ

**2ይ ቆረንቶስ 5:17**
**ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ አልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሐሊፉ፡ እንሆ፡ ኵሉ ሓድሽ ኰይኑ።**

---

ንሓደ መንደቕ ደፊእካ ከተውድቖ እንተትፍትን፡ ዘይከኣል ኮይኑ ምተሰምዓካ። መደሻ ምጥቃም እውን እንተኸኖ ንዘልኣለም ምወሰደ። ብቡልዶዘር ግን እቲ ሓደ መንደቕ ብቐሊሉ ምፈረሰ! እቲ ፍልልይ እቲ መንደቕ ኣይኮነን-ኣንጻሩ ክትደፈአ ክትከይድ ከለኻ ኣብ ምንታይ ከም ዘለኻ እዩ።

ብተመሳሳሊ መንገዲ፡ እንታይ ከም እትሓልፎ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እናሓለፍካ ከለኻ ኣብ ምንታይ ከም ዘለኻ እዩ ዘገድስ። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ክርስቶስ ከም ዘለና ይነግረና። እዚ ማለት ክርስቶስ ምሳኻ ጥራይ ኣይኰነን፣ ንሱ እትነብረሉን እትንቀሳቐሰሉን ብርታዐኻ እትረኽበሉን ቦታ እዩ። ኣብኡ ምስ እትህሉ፡ ኣዝዩ ብርቱዕ፡ ኣዝዩ ከቢድ፡ ወይ ኣዝዩ ዓቢ ክትስዕሮ ዘይትኽእል ነገር የለን።

ካብ ኣምላኽካ ዚዓቢ ጸገም የለን። ስለዚ ጸገማትካ ኽሳዕ ክንደይ ዓብዩ ምዃኑ ንኣምላኽ ኣብ ክንዲ እትነግሮ፣ ኣምላኽካ ኽሳዕ ክንደይ ዓብዩ ምዃኑ ንጸገማትካ ክትነግሮ ጀምር! ንህይወት በይንኻ ኣይኮንካን ትገጥማ ዘለኻ-ብክርስቶስ ኢኻ ትገጥማ ዘለኻ፡ እዚ ድማ ንኹሉ ይቕይሮ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ኣምላኽ መዓልታዊ ትርጉም ሒዘ ክነብር ሕልመይ ምስ ዕላማኻ ኣስተኻኽሎ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ብክርስቶስ ከም ዘለኹ እእውጅ ኣሎኹ። ዝኾነ ይኹን መንደቕ ደው ኬብለኒ ኣይክእልን ዝኾነ ይኹን ብድሆ እውን ኪስዕረኒ ኣይክእልን እዩ። ብእኡ ኣቢለ ንኹሉ ዕንቅፋታት ብሓይልን ብሰላምን አስዕር። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ግብሪ ሃዋርያት 17:28

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 157 መዓልቲ**
2ይ ነገስታት 17-18; ግብሪ ሃዋርያት 11



GoodNews DAILY

# ብወንጌል ዘይሓፍር

**ሮሜ 1:16**

**ወንጌል ቅድም ንኣይሁዳዊ ኽምኡውን ንጽርኣዊ፡ ንዚኣምን ዘበለ ዅሉ ሓይሊ ኣምላኽ ንምድሓን እዩ እሞ፡ ብወንጌል ኣይሐፍርን እየ።**

---

ብዛዕባ እምነትካ ስቕ ምባል ኣማራጺ ኣብ ዘይኰነሉ እዋን ኢና እንነብር ዘለና። ዓለም ብዛዕባ ኻልእ ነገራት ዓው ኢላ እያ እትዛረብ እሞ ስለምንታይ ኢና ብዛዕባ የሱስ ስቕ ክንብል ዘሎና? ኣምላኽ ብውልቂ ኣየድሓነኩምን፣ ኣብ ክንዳኻ ብግህዶ ሞይቱ። ስለምንታይከ ብሕቡእ ንዕኡ እንነብር?

ዓለም ኣዝያ እትደልያ ሓቂ ሒዝካ ኢኻ እትኸይድ ዘለኻ። መጽሓፍ ቅዱስ ብርሃን ዓለም ኢና ይብል- ብርሃን ድማ ንኽበርህ እምበር ንኽሕባእ ኣይተዳለወን። መዓልታዊ ብቓላትካን ብተግባርካን ብፍቕርኻን ንኢየሱስ ከተርእዮ ዕድላት ኣለካ። እቲ ንሰባት እትከናኸነሉን እትዛረበሉን እትነብረሉን ኣገባብ፡ ኣዕሩኽትኻ ዝረኣይዎ እንኮ “መጽሓፍ ቅዱስ” ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣምላኽ ብሰባት ኣቢሉ እዩ ዝሰርሕ፡ እዚ ድማ ንዓኻ እውን የጠቓልል። ኣብ ቤት ትምህርትኻን ጉጅለ ኣዕሩኽትኻን ማሕበረሰብካን ዘቐመጠካ ምኽንያት ኣለዎ። ብትብዓት ንክርስቶስ ደው ክትብል ከለኻ ንኻልኦት እውን ከምኡ ክገብሩ ፍቓድ ትህቦም። ንድሕሪት ኣይትስሕብ- ደሚቕካ ብራህ!

**ናይ ሎሚ ጸሎት**

ኣቦይ ብዘይ ፍርሂ ሓቅኻ ኽካፍልን ብርሃንካ ኣብ ኵሉ ቦታ ኽብርህን ትብዓት ሃበኒ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**

ሎሚ ብትብዓት ብወንጌል ከም ዘይሓፈርኩ እእውጅ! ኣብ ዝኸድክዎ ሓይልን ሓቅን እግዚኣብሔር ሒዘ እየ ዝኸይድ። ህይወተይ ንፍቕሩ ተንጸባርቕ፣ ብኣይ ኣቢሎም ድማ ካልኦት ንኢየሱስ ክርእይዎ እዮም። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፌሶን 5:8

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 158 መዓልቲ**
2ይ ነገስታት19-21; ግብሪ ሃዋርያት 12




# ስቕታ ናይ ዕያውቲ

**ኢሳይያስ 53:7**
***መከራ ጸገበ፡ ርእሱ ኣዋረደ ኣፋውን ኣይከፈተን። ከምቲ ናብ ማሕረዲ ዚኽብኩብ ገንሸል፡ ከምታ ኣብ ቅድሚ መቀዝታ ስቕ እትብል በጊዕ ኣፉ ኣይከፈተን።***

---

ብመራኸቢ ብዙሓን ኣብ እትመሓደር ዓለም ኢና እንነብር ዘለና። ሰባት ብኸመይ ከም ዚኸደኑን ብኸመይ ከም ዚሓስቡን ከም ዚነብሩን መብዛሕትኡ ግዜ በቲ ዚርእይዎን ዜንብብዎን ኣብ ኢንተርነት ዚርእይዎን ነገራት እዩ ዚቐርጽ። ድያብሎስ ንመደባቱ ንምድንፋዕ ተክኖሎጂ ተጠቒሙ ምድንጋርን ኣቓልቦን ከም ዚሰርቕ ይገብር። ጸልማት እናዓበየ ምስ ከደ ግን ብዙሓት ኣመንቲ ስቕ ይብሉ ኣለዉ።

እምነትካ ክትሓብእ ከለኻ፡ መዲያዊ ገጻትካ ብሕታዊ ክትገብሮ ከለኻ፡ ወይ ምስ ናይ ዓለም ኣንፈታት ክትሕወስ ከለኻ፡ ንነብስኻ ስቕ ክትብል ትፈቅድ ኣለኻ ማለት እዩ። ከም ደቂ ኣምላኽ መጠን ማሕበራዊ መራኸቢታትና ንሰባት ናብ ኢየሱስ ዘመልክት መሰውኢ ክኸውን ይግባእ። ጽሑፋትካ፡ መግለጺታትካን ዛንታታትካን ኣብ ጸልማት ዝመልአ ዲጂታላዊ ዓለም ብርሃን ከብርህ ይኽእል እዩ።

ንዓለም ኣዝዩ ዘድልያ ሓቂ ተሰኪምካ ኢኻ ትኸይድ። ናይ ሓሶት ዜናን ዓለማዊ ጫውጫውታን ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ድምጺ ሓቂ ኺጥሕሎ ኣይተፍቅደሉ። ንመድረኻትካ ብዕላማ ተጠቐመሉ—ትሕዝቶኻ ንክርስቶስ ከም ዜንጸባርቕ ግበር። ስቕ ክትብል ኣይተጸዋዕካን፤ ደው ክትብል ኢኻ ተጸዊዕካ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጎይታ ድምጸይን መድረኻተይን ንዓኻ ክብሪ ንምሃብ ሓቅኻ ድማ ንምዝርጋሕ ተጠቐመሉ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ስቕ ምባል ያኣቢ ኣለኹ። ድምጸይን ህይወተይን ማሕበራዊ መድረኻተይን ንሰባት ናብ የሱስ የመልክቱ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴዎስ 5:14–16

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 159 መዓልቲ**
2ይ ነገስታት 22-23; ግብሪ ሃዋርያት 13:1-25



GoodNews DAILY

# ንበሮ

**ያእቆብ 2:17**
**ከምኡ ኸኣ እምነት፡ ግብሪ እንተ ዜብላስ፡ ንርእሳ ምውትቲ እያ።**

---

እምነት ብዘይ ተግባር ልክዕ ሞተር ዘይብላ መኪና ምህላው እዩ- መፍትሕ ክህልወካ ይኽእል እዩ፡ ግን ናብ ዝኾነ ቦታ ኣይትኸይድን ኢኻ። ኣምላኽ እምነትካ ኣብ ምንቅስቓስ ክርእዮ ይደሊ። "ክዕወት እየ ዝብል እምነት ኣሎኒ" ወይ "ንኣምላኽ የፍቅሮ እየ" ምባል እኹል ኣይኮነን። ኣበይ ኣሎ እቲ መርትዖ? ኣበይ ኣሎ እቲ ንቓላትካ ዝድግፍ ተግባር?

ኣብርሃም ሓያል ኣብነት እዩ። እግዚኣብሄር ንልቢ ኣብርሃም ድሮ ይፈልጦ ነይሩ፡ ገና ግን ኣብርሃም ተኣዚዙ ንይስሃቅ ክስውእ ምስ ከደ፡ ኣምላኽ "ሕጂ ከም እተፍቅረኒ ፈሊጠ ኣለኹ" በሎ። ስለምንታይ ሕጂ? ምኽንያቱ ኣምላኽ ንተመኩሮኣዊ እምነት ኣኽቢሩ ይርእዮ። ተኣዛዝነትካ ንእምነትካ የረጋግጽ፣ ዝጭበጥ ውን ይገብሮ።

ንመንእሰያት እዚ ማለት ካብቲ ምቖትካ ምውጻእ ማለት እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ንዝግባእ ደው ምባል፡ ንዝተጸገመ ሰብ ምሕጋዝ፡ ወይ ኣምላኽ ኣብ ልብኻ ዘቐመጦ ፕሮጀክት ምጅማር ክኸውን ይኽእል። ንለውጢ ጥራይ ኣይትጸሊ-ኣካል ናይቲ ጸሎት ኩን። ዓወት ክመጸካ ኣይትጸበ፤ ናብኡ ገጽካ ኪድ።

እምነት ምስ ግብሪ ሞገስ ኣምላኽ ይስሕብ፣ ማዕጾታት ይኸፍት፣ መንፈሳዊ ጕዕዞኻ ድማ የደልድሎ። ሎሚ፡ እምነትካ ዜርኢ ሓደ ስጉምቲ ውሰድ፡ ንእሽቶ ኾይኑ ኺስምዓካ ይኽእል እዩ፣ ኣምላኽ ግና ተኣዛዝነት የብዝሖ እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ኣምላኽ ተግባራተይ ንእምነተይ የንጸባርቕ፣ ንተስፋታትካ ድማ ህያው ይግበሮ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ብእምነተይ እመላለስ ኣለኹ። ተግባራተይ ምስ ቃላተይ ይሰማማዕ እዩ። ናብ መብጽዓታት ኣምላኽ ብትብዓት እኸይድ ሃካይ ምዃን ድማ ይነጽጎ ኣለኹ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴዎስ 7:21

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 160 መዓልቲ**
2ይ ነገስታት 24-25; ግብሪ ሃዋርያት 13:26-52



ረቡዕ 10 ሰነ

# ዕላማ ዝመርሖ ህይወት

**ኤርሚያስ 29:11**
**ኣነ ዝሐስበልኩም ዘሎኹ ሓሳብ እፈልጦ እየ፡ መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ፡ ሓሳብ ደሓን እምበር፡ ናይ ክፉእ ኣይኮነን፡ ይብል እግዚኣብሄር።**

---

ስለምንታይ ኣብዚ ሽም ዘለኻ ሓሲብካዶ ትፈልጥ? ዕላማኻ እንታይ እዩ ? ኣምላኽ ንዓኻ ዚኸውን መደብ ኣለዎ፣ እዚ ዕላማ እዚ ኻብ ደረጃ ማሕበራዊ መራኸቢታት ወይ ከኣ ካብቲ ዓለም እትጽበዮ ንላዕሊ እዩ። ዕላማ ዘለዎ ህይወት ምንባር ኪበሃል ከሎ መዓልታዊ ስጉምትታትካ ምስ መደብ ሕብረተሰብ ዘይኮነስ ምስ መደብ ኣምላኽ ተሰማሚዕካ ምምልላስ ማለት እዩ።

እዚ ኻብ ትምኒት ንላዕሊ እዩ፣ የሱስ ጥራይ ኬንድዶ ዚኽእል ኣብ ውሽጡ ዘሎ ሓዊ እዩ። ክርስቶስ ንባህግታትካ ኺመርሖ ኽሎ ነፍሲ ወከፍ ውሳነን ዕርክነትን ተግባራትን መደባቱ ዜንጸባርቕ እዩ። ንጣቕዒት ዘይኮነስ ንኣምላኽ ዶብ ኢኻ እትደፍእ። ዕላማ ዘለዎ ህይወት ንኻልኦት ይጸልዎም፤ ነፍሳት ናብ መንግስቲ ኣምላኽ የምጽእ ንማሕበረሰብ የበርትዖ ንኣምላኽ ድማ የኽብር።

መንእሰያት ሕጂ ብዕላማ ክነብሩ ይኽእሉ እዮም። ብጸሎት ድምጺ ኣምላኽ ብምድላይ፡ ህያባትካ ብምልላይ፡ ኣብ ተኣዛዝነት ድማ ንኣሸቱ ስጉምትታት ብምውሳድ ጀምር። ክሳብ "ትዓቢ" ወይ "ትዳሎ" ኣይትጸበ። ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብባህርያትን ብባህርያትን ንኽትዓቢ ኣጋጣሚ ይኸፍተልካ እዩ።
ዕላማኻ ፍሉይ እዩ። ንዕኡ ምኽታል ድማ ትርጉምን ንጹርነትን ሓጎስን ይህብ። ህሉው ጥራይ ኣይትኹን-ብዕላማ ንበር፣ መደብ ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍ ስጉምቲ ክመርሖ ፍቐደሉ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጐይታይ ብዕላማ ምእንቲ ኽነብርን መለኮታዊ መደብካ ምእንቲ ኽፍጽምን መዓልታዊ ስጉምተይ ምራሕ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ዕላማ ኣምላኽ ኣብ ልበይ ሒዘ እየ ዝነብር። ነፍሲ ወከፍ ዝወስዶ ስጉምቲ ምስ መደቡ ዚሰማማዕ እዩ፣ ህይወተይ ከኣ ንኻልኦት ንኽብሩ ይጸልዎም እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፌሶን 2:10

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 161 መዓልቲ**
ሉቃስ 11:1-28; መዝሙር ዳዊት 63-65

ሓሙስ 11 ሰነ



# ዝዓሞቐ ህይወት

**መዝሙርዳዊት 42:7**
**ብደሃይ መንጫዕጫዕታኻ መዓሙቑ ንመዓሙቑ ይጽውዖ፣ ሸምቦታትካን ማዕበላትካን ዘበለ ብልዕለይ ሐለፈ።**

---

ኣብ ክርስቶስ ዓሚቑ ህይወት ምርካብ ኣማራጺ ኣይኰነን፣ እዚ ኸኣ ዕምቈት ዘይብሉ ናብራ ዕልወት እዩ። ብዙሓት መንእሰያት ንኣምላኽ ከም መሸጣ ማሽን ገይሮም እዮም ዘርእይዎ ሓደ ነገር ኣብ ዜድለዮም እዋን ናብኡ ይመትጹ ህይወት ቀሊል ኣብ ዝኾነሉ እዋን ዕሽሽ ይብልዎ። ኣምላኽ ጥቅሚ ዘይኰነስ ጥቡቕ ምቅርራብ እዩ ዚደሊ።

ኣዕሚቕካ ብዝኸድካ መጠን ብዛዕባኡ ኽሳዕ ክንደይ ክትፈልጦ ዘለካ ነገር ከም ዘሎካ ብዝያዳ ትግንዘብ። ፍቕሩን ሓይሉን ጥበቡን መወዳእታ ዘይብሉ እዩ። ዓሚቑ ህይወት ኪበሃል ከሎ ንዕኡ ቐዳምነት ምሃብን ብጸሎትን መጽሓፍ ቅዱስ ምንባብን ምምላኽን ንመዓልታዊ ውሳነታትካ ድማ ኽስተኻኽሎ ምፍቃድ ማለት እዩ።

ብዛዕባ ዝተሓላለኸነት ኣይኮነን፤ ብዛዕባ ቅኑዕነት እዩ። ዓሚቑ ህይወት ንባህርያትካ ይቕይሮ፡ ኣንጻር ሓጢኣት ዘለካ ውሳነ የደልድል፡ ንኻልኦት ክትጸልዎ ድማ የዕጥቐካ። ዓለም ቀጻሊ ዘይኮነ ሓጎስ ትህብ፣ ኣብ ክርስቶስ ዕምቆት ግን ምርግጋእን ርእሰ ተኣማንነትን ነባሪ ሓጐስን ይህብ።

ካብ ላዕለዋይ ደረጃ እምነት ንላዕሊ ጥለቕ። ንኣምላኽ ናብ ህላዌኡ ክስሕበካን መገድታቱ ክምህረካን ብዕላማ ክትነብር ክሕግዘካን ለምኖ። ብዝያዳ ወፍሪ ብዝገበርካ መጠን፡ ሰላሙን መሪሑን ሓይሉን ብዝያዳ ትረኽቦ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኦ ኣቦይ ናባኻ ኣቕርበኒ። ንእምነተይ፡ ንህላወኻ ዘሎኒ ፍቕርን ድማ ኣዕሙቖ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ኣብ ክርስቶስ ዕምቆት እየ ዝመርጽ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፋል ህይወተይ ቀዳምነት እህቦ፡ እናሓየልኩ፡ እናለበምኩን ናብ ኣምላኽ እናቐረብኩን እኸይድ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 15:4

**ናይ 365 መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 162 መዓልቲ**
1ይ ዜና መዋእል 1-3; ግብሪ ሃዋርያት 14




# ሓላዊ

**ትንቢት ሕዝቅኤል 3፥17**
**“ኣታ ወዲ ሰብ፣ ኣብ ቤት እስራኤል ሓላዊ ገይረካ ኣሎኹ። ካብ ኣፈይ ቃል ስማዕ እሞ፣ ኣብ ክንዳይ ኳንካ ምዕዶም።”**

---

ጽልዋ ከተሕድር ዘይትኽእል ንእሽቶ መሲሉካ ክኸውን ይኽእል'ዩ፡ ኣምላኽ ግን ሕጂ ሓላዊ ክትከውን ይጽውዓካ። ሓላዊ ንሓደጋ ዝጥምት ሰብ ጥራይ ኣይኮነን- ነቶም ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ይከላኸለሎምን ይመርሑን የጠንቅቑን። ቤት ትምህርትኻን ገዛኻን ዓንኬል ዕርክነትካ ዝጽልን ዘቕልብን ሰብ የድልዮም።

ሓላዊ ምኳን ብጸሎት እዩ ዝጅምር። ንኣምላኽ ኣብ ከባቢኻ እንታይ ይፍጸም ከምዘሎ ከርእየካ ለምኖ-ኣየናይ ዕርክነት ምትብባዕ ዘድልዮም፣ እንታይ ዓይነት ተግባራት ምእራም ዘድልዮም፣ ኣየኖት ኩነታት'ከ መንፈሳዊ ሸፋን ዘድልዮም። ምልክታት መጠንቀቕታ ሸለል ኣይትበል፤ ኣምላኽ ንቕሓትካ ተጠቒሙ ጉድኣት ከይበጽሕ ይኽእል እዩ።

ቃላትካ ኣገዳሲ እዩ። ሓቂን ምትብባዕን ተዛረብ። መዘኑ ክቃለሱ ከለዉ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣካፍሎ። ህይወትካ ብጸሎትን ብጥበብን ንቕሓትን ምስ እትምራሕ መከላኸሊ ዋልታ ትኸውን።

ንኣሽቱ ተግባራት'ውን ይቑጸሩ፡ ንቕኑዕ ደው ምባል፡ ቅድሚ ፈተና ንክፍልኻ ምጽላይ፡ ወይ'ውን ኣብ ጸገም ንዝርከብ ዓርክኻ ምሕጋዝ። ሓይሊ ዘይብልካ ኣይኮንካን- ንዓለምካ ክትጸልዋን ክትከላኸልን ኢኻ ተመዚዝካ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጎይታ ነቶም ኣብ ከባቢየይ ዘለዉ ንምሕላው ንቑሕን ጸላይን ተባዕን ክኸውን ሓግዘኒ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ሓላዊ እየ። ይርኢ ኣለኹ፡ እጽሊ፡ ብጥበብ ኣምላኽ ድማ እዋሳእ። ነቶም ኣብ ከባቢየይ ዘለዉ እከላኸልን እመርሕን እየ፣ ብዘይ ንቕሓተይ ብክርስቶስ ዝፍጸም ነገር የለን። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ጴጥሮስ5:8

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 163 መዓልቲ**
1 ዜና መዋእል 4-6፤ ግብሪ ሃዋርያት 15:1-21

ዓርቢ 13 ሰነ




# ካብ ክሉ ኣእምሮ ዝበልጽ ሰላም

**— ፊልጺ 4፡7**
**“እቲ ኻብ ኵሉ ኣእምሮ ዚበልጽ ሰላም ኣምላኽ ድማ ንልብኹምን ሓሳብኩምን ብክርስቶስ የሱስ ኪሕልዎ እዩ።”**

---

ዓለም ብገንዘብ፡ ብህቡብነት ወይ ብሃብቲ ሓጐስ ክትረክብ ቃል ትኣቱ፡ ኩሉም ግን ክዓግቡ ኣይክእሉን። ፍሉጣት ሰባት’ውን እንተኾኑ፡ ሃብቲ ወይ ዝና ነቲ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ከም ኣምላኽ ዝዓቐኑ ባዶነት ክመልእ ከም ዘይክእል ይኣምኑ። ሓቀኛ ሰላም ካብ ኢየሱስ ጥራይ እዩ ዝመጽእ።

እዚ ሰላም’ዚ ኣብ ኩነታት ዝምርኮስ ኣይኮነን። ናይ ቤት ትምህርቲ ጸቕጢ፡ ናይ ዕርክነት ቃልሲ፡ ወይ ናይ ስድራቤት ጸገማት ከጋጥመካን ሕጂ’ውን ህድኣት ከጋጥመካን ይኽእል። ካብ ህላወ እግዚኣብሔር ዝመጽእ እምበር ካብ ዘይምህላው ጸገማት ስለዘይኮነ ካብ ምርዳእ ዝበልጽ ልዕለ ባህርያዊ ሰላም’ዩ።

ከመይ ጌርካ ትረኽቦ፡ ኣብ ቃል ኣምላኽ ተኣማመን፣ ብቐጻሊ ጸሊ፣ ኣዒንትኻ ድማ ናብ ኢየሱስ ኣተኩር። ንልብኻን ኣእምሮኻን ይሕሉ፣ መንፈሱ ድማ ኣብ ኩሉ ኩነታት ፍቕሩን ተኣማንነቱን የዘኻኽረካ።

ህይወት ትርጉም ኣብ ዘይብላሉ እዋን’ውን ክትጭነቕ የብልካን። ኣምላኽ ከም ዝቆጻጸር ተኣማሚንካ ብትብዓት ክትመላለስ ትኽእል ኢኻ፣ ብሃንደበት ዝሕዞ ነገር የለን።

## ናይ ሎሚ ጸሎት

ጎይታ ኢየሱስ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወቕቲ ካብ ኩሉ ርድኢት ዝበልጽ ሰላም ንልበይ ምልኣዮ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሎሚ ብሰላም ኣምላኽ እመላለስ ኣለኹ። ልበይ ህዱእ፡ ኣእምሮይ ርጉእ፡ ዝኾነ ኩነታት ከናውጸኒ ኣይክእልን እዩ። ኣባይ ዘሎ ክርስቶስ ሰላመይ እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኢሳይያስ26:3

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 164 መዓልቲ**
1 ዜና መዋእል 7-9፤ ግብሪ ሃዋርያት 15:22-41




# ዕብየት

**— ኦሪት ዘፍጥረት 26፥13**
**“እቲ ሰብኣይ እቲ ኸኣ ዐበየ፡ ኣዝዩ ኽሳዕ ዚዐዝዝ ድማ እናወሰኸ ኸደ።”**

---

ዕብየት ብዛዕባ ዕድመ ኣይኮነን-ብዛዕባ ተግባርን ዕላማን ጻውዒትን’ዩ። ሎሚ ዓለም ርኣዩዋ፡ ላዕለዎት ስፖርተኛታት፡ ስነጥበባውያንን መራሕትን መብዛሕትኡ ግዜ ካብ መንእሰያት እዮም ዝጅምሩ። ትኹረት ቅድሚ ምርካቡ ነዊሕ ከይጸንሐ ኣብ ህያባቶም ይስልጥኑ፡ ይዓብዩን ወፍሪ ይገብሩን። ብተመሳሳሊ መንገዲ እግዚኣብሄር ድሒሩ ዘይኮነስ ሕጂ ብዕብየት ክትመላለስ ይጽውዓካ።

ቅዱሳት መጻሕፍቲ እውን ተመሳሳሊ ሓቂ እዩ ዘርኢ። ዳዊት ንጎልያድ ክስዕሮ ከሎ መንእሰይ እዩ ነይሩ። ዮሴፍ መሪሕነት ክሓልም ከሎ መንእሰይ እዩ ነይሩ። ማርያም ንመድሓኒ ክትስከም ከላ ንእሽቶ እያ ነይራ። ጢሞቴዎስ ወንጌል ክሰብኽ ከሎ መንእሰይ እዩ ነይሩ። ኣምላኽ ዕድመ ኣይጽበን’ዩ-እምነትን ዲሲፕሊን ተኣዛዝነትን’ዩ ዝደሊ።

ሎሚ ዕብየትካ ምህናጽ ጀምር። ቃል ኣንብብ፡ መዓልታዊ ጸሊ፡ ኣምላኽ ዝሃበካ ህያባት ድማ ኣማዕብል። ኣብ ቤት ትምህርትን ኣገልግሎትን ህይወትን ቅኑዕ ኩን። እቶም ሕጂ እትወስዶም ንኣሽቱ ስጉምትታት፡ ማለት ናይ እምነትን ብሉጽነትን ኣገልግሎትን ተግባራት፡ ነቲ ኣምላኽ ዝሓንጸጸልካ ዘይተለምደ መጻኢ ይቐርጾ።

ለውጢ ከተምጽእ ኣዝዩ ንእሽቶ ኣይኮንካን። ዕብየት ዝጅምር ኣብ ጻዊዒትን ኣምላኽ ብትብዓት ክትዓቢን ክትመላለስን ምስ እትመርጽ እዩ።

### ናይ ሎሚ ጸሎት

ጎይታ ንህያባተይ ኣበራቢርካ ኣብ ጻዊዒትካ ብትብዓት ክመላለስ ትብዓት ሃበኒ። ናብ ኩሉ ዝፈጠርካኒ ራእዩ ክዓቢ ሓግዘኒ።

### ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሕጂ ናብ ዕብየት ተጸዊዐ ኣለኹ። ብዕላማን ብሓይልን ብሉጽነትን እየ ዝኸይድ። ውህበታተይ ቦታ ይህበኒ፣ ንኽብሪ ኣምላኽ ድማ ንወሎዳይ ክጸልዎ እየ ዝትንስእ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ጢሞ 4:12

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 165 መዓልቲ**
1 ዜና መዋእል 10-12፤ ግብሪ ሃዋርያት 16:1-2




# ኩሉን ኣብ ኩሉን

**ቆሎሴ 3፥11**
**“ክርስቶስ ኲሉን ኣብ ኲሉን እዩ እምበር፡ ኣብኡስ ጽርኣውን ኣይሁዳውን፡ ግዝረትን ዘይግዝረትን፡ ባርባን ስኪትን፡ ባርያን ጭዋን የልቦን።”**

---

ገሊኦም ሰባት መጽሓፍ ቅዱስ ምስዚ ናይ ሎሚ ዓለም ግዜኡ ዝሓለፎ፡ ዘይምልከቶ ወይ ኣዝዩ ዝኣረገ ይመስሎም። ኣምላኽ ግን ኣይቀየርን'ዩ። ኢየሱስ ትማልን ሎሚን ጽባሕን ኣገዳሲ እዩ። ንሱ ኩሉ ብኹሉ እዩ- ምንጪን መምርሕን ዕላማን ኩሉ እዩ።

መንነትካን ዕላማኻን ዋጋኻን ኣብኡ እዩ ዝርከብ፡ እምበር ኣብ ላይክ ናይ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ወይ ዓለማዊ ተቐባልነት ኣይርከብን። ክርስቶስ “ኩሉ ብኹሉ” ናትካ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ውሳነታት ንጹርነት፡ ኣብ መንነትካ ምትእምማን፡ ከምኡውን ንበይንኻ ደው ክትብል ትብዓት ትረክብ።

በዚ መንገዲ ምንባር ማለት ኣብ ዕርክነት፡ ቤት ትምህርቲ፡ መዘናግዒ፡ ዋላ ኣብ ኢንተርነት ንክርስቶስ ቀዳምነት ምሃብ ማለት እዩ። ዓለም ክትገልጸልካ ኣይትፍቀደላ፤ ኣምላኽ ይቐርጸካ። ቃሉ ንናይ ሎሚ ህይወትካ ግብራዊ፡ ሓያልን ህያውን እዩ።

ህላወ ክርስቶስ ኣረኣእያ ይህብ፡ ሕሉፍ ጌጋታት ይቕረ ይግበረሎም፡ ህሉው ቃልስታት ትርጉም ኣለዎ፡ መጻኢ ድማ ውሑስ እዩ። ኣብዛ ዓለም እዚኣ ንኣገዳስነቱ ክትክእ ዝኽእል ነገር የለን።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጎይታ ኢየሱስ ማእከለይን ኩሉ ናተይን ኩን። ህይወተይ ክብርኻ የንጸባርቕ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ክርስቶስ ብኹሉ ኩሉ ናተይ እዩ። ህይወተይን ዕላማይን መንነተይን ኣብኡ ተሰኺዑ ኣሎ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ህሞት ብህላወኡ ተመሪሐ ብፀርእሰ ተኣማንነት እየ ዝኸይድ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ገላትያ 2፡20

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 166 መዓልቲ**
1 ዜና መዋእል 13-15፤ ግብሪ ሃዋርያት 16፡22-40



# ሰላም መንፈስ ቅዱስ

**ወንጌል ዮሐንስ 14፥26**
***“እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሱ ዅሉ ኺምህረኩም፡ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘክረኩም እዩ።”***

---

መንፈስ ቅዱስ ስብእና ዘይብሉ ሓይሊ ኣይኮነን- ንሱ’ዩ ኣባኻ ዝነብር መንፈስ ኣምላኽ። ድሌታትን ሓሳባትን ስምዒታትን ኣለዎ። እግዚኣብሄር ምሳኻ ርክብ ክህልወካ እዩ ዝደሊ፣ ህይወት ምስ ተጸገመት ኣቓልቦኻ ጥራይ ኣይኮነን።

ከምቲ ንሓደ ብሉጽ ዓርኪ እትገብሮ ንዕኡ ተዘራረብ። መዓልትኻ ኣካፍል፡ ምኽሪ ሕተት፡ ወይ ውን ኣብ ንኣሽቱ ነገራት ርእይቶኡ ሕተት። ብቐንዕናኻ ይሕጐስ፡ መሪሕነቱ ድማ ህይወት ይቕይር።

መንፈስ ይምህርን የጸናንዕን ይመርሕን እዩ። ንፈተና ክትቃወምን ነቲ ቃል ክትርድኦን ጥበባዊ ውሳነታት ክትገብርን ይሕግዘካ። ህይወት ኣብ ምርጫታትካን ቀዳምነታትካን ምስ እተሳትፎ ምድንጋር ትውሕድ።

መንፈስ ቅዱስ ናብ ቤት ትምህርትኻ፡ ዕርክነትካ፡ ስፖርትካ፡ ዋላ እውን ናብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዓድም። ኣብ ውሳነታት መምርሒኻ፡ ኣብ ብድሆታት ትብዓትካ፡ ኣብ ሓቂ ድማ መምህርካ ይኹን።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
መንፈስ ቅዱስ መዓልታዊ ምሳኻ ብቐረባ ክሰምዕን ክስዕብን ክመላለስን ምሃረኒ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
መንፈስ ቅዱስ ሎሚ ናብ ሕይወተይ ብሓጎስ ይቕበለካ ኣለኹ። ምሃረኒ፡ ምራሕኒ፡ ኣብ ኩሉ ዝገብሮ ድማ ፍቕሪ ኣምላኽ ከንጸባርቕ ሓግዘኒ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 8:14

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 167 መዓልቲ**
1 ዜና መዋእል 16-18፤ ግብሪ ሃዋርያት 17:1-15

ሰሉስ 17 ሰነ



# ተስፋን እምነትን

**እብራውያን 11፥1**
**“እምነት ግና ነቲ ተስፋ ዚግበሮ ነገር ርግጽ ምግባር፡ ናይቲ ዘይርአ ነገር ምርዳእ እያ።”**

---

ተስፋ ራእይ ይህበካ፤ እምነት ክውን ይገብሮ። ብዙሓት መንእሰያት ብተስፋ ደው ይብሉ—እንታይ ክሽውን ከም ዝኽእል ይሓልሙ፡ ይምነዩ ወይ ይግምቱ። ብዘይ እምነት ግን ተስፋ ትምኒት ኮይኑ ይቕጽል፣ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ውጽኢት ፈጺሙ ኣየምጽእን እዩ።

እምነት ንጡፍ እዩ። በቲ ኣምላኽ ዝተዛረቦ እዩ ዝሰርሕ። ኣብ መንጎ ሕልምኻን ክውንነትን ዘሎ ድልድል እዩ። ዕላማ፡ መደብ፡ ወይ ካብ ኣምላኽ ዝመጸካ መብጽዓ ምስ እትርኢ፡ ተስፋ ፍናን የለዓዕል፡ እምነት ግን ንቕድሚት ክትስጉም እግርኻ ተንቀሳቕሶ።

ተስፋ ከም መዕለቢ ምቕማጥ፡ እምነት ድማ ከም ምጅማር ጉዕዞ ሕሰብ። ንኣምላኽ ኣብ ዘይርአ ነገር ምውካል - ምጽላይን ምእዛዝን ንቃሉ ምፍጻምን - ንራእይካ ናብ ክውንነት ይቕይሮ። ፍርሒ፡ ጥርጣረ፡ ወይ ብዙሕ ምጽባይ ንገስጋስ ደው ከብሎ ይኽእል እዩ፡ እምነት ግን ንቕድሚት ትደፍእ እያ።

ኣብ ዕድመ ንእስነት ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ዕርክነትን መጻኢ መደባትን ዘይርጉጽነት የጋጥመካ። ተስፋ የሐጉሰኩም፡ እምነት ግና ይድርኸኩም። ኣብ ምሕሳብ ደው ኣይትበል፤ ምስ መብጽዓታት ኣምላኽ ተሰማሚዕካ ስራሕ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጎይታ፡ ኣብ ውሽጠይ ዘቐመጥካዮ ተስፋታት ብትብዓት ክዋሳእ እምነተይ ኣደልድሎ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ተስፋ ምስ እምነት ኣወሃሂደ ኣለኹ። ራእየይ ክውንነት ዝኸውን ንኣምላኽ ስለ ዝውከልን ብትብዓት ስለ ዝረግጽን ብቃሉ ስለ ዝሰርሕን እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 1:17

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 168 መዓልቲ**
ሉቃስ 11:29-54፤ መዝሙር 66-67



# ምንቅቃሕ

**መዝሙር ዳዊት 85፥6**
**“ህዝብኻ ብኣኻ ኺሕጐስሲ፣ መሊስካዶ ህይወት ኣይክትህበናን ኢኻ፧”**

---

ተሃድሶ ምትእኽኻብ ወይ ፍጻመ ኣይኮነን- ኣብ ውሽጥኻ'ዩ ዝጅምር። እግዚኣብሄር ኣብ ልብኻ ፍሉይ ሓዊ ይምነ እምበር ብዛዕባኡ ምፍላጥ ጥራይ ኣይኮነን። መብዛሕትኡ ግዜ መንእሰያት ናብ ልምድታትን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ትኹረት ዝሰርቑ ነገራትን ይንሳፈፉ፣ ተሃድሶ ምስ ኣምላኽ ብውልቃዊ ቅርበት ከም ዝጅምር ይርስዑ።

ንኣምላኽ መንፈስካ ከንቅሕ ለምኖ። ኣብ ጸሎትን ኣምልኾን ቅዱሳት መጻሕፍትን ግዜ ኣሕልፍ። ኣብ ልብኻ ኒሕ የቃጽል። ተሃድሶ ካብ ስምዒት ንላዕሊ እዩ- ቀዳምነታትካ፡ ዘረባኻን ኣብ ካልኦት እትገብሮ ጽልዋን ይቕይሮ።

ሓደ ትንሳኤ ዝረኸበ መንእሰይ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ዕርክነትን ማሕበራዊ ቦታታትን ብርሃን ይኸውን። ንኣምላኽ ዘለካ ፍናን ንኻልኦት ናብኡ ይስሕቦም። ተሃድሶ ንእምነትካ የደልድል፡ ንባህርያትካ ይቐርጽ፡ ንጸዋዕታኡ ክትእዘዝ ዘለካ ርእሰ ተኣማንነት ይውስኽ። ካልእ ሰብ ኣይትጸበ። ሕጂ ንኣምላኽ ድለዮ። ውልቃዊ ትንሳኤ ንዓለምካ ይቕይሮ ህላወኡ ብኣኻ እናወሓዘ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኣምላኽ ኣብ ልበይ ሓድሽ ሓዊ ኣቃጽል እሞ ትንሳኤ ኣብ ውሽጠይ ይጅምር።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ተሃድሶ ይቕበል ኣለኹ። መንፈሰይ ነቒሑ፡ ልበይ ሓዊ ይነድድ፡ ሕይወተይ ድማ ከም ምስክር ክብሪ ኣምላኽ ትደምቕ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ግብሪ ሃዋርያት 3:19

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 169 መዓልቲ**
1 ዜና መዋእል 19-21፤ ግብሪ ሃዋርያት 17:16-34

ሓሙስ 19 ሰነ



# ናይ ምዝራብ ክፍለ ግዜ

**ትንቢተ ሚልክያ 3፥16**
**“ሽዑ እቶም ንእግዚኣብሄር ዚፈርሁ ንሓድሕዶም ተዛራረቡ፣ እግዚኣብሄር ከኣ ጽን በለ ሰምዔውን። ተጻሕፈ።”**

---

ቃላት ሓያል እዩ። እግዚኣብሄር ንዓለም ብዘረባ እዩ ፈጢርዋ: ቃላትካ ድማ ንክውንነትካ ይቐርጽ። መንእሰይ ኸለኻ: እቲ እትብሎ ኣገዳሲ እዩ፦ ንርእስኻን ንኻልኦትን ኬተባብዓ: ከተነቓቕሕ: ወይ እውን ኪከላኸለልካ ይኽእል እዩ።

ናይ ምዝራብ ክፍለ ግዜታት ህይወት ናብ ዓለምካ ክትዛረበሉ ከለኻ ኮነ ኢልካ ዝግበር ህሞታት እዩ። ኣብ ቅድሚ መስትያት ወይ ምስ ኣዕሩኽትኻ ደው ኢልካ ኣብ ልዕሊ ህይወትካ ሓቂ ኣምላኽ ኣዋጅ: “ኣነ ሰንሰለት ዝሰብር እየ: ርእሲ እምበር ጭራ ኣይኮንኩን: ብክርስቶስ ኩሉ ክገብሮ እኽእል እየ።”

እዚ ኣወንታዊ ኣተሓሳስባ ጥራይ ኣይኮነን- ነቲ ኣምላኽ ኣብ ቃላትካ ዘቐመጦ ሓይሊ ምፍታሕ'ዩ። ድሌታትካ ምዝራብ ንልብኻ ምስ መደብ ኣምላኽ የሰማምዖን ርእሰ ተኣማንነትን ራእይን ዕላማን ይሃንጽ።

ብዛዕባ ኣምላኽ ክትዛረብ: ንኻልኦት ከተተባብዕ: ወይ እምነትካ ብትብዓት ክትዛረብ ከለኻ: ሰማይ ይሰምዕ። ቃላትካ ውጽኢት ናይ ምቕያርን ንኣዕሩኽ ናይ ምልዕዓልን ንሰባት ናብ ክርስቶስ ናይ ምቕራብን ዓቕሚ ኣለዎ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጎይታ ቃላተይ ህይወት ይዛረቡ: እምነት ይህነጹ: ምስቲ ፍጹም ፍቓድካ ድማ ይሰማምዑ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ኣብ ልዕሊ ነብሰይ ህይወትን ዓወትን ዕላማን እእውጅ ኣለኹ። ቃላተይ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ይሰማምዑ፣ ንዕኡ ዘኽብሮ ክውንነት ድማ እፈጥር። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 18:21

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 170 መዓልቲ**
1 ዜና መዋእል 22-24: ግብሪ ሃዋርያት 18

ዓርቢ 20 ሰነ



# ምስትንታን

**መጽሓፍ ኢያሱ 1፥8**
**“ነቲ ኣብኡ እተጻሕፈ ምእንቲ ተጠንቂቕካ ኽትገብሮስ፡ መዓልትን ለይትን ኣስተንትኖ እምበር፡**

---

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣስተንትኖ ስቕ ኢልካ ኮፍ ምባል ጥራይ ኣይኮነን- ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘተኮረ ኣስተንትኖ’ዩ። ኣብ ዕድመ ንእስነት ህይወት ጫውጫው ዝበዝሖ እዩ: ቤት ትምህርቲ: ኣዕሩኽ: ማሕበራዊ መራኸቢታት። ኣስተንትኖ ንሓቂ ኣምላኽ ንኣእምሮኻን ተግባራትካን ክመርሓሉ ቦታ ይፈጥር።

ኣስተንትኖ ከም ምልምማድ ኣእምሮኻ ጌርካ ሕሰቦ። መብጽዓታት ኣምላኽ ድገም፣ ዕላማታትካ ኣብ ኣእምሮኻ ስኣል፣ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ድማ ኣብ ልብኻ ኣዕሚቑ ክጥሕሉ። እቲ እተስተንትነሉ ነገራት ንምርጫኻን ግብረ-መልስኻን ርእሰ-ምትእምማንካን ይቐርጾ። ቅድሚ ሕልምኻ ምዝራብካ ወይ ስጉምቲ ምውሳድካ: ኣብ ቃል ኣምላኽ ኣስተንትኖ። ዘርኢ እምነት ተኺሉ ስጉምትኻ ምስ ፍቓዱ የሰማምዖ። ቀጻሊ ኣስተንትኖ ንመንፈስካ የደልድል፡ ንኣእምሮኻ የሐድሶ፡ መንፈሳዊ ብስለት ድማ ይሃንጽ።

ኣብ መዓልቲ ውሑዳት ደቓይቕ እውን እንተኾነ ንህይወትካ ክቕይሮ ይኽእል እዩ። ንግሆ፡ ምሸት ወይ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣስተንትኖ። ኣእምሮኻ ኣብ ሓቂ ኣምላኽ ይሓድር፣ ውሳኔታትካን ዕርክነትካን ዕድላትካን ድማ መሪሕነቱ ከም ዘንጸባርቕ ተዓዘብ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኣቦይ ብጥበብ ክመላለስ ለይትን መዓልትን ኣብ ቃልካ ከተኩር ሓግዘኒ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ለይትን መዓልትን ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ እስተንትን እየ። ኣእምሮይ ይሕደስ፡ መንፈሰይ ይድልድል፡ ሕይወተይ ድማ ሓቅነቱ ዘንጸባርቕ እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር 1፡2

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 171 መዓልቲ**
1 ዜና መዋእል 25-27፤ ግብሪ ሃዋርያት 19፡1-22



# ዓሰርት ዕጽፊ ዝሓሸ

**ትንቢት ዳንኤል 1፥20**
**“ብዛዕባ እቲ ንጉስ ዝጠየቖም ናይ ጥበብን ምስትውዓልን ኵሉ ነገር፣ ካብቶም ኣብ ኵሉ ግዝኣቱ ዝነብሩ ጠቢባንን ፈለጥትን ዓሰርተ ኢድ በሊጾም ረኸቦም።” —**

---

ኣምላኽ ናብ ብሉጽነት እዩ ዝጽውዓካ- ማእከላይ ናብራ ኣይኮነን። ዓወት ዳንኤል ብሰንኪ ሓይሉ ዘይኮነስ ንኣምላኽ ስለ ዘኽበሮን ምሉእ ብምሉእ ስለ ዝተኣማመኖን'ዩ። መንእሰይ ከለኻ፡ ተውህቦኻን ተግሳጽካን ምርጫታትካን ፍሉይ ክገብረካ ይኽእል እዩ።

ዓሰርተ ዕጽፊ ዝሓሸ ምኻን ብዛዕባ ትዕቢት ኣይኮነን- ንኣምላኽ ብተግባራትካን ቃላትካን ብውሳኔታትካን ክደምቕ ምፍቃድ'ዩ። ብትግሃት ኣጽንዕ፡ ብቑጻሊ ጸሊ፡ ኣብ ንኣሽቱ ነገራት ድማ እሙን ኩን። ብሉጽነት ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ስፖርት ወይ ዝምድናታት ከይተረፈ ርኡይ ይኸውን።

ዓለም ክትጠራጠረካ ትኽእል እያ፡ ኣምላኽ ግን የዕጥቐካ። ህይወትካ ልዕለ ባህርያዊ ፍልልይ ከንጸባርቕ ይግባእ፣ ንፈጣሪ ኣብ ውሽጥኻ ከም እትስከሞ ዘርኢ እዩ። መዘኑኻ ከስተብህሉ እዮም፡ ኣምላኽ ድማ ክኸብር እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጎይታ ብጥበብካን ብልጫኻን ምልኣኒ ስለዚ ንኽብርኻ ጐሊሐ ኣለኹ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣምላኽ ኣባይ ስለ ዘሎ ብዓሰርተ ዕጽፊ ይበልጽ። ተግባራተይን ቃላተይን ሓሳባተይን ንጥበቡን ሓይሉን ዘንጸባርቕ እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 3:5-6

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 172 መዓልቲ**
1 ዜና መዋእል 28-29፤ ግብሪ ሃዋርያት 19:23-41

ሰንበት 22 ሰነ




# መርትዖ ዘፍሪ ክርስትያን

**ወንጌል ማቴዎስ 5፥16**
**“ከምኡ ኸኣ ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም፡ ኣብ ሰማያት ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ኺመስግንዎ፡ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ።”**

---

ክርስትያን ምዃን ምልክት ጥራይ ኣይኮነን፤ ንኣምላኽ ዘንጸባርቕ ውጽኢት ምፍራይ'ዩ። ህይወትካ ዋላ ከም መንእሰይ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ዕርክነትን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ትጓዓዝ፡ ህያው ምስክር ሰናይነቱ ክትከውን እያ ተባሂላ።

መርትዖ ዘፍሪ ክርስትያን ብዕላማ እዩ ዝዋሳእ። ንሓደ ሰብ ምሕጋዝ፡ ንሓቂ ደው ምባል፡ ወይ ምትብባዕ ምክፋል ኩሎም እምነትካ ዝረኣየሎም መገድታት እዮም። ተግባራትካ ንኻልኦት ናብ ኢየሱስ የመልክት።

ንኣሽቱ ስጉምትታት እውን ከይተረፉ ኣገደስቲ እዮም። ሕያውነትን ቅንዕናን ትግሃትን ንኻልኦት ከነቓቕሕን ክብሪ ኣምላኽ ክረአ ዕድላት ክፈጥርን ይኽእል። ብቐጻሊ ከተፍሪ ከለኻ፡ ሰባት ኣቓልቦ ይህቡ፡ ኣምላኽ ድማ ክብሪ ይረክብ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኣምላኽ ሕይወተይ ናይ ሰናይነትካን ናይ ምልዋጥ ሓይልኻን ዝርአ መርትዖ የርኢ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ መርትዖ ዘፍሪ ክርስትያን እየ። ተግባራተይን ቃላተይን ህይወተይን ንሰናይነት ኣምላኽ ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ ንኻልኦት ናብኡ ይስሕብ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 13፡35

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 173 መዓልቲ**
2 ዜና መዋእል 1-3፤ ግብሪ ሃዋርያት 20፡1-16



ሶኒ 23 ሰነ

# ዝተሳዕረ ጸላኢ

**ናብ ሰብ ሮሜ 16፥20**
**“ኣምላኽ ሰላም ከኣ ንሰይጣን ቀልጢፉ ኣብ ትሕቲ እግርኹም ኪቕጥቅጦ እዩ።”**

---

ሰይጣን ድሮ ተሳዒሩ ኣሎ። መንእሰይ ከሎኻ ብድሆታትን ጸቕጢ መዛኑን መንፈሳዊ መጥቃዕትን ናይ ሓቂ ኮይኑ ክስምዓካ ይኽእል እዩ፣ ዓወት ግን ብየሱስ ኣቢልካ ናትካ እዩ። ምስ ጸላኢ ኣይትቃለስን ኢኻ-ብስልጣን ኢኻ ትኸይድ።

መልስኻ ኣገዳሲ እዩ። ምትሳል ኣብ መጸወድያ ከም ዘለካ ክስምዓካ ይኽእል እዩ፣ ኣብ ክርስቶስ መንነትካ ምዝካር ግን ነቲ ጸወታ ይቕይር። ኣብ ልዕሊ ሓይልታትን ገዛእቲ ጸልማትን ተቐሚጥኩም ኣለኹም። ጸላኢ ተንኮላት ኣለዎ: ናይ መወዳእታ ዓወት ግን የብሉን።

ኣብ ልዕሊ ህይወትካ ሓቂ ተዛረብ: ንፈተና ተቓወም: ብትብዓት ድማ ኣብ ቃል ኣምላኽ ተመላለስ። ኩሉ ናይ እምነት ተግባር ነቲ ዝተሳዕረ ጸላኢ ዝያዳ ይደፍኦ። እቲ ዓወት መጻኢ ኣይኮነን- ህሉው እዩ፣ ብክርስቶስ ውሕስነት ዘለዎ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጎይታ ኢየሱስ ስለ ዓወት የመስግነካ። ብሓሶት ጸላኢ ከይተናወጽኩ ብስልጣን እየ ዝኸይድ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ ብዓወት እየ ዝኸይድ ዘለኹ። ጸላኢ ተሳዒሩ: ሓይሊ ኣምላኽ ድማ ይከላኸለለይን የበርትዓኒን። ኣብ ስልጣኑ ኣጽኒዐ ደው ኢለ ኣለኹ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ዮሃ 4:4

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 174 መዓልቲ**
2 ዜና መዋእል 4-6፤ ግብሪ ሃዋርያት 20:17-38




# ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ

**1ይ ዮሃንስ 5፥4**
**“ካብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ ኹሉ ንዓለም ይስዕራ፡ እታ ንዓለም እንስዕረላ ስዕረት ከኣ፡ ንሳ እምነትና እያ።**

---

ካብ ኣምላኽ ንዋታዊ ኢኻ ተፈጢርካ-ንስኻ ናቱ ቴክኖሎጂ ኢኻ። እግዚኣብሄር ክፈጥረካ ከሎ ዝኾነ ነገር ክገብር ይኽእል ነይሩ፡ እንተኾነ ግን ብመልክዑን ኣምሳሉን ክገብረካ እዩ መሪጹ። እዚ ማለት ንስኻ ከምኡ ክትሰርሕ ተፈጢርካ ኣለኻ ማለት እዩ።

ካብ ኣምላኽ ምውላድ ካብ ምልክት ንላዕሊ እዩ- ሓሳብካን ቃላትካን ተግባራትካን ምስ ናቱ ከተሰማምዕ ጻውዒት እዩ። ከምኡ ተመላለሱ። ከምኡ ተዛረብ። ከምኡ ሕሰብ። መጽሓፍ ቅዱስ ሓሳብ ክርስቶስ ኣሎና ይብል። እዚ ሓሳብ ጥራይ ኣይኮነን፤ መዓልታዊ ክትነብሮ እትኽእል ክውንነት’ዩ።

ከምቲ ኣምላኽ ዝረኣየካ ንነብስኻ ክትሪኣ ጀምር። ምርጫታትካ፡ ከመይ ጌርካ ከም እትዛረብን ንኹነታት ብኸመይ ከም እትምልሶን ኣምላኽ መን ክትከውን ከም ዝፈጠረካ ዜንጸባርቕ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ድማ ኣብ ሓቀኛ መንነትካ ምጉዓዝ መጀመርታ እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጎይታ መዓልታዊ ኣብቲ ካባኻ ተወሊደ ዝብል ክውንነት ክነብር ሓግዘኒ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ብመልክዕን ምስልን ኣምላኽ እየ ተፈጢረ። ኣነ ከምኡ እየ ዝኸይድ፡ እዛረብ፡ ይሓስብ። ምስ መገድታቱ ተሰማማዒ እየ ዝሰርሕ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 16:33

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 175 መዓልቲ**
ሉቃስ 12:1-31፤ መዝሙር 68-69




ረቡዕ 25 ሰነ

# ኣምባሳደር ክርስቶስ

**2ይ ቆረንቶስ 5፡20**
**ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ፡ እናበልና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኳንና ንልምነኩም ኣሎና።”**

---

ሓደ ኣምባሳደር ኣብ ካልእ መሬት እናነበሩ ዓዶም ይውክል። ከም ኣምባሳደር ክርስቶስ ኣብዛ ዓለም ትነብር ግና ንሰማይ ትውክል። ቃላትካን ተግባራትካን ኣተሓሳሰባኻን ንመን ከም እትውክል ዘርኢ እዩ።

ኣምባሳደር ምዃን ምስ ሓላፍነት እዩ ዝመጽእ። ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት-ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ማሕበረሰብካ ወይ ኣብ ኢንተርነት-ንክርስቶስ ብህይወትካ ይርእዩዎ። ከመይ ጌርካ ትመላለስን ንኻልኦት ትሕዞን ንኹነታት ከመይ ትምልሶን ንመንግስቱ ዘንጸባርቕ እዩ።

ኣምባሳደርነት እውን ረብሓታት ሒዙ ይመጽእ እዩ። ምስ መንግስተ ሰማይ ተተሓሒዝካ ጥበብን መምርሕን ጸጋታትን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ዕላማኻ ንክርስቶስ ኣብ ኩሉ እትገብሮ ከተንጸባርቕ፡ ፍቕሩን ሓቅኡን ምሕረቱን ንኹሉ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ሰብ ከተርእዮ እዩ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ኣቦይ ህይወተይ ኣብ ዝኸድኩዎ ቦታ ብፍቕርን ብቕንዕናን ብጸጋን ንሰማይ ይውከል።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ከም ኣምባሳደር ክርስቶስ እየ ዝኸይድ። ህይወተይ ንመንግስቱ ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ ቃላተይን ተግባራተይን ድማ የኽብሮ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴ 5፡16

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 176 መዓልቲ**
2 ዜና መዋእል 7-9፤ ግብሪ ሃዋርያት 21፡1-17

ሓሙስ 26 ሰነ



# እቲ እንኮ መንገዲ ንላዕሊ እዩ

**ቆሎሴ 3፥1**
**“ደጊም ምስ ክርስቶስ ተንሲእኩም እንተ ኼንኩምሲ፡ ነቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጥዎ ዘሎ፡ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ድለዩ።”**

---

ንታሕቲ ከውሒ ምህራም ማለት መወዳእታ ማለት ኣይኮነን። ካብኡ እቲ እንኮ ኣንፈት ንላዕሊ እዩ። ሓደ ኩነታት ክሳብ ክንደይ ትሑት ኮይኑ ይስምዓካ ብዘየገድስ፡ ንዕብየትን ምልዓልን መበገሲ'ዩ።

ምስ ክርስቶስ ተንሲእካ ማለት ትኹረትካ ካብ ኩነታት ናብቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ይሰጋገር ማለት እዩ። ናብ መገድታቱን ቀዳምነታቱን ኣረኣእያኡን ርአ። ኩሉ ምስኡ ዝተሰለፈ ምርጫ ብመንፈስን ብኣእምሮን ብስምዒትን ንላዕሊ የልዕለካ።

ኣብ ላዕሊ ዘሎ ምድላይ ንብድሆታት ብኸመይ ከም እትምልሰሉ ይቕይር። ልዕሊ ጭንቀትን ፍርሕን ተስፋ ምቁራጽን ክትለዓል ትጅምር። ኣዒንትኻ ናብ ክርስቶስ እናሃለኻ እትወስዶ ኩሉ ስጉምቲ ናብ ዕብየትን ሓድሽ ዕድላትን ዕላማን እዩ ዝመርሕ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጎይታ ኣዒንተይ ናባኻ ኣልዕል። ልዕሊ ኩሉ ፈተና ክለዓልን ትኹረት ክገብርን ሓግዘኒ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ልዕሊ ኩሉ ብድሆ እየ ዝለዓል። ኣተኩሮይ ኣብ ክርስቶስ እዩ፣ ምስ ፍቓዱ ተሰማሚዐ ድማ ንላዕሊ እኸይድ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊልጲ 3:14

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 177 መዓልቲ**
2 ዜና መዋእል 10-12፤ ግብሪ ሃዋርያት 21:18-40

ዓርቢ 27 ሰነ




# ናይ ዓወት ኣተሓሳስባ

**ናብ ሰብ ሮሜ 8፥37**
**“... በዚ ኹሉ በቲ ዘፍቀረና ኣጸቢቕና ንስዕር ኢና።”**

---

ናይ ዓወት ኣተሓሳስባ ማለት ብናይ ገዛእ ርእስኻ ሓይሊ ዘይኮነስ ብኢየሱስ ክትስዕር ከም እትኽእል ምእማን ማለት እዩ። መንእሰይ ከለኻ ህይወት ፈተናታትን ጸቕጢ መዛኑኻን ንመንገድኻ ትድርቢ እያ፣ ኣምላኽ ግን ካብ ሰዓሪ ንላዕሊ ንኽትከውን የዕጥቐካ።

ኣተሓሳስባኻ ንመልስታትካ ይቕርጾ። ጸገማት ከም ዕድል ዕብየት ክትሪኦም ምረጽ። በይንኻ ፈጺምካ ከምዘይኮንካ ኣይትረስዕ፤ ፍቕሪ ኣምላኽ ልዕሊ ፍርሕን ውድቀትን ጥርጣረን ክትለዓል ሓይሊ ይህበካ።

ብዓወት ምሕሳብ ንቃልሲ ሸለል ኣይብሎን፤ ብመነጽር ሓይሊ ኣምላኽ'ዩ ዝርእዮም። ነፍሲ ወከፍ ስጉምትን ጸሎትን ተግባር እምነትን ርእሰ ተኣማንነትን ጽንዓትን ጽልዋን ይሃንጽ። ህይወትካ ምስክር ዓወት ትኸውን።

## ናይ ሎሚ ጸሎት

ኣምላኽ ብናይ ዓወት ሓሳባት ንኣእምሮይ ኣሐድሶ እሞ ንነፍሲ ወከፍ ብድሆ ክስዕሮ ሓግዘኒ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሎሚ ብዓወት እየ ዝኸይድ ዘለኹ። ብድሆታት ክስዕሩኒ ኣይክእሉን እዮም። ብፍቕሪ የሱስ ኣቢለ ካብ ሰዓሪ ንላዕሊ እየ፣ ንዕኡ ድማ ብትብዓት እየ ዝነብር። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ዮሃ 5:4

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 178 መዓልቲ**
2 ዜና መዋእል 13-14፤ ግብሪ ሃዋርያት 22



ቀዳም 28 ሰነ

# ኣብኡ ኣተኩሩ

**ወንጌል ማቴዎስ 14፡29**
**“ንሱ ኸኣ፡ ንዓ፡ በሎ። ሽዑ ጴጥሮስ ካብ ጃልባ ወሪዱ፡ ብማየ ማይ እናኸደ፡ ናብ የሱስ መጸ።”**

---

ታሪኽ ጴጥሮስ ኣብ ኢየሱስ ከነተኩር ከሎና እንታይ ከም ዘጋጥም ብልክዕ ዘርኢ እዩ። ኣብ ልዕሊ ማይ ክኸይድ ምርኣዩ ንጴጥሮስ ካብታ ጃልባ ንኽወጽእ እኹል ትብዓት ሃቦ። ንፋስን ማዕበልን ኣብ ዝጠመተሉ ህሞት ግን ፍርሒ ሰሊኹ ኣተወ፡ ክጥሕል ድማ ጀመረ። ህይወት እውን ከምኡ እያ ትሰርሕ።

ነቲ ቃል ምስ ሰማዕካ፡ ምትብባዕ ምስ ተደፋፍኣካ፡ ወይ’ውን ዋላ’ውን ክትጽልየሉ ዝጸናሕካ ውጥን ምስ ጀመርካ ምትኳስ ክስምዓካ ይኽእል’ዩ። ብድሆታት፡ ጥርጣረታት፡ ወይ ምዝንባላት ኣብ ዝሃርመሉ ህሞት ግን፡ ናህሪ ክትስእን ቀሊል’ዩ። እቲ ኩሉ ፍናንን እምነትን ኣዒንትኻ ካብ የሱስ እንተ ተኣሉዩ ግና ክሃስስ ይኽእል እዩ።

እቲ ቁልፊ ነገር ትኹረት እዩ። ኣዒንትኻ ኣብ ዝኾነ ነገር እንተ ኣተኩርካ ስጉምትኻ ክመርሓካ እዩ። ኣቓልቦኻ ኣብቲ ሸልማት እምበር ኣብቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ጫውጫው፡ ፍርሒ ወይ ምዕንቃፍ ኣይትግበር። ከም ጴጥሮስ ብእምነት ክትወጽእን ናብ ኢየሱስ ክትከይድን ተጸዊዕካ ኣለኻ-ዋላ ንፋስ ክነፍስን ማዕበል ክለዓልን ከሎ።

### ናይ ሎሚ ጸሎት

ጎይታ ኢየሱስ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ህቦብላን ምዝንባልን ህይወት ኣዒንተይ ናባኻ ኣጽኒዐን ይሃልኻ።

### ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ብሌዘር ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ እየ ዘተኮረ። ኣዒንተይ ኣብቲ ሸልማት እየ ዝሕሉ፡ ትኹረት ዝሰርቑ ነገራት ሸለል ኢለ፡ ኣብቲ መስመር ብስሙ እጸንሕ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊልጲ 3፡14

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 179 መዓልቲ**
2 ዜና መዋእል 15-16፤ ግብሪ ሃዋርያት 23፡1-15

ሰንበት 29 ሰነ



GoodNews DAILY

# ይቕረ ዝተገበረልና

**ናብ ሰብ ሮሜ 8፥1**
**“እምብኣርሲ ሕጂ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ዘለዉ ኹነኔ የብሎምን።”**

---

ሕጂ ብክርስቶስ የሱስ ንዓኻ ዝኸውን ኩነኔ የለን! እዚ'ዩ ጽምብል ዘለዎ ነገር። ኢየሱስ ኣብ መስቀል ምስ ሞተ ንነፍሲ ወከፍ ሓጢኣት ማለት ሕሉፍን ህሉውን መጻእን ከፈሉ። ሓንሳብን ንሓዋሩን ተዛዚሙ።

ጸላኢ ብቐጻሊ ጌጋታትካ እናዘኻኸረ ኣብ ሕፍረትን በደልን ዓጽዩ ክጸንሓካ ይደሲ። ኣምላኽ ከም ዝሓረቐልካ ክትሓስብ ይደሲ፣ እቲ ሓቂ ግን ኣምላኽ ኣይሓርቐልካን እዩ። ናቱ ስለ ዝኾንካ መንነትካ ውሑስ እዩ።

ይቕረ ተባሂልካ ምንባር ማለት ናጽነት ምሕቋፍ ማለት እዩ። ሕፍረት፡ በደል፡ ወይ ርእሰ-ኩነኔ ክትስከም ኣየድልየካን'ዩ። ትጻድቕ፡ ትፍቶ፡ ተቐባልነት ኣለካ። ሕሉፍ ታሪኽካ ኣይገልጸካን እዩ፣ መዓልታዊ ድማ ብጸጋ ኣምላኽ ብርእሰ ተኣማንነት ክትመላለስ ትኽእል ኢኻ።

ይቕረ ምባል ንኻልኦት ብኸመይ ከም እትሕዞም እውን ይቖርጾም እዩ። ቂምን ምረትን ግደፍ። በቲ ክርስቶስ ዝዓደለልኩም ሓርነት ተመላለሱ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ተግባር ድማ ፍቕሩን ምሕረቱን ኣንጸባርቑ።

**ናይ ሎሚ ጸሎት**
ጎይታ ምሉእ ብምሉእ ይቕረ ስለ ዝገበርካለይ የመስግነካ። ናጻ ክነብርን ንኻልኦት ይቕረ ክብልን ሓግዘኒ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ይቕረ ተባሂለ ሓራ እየ። ኣነ ብክርስቶስ ኢየሱስ ጻዲቐን ተፈቒረን ተቐባልነትን ረኺበ እየ። ሕፍረት ወይ ኩነኔ ምስካም ኣብየ፡ ብጸጋኡ ድማ ብትብዓት እመላለስ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ዮሃ 1:9

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 180 መዓልቲ**
2 ዜና መዋእል 17-18፤ ግብሪ ሃዋርያት 23:16-35



ሰኒ፣ 30 ሰነ

# ሓይሊ ብጸሎት

**1ይ ቆረንቶስ 14፥4**
**“ቋንቋታት ዚዛረብ ንርእሱ ይሃንጽ፡ ትንቢት ዚንበ ግና ንማሕበር እዩ ዚሃንጽ።”**

ህይወት ጥራይ ተድክመካ ዝነበረት ኮይኑ ተሰሚዑካ ይፈልጥ ድዩ፡ ቤት ትምህርቲ፡ ዕርክነትን ሓላፍነትን ኩሎም ሓድሓደ ግዜ ክብደት ክስመዓካ ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ’ዩ ጸሎት-ብፍላይ ብቛንቋታት ምጽላይ-ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኸውን። ልክዕ ከምቲ ሞባይልካ ኣብ ቻርጀር ትሰኩዖ ንመንፈስካ ቻርጅ ምግባር’ዩ። ብቛንቋታት ክትጽሊ ከለኻ ካብ ውሽጥኻ ንደገ ትሃንጽ፡ ጸዓትካን ትኹረትካን ትሕድስ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ልዕሊ ማንም ሰብ ብቛንቋታት ይጽሊ ክብል ከሎ ነዚ ምስጢር ተረዲእዎ እዩ። ብቐጻሊ ቻርጅ ይገብርን ብመንፈሳዊ ሓይሊ ይመላለስን ነበረ። ጸሎት ግን ሓይሊ ኣብ ምፍራይ ደው ኣይብልን’ዩ- ነቲ ሓይሊ ናብቲ እትኣምነሉ ነገር ከተቕንዖ ኣለካ። ጀነሬተር ምስ ኤለክትሪክ ገመድ ከይተተሓሓዘ ይሰርሕ ኣሎ እሞ ሕሰብ፤ ሓይሊ ይገብር’ምበር ዋላ ሓንቲ ለውጢ የቡሉን።

ስለዚ ክትጽሊ ከለኻ ትኹረትካ ኣቐምጥ። እቲ ኹነታት ኪቕየር ከሎ ኣብ ኣእምሮኻ ስኣሎ—መጽናዕትኻ ይመሓየሽ፡ ስምዒታትካ ይረጋጋእ፡ ወይ ስድራኻ ሰላም ይረኽቡ። ቃላትካ ንጸዓት ኣምላኽ ትኽ ኢሎም ናብቲ ጸገም ዝስከሙ ናይ ሓይሊ መትሓዚታት እዮም። ነቲ ሰላም፡ እቲ “ኖታ ዓወት” ኣብ ውሽጥኻ ክሳብ ዝስምዓካ ምዝራብካ ቀጽል።

### ናይ ሎሚ ጸሎት

ጎይታ ስለ ሓይሊ ጸሎት የመስግነካ። ቃልካ ብትብዓት ከድህብን ክዛረብን ሓግዘኒ። ሎሚ ሓይልኻ ብኣይ ይውሓዝ። ብስም የሱስ ኣሜን።

### ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ናይ ጀነሬተር ሓይሊ እየ፡ ቃላተይ ድማ እቶም ነቲ ሓይሊ ናብቲ ክብደት ዝመልአ ኩነታት ዘጓዕዙ ኮንተይነራት እዮም እቲ ክብደት ድማ ይሰግድ፣ ብስም የሱስ! ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 6:63

**ናይ 365 መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ – መበል 181 መዓልቲ**
2 ዜና መዋእል 19-20፤ ግብሪ ሃዋርያት 24




# ትንቢታዊ መዓልታዊት መራሒት

መዓልታዊ ጥዑም ብስራት ኣብ ጐድኒ እቲ ቐንዲ ኣምልኾና ብምኳን ንመንእሰያትን ቈልዑን ብጥንቃቐ እተዳለወ ፍሉይ ሕታማት ከተቕርብ ከላ ሓጐስ ይስምዓ። ነፍሲ ወከፍ ሕታም መዓልታዊ ትንቢታዊ ቃል ብቐጥታ ካብ ልቢ ነብዪ ኡበርት ኣንጀል እዩ ዜቕርብ፣ እዚ ድማ ምስ ኩሉ ደረጃታት ህይወት ዚሰማማዕን ምስ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ስድራ ቤት ብዚራኸብን መገዲ እዩ ዚቐርብ።

እዚ ሕትመት እዚ ንቓል ኣምላኽ ትርጉም ብዘለዎን ብዚዛመድን መገዲ ህያው ንምግባር ብጥንቃቐ እተጠርነፈ እዩ፣ እዚ ኸኣ ንኣንበብቲ ብእምነትን ምርዳእን ብመንፈሳዊ ብስለትን ንኺዓብዩ ይሕግዝ። ሸቶና ሓቂ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ኽሊ ዕድመ ንዚርከቡ ሰባት ልቦም ኽም ክትንከፉን በብመዓልቱ ምስኡ ብዝያዳ ኽም ዝመላለሱ ንምግባርን እዩ።




**ናይ ኮተቴ ቕዳሕ**

መንእሰያት ነቲ ኣብ ህይወት ዜጋጥሞም ብድሆታት ብመንፈሳዊ ጥበብን ብርታዕን ንኺገጥምሉ ዚሕግዝ ሓያል ምስትንታንን ኣዕሚቑካ ምርዳእን ከጥርዩ ይድግፎም።

**ናይ ህጻውንቲ ቕዳሕ**

ብዛዕባ እምነትን ፍቕርን መብጽዓታት ኣምላኽን ዚገልጽ መሰረታዊ ሓሳባት ብዜሐጉስን መሳጢን መገዲ ንምቕራብ ተባሂሉ እዩ ተዳ

ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ እቲ ብነብዪ ኡበርት ኣንጀል እተጻሕፈ ትንቢታዊ ቓል መዓልቲ ኽትቅበል ኢኻ፣ እዚ ኸኣ ምስ ኣምላኽ ዘሎካ ጕዕዞ ንምድልዳልን ከም ቃሉ ንኽትነብር ዚመርሓካን መለኮታዊ መልእኽቲ እዩ። ስድራ ቤታት ብእምነት ብሓባር ኪዓብዩን ብዛዕባ ሓቂ ኣምላኽ ዘለዎም ምርዳእ ኬዕምቑን ዚኽእሉሉ ሓያል መገዲ እዩ ።

**ከይተምልጠኩም!**
**ነቲ ንነፍሲ ወከፍ ወለዶ ንምትብባዕን ንምስልጣንን እተዳለወ ትንቢታዊ መምርሒ መዓልታዊ ጥዑም ብስራት ናይ ምቕያር ሓይሊ ክትረኽቡ ተዳለዉ።**

SCAN ME



# ጎይታና የሱስ ክርስቶስ

ጎይታና የሱስ ክርስቶስ እምነ ኩርናዕ ናይ እምነትና ክርስትና እዩ። ህይወቱን ትምህርቱን ኣብ መስርሕ ታሪኽ ብዕምቆት ጽልዋ ኣሕዲሩ እዩ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መዳርግቲ ዘይብሉ ርህራሄኡን፣ ጥበቡን፣ ዝፈጸሞ ተኣምራዊ ተግባራቱን ዝፍለጥ እዩ። መልእኽቱ ኣብ ፍቕሪ፡ ይቕሬታን ከምኡ ውን ኣብ መብጽዓ ዘልኣለማዊ ህይወት ዘማእከለ ኮይኑ፡ ንኹሎም ብእኡ ዝኣምኑ ተስፋን ምድሓንን ዘቕረበ እዩ። ኣብ ኩሉ ኣገልግሎቱ፣ ናብ መላእ ምድሪ ይሁዳ እንዳዞረ፡ ንሕሙማት ፈወሰ፡ ንዝተሳቐዩ ኣጸናንዐ፡ ከምኡ ብዛዕባ ዘለኣለማዊ መንግስቲ ኣምላኽ መሃረ።

ንየሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ግሊ ጎይታኻን መድሓኒኻን ምቕባል ማለት ንምህሮኡ ምቕባልን ነቲ ለዋጢ ህላውነቱ ናብ ህይወትካ ምዕዳምን ማለት እዩ። እዚ ድማ ኣብ እምነትን፣ ፍቕርን፣ ተስፋ ድሕነትን ዝተመስረተ ናብ መንፈሳዊ ዕጋበት ዝወስድ ጉዕዞ እዩ።

ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣቢልና ሓይልን፣ ተስፋን ከምኡ ውን ናብ ዘለኣለማዊ ሰላም ዝወስድ መንገዲ ንረክብ። ምሉእ ምኧን ወይ ምድሓን ማለት፣ ኣብ ትሕቲ ኣምላኽን፣ ነቲ ኣብ ሂወትና ዘለዎ መደብን ዕላማን ምግዛእ ማለት እዩ። ካብቲ ኣረጊት መንገድና ተመሊስና ናብ የሱስ ክርስቶስ ምጥማት እዩ። ካብ ሓጢኣትና ይቕረታ፣ ከምኡ ውን ሓድሽ ህይወት ክህበናን ምሕታት እዩ።

ሮሜ 10:9 ከምዚ ይብል፣
"ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ።"

ምድሓን ናይ ኣምላኽ ናጻ ህያብ እዩ፣ ብኡኡ ድማ ውልድነት ንረክብ። ምድሓን፣ ካብ ስድራቤት ኣምላኽ ከም ዘይትወጽእ ዝገብር፣ ከምኡ ውን ንኹሉ ፍጥረት ኣምላኽ ንምግላጽ ፣ሂወትካ ብብርትዐ ንኽትነብር ዘዕጥቕ ሓይሉ ኢዩ።



# ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሂወትካ ተቐቢልካዮ፧

**“For the Son of man is come to seek and to save that which was lost.” – Luke 19:10 (KJV)**

**ጐይታ ህይወትካ ኽትገብሮ ንዕድመካ ኣለና።**

ኦ ጐይታይ ኣምላኸ፣ ብስም የሱስ ክርስቶስ ናባኻ ይመጽእ ኣለኹ። ብምሉእ ልበይ ኣብ ወዲ ህያው ኣምላኽ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ ይኣምን እየ። ምእንታይ ከም ዝሞተን ኣምላኽ ካብ ሞት ከም ዘተንስኦን እኣምን እየ። ሎሚ ብህይወት ከም ዘሎ እኣምን እየ። የሱስ ክርስቶስ ካብዛ መዓልቲ እዚኣ ኣትሒዙ ጐይታ ህይወተይ ምዃኑ ብኣፈይ እእመን ኣለኹ። ብእኡን ብስሙን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣሎኒ፣ ዳግም ተወሊደ እየ። ጐይታይ ንነፍሰይ ስለ ዘድሓንካያ አመስግነካ። ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ እየ ። ሃሌሉያ!

እንቋዕ ሓጐሰካ! ካብ ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኰንካ ኢኻ።

Continue to grow by staying in His Word, praying daily, and keeping your faith strong. God has an incredible journey ahead for you.

**To further grow as a Christian contact us:**
**UK:** +44 3333 448 612 | **USA** +1 240 781 6942
**RSA:** +27 51 004 0209 | **ZWE** +263 773 195 955
**Email:** gnd@goodnewsworld.com

SCAN ME

# ኣብ መኽዘንና

## ኹሉ እቲ ኣገዳሲ ኣብ ሓደ ቦታ ትረኽብዎ




**መዓልታዊ ጥዑም ዜና ቀዳመይቲ ሕትመት**

ፍረ ዘለዎ ህይወት ብክርስቶስ ንምንባር ቃል ኣምላኽ ብምፍላጥን ብምርዳእን ባህጊ እዩ ዚጅምር። እቲ ብነብዪ ዩበርት ኣንጀል እተጻሕፈ መዓልታዊ ጥዑም ዜና ነዚ ጕዕዞ እዚ ዝቐለለን ዝያዳ ትርጕም ዘለዎን ይገብሮ። 1ይ ጥራዝ ብዛዕባ እተፈላለየ ኣርእስትታት ትምህርትታት ዝመልአ ብዙሕ ሓያላት ምዕራፋት ዝሓዘት ኰይና ንኽትከታተሎን ክትርድኦን ብቐሊሉ እተወደበ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ገጽ ብእምነት ንኽትድልድል ብዛዕባ ወንጌል ዓሚቚ ምስትውዓል ንኽትረክብ ከምኡውን መዓልታዊ ንህይወት ዚቕይር ሓይሊ ቃል ኣምላኽ ንኽትለማመድ ይሕግዘካ።

እብዚ ስካን ግበር

መጀመርታ ግዜኹም ክትዕድጉ ከለኹም ነዛ ኮድ (CODE) ብምጥካም
10% ክነድለልኩም እዩ

GoodNews DAILY

# ሕታም 2 2026

## ሚያዝያ – ጉንበት – ሰነ

መዓልታዊ ጥዑም ዜና ብስፕሪት ኤምባሲ እተዳለወ ሕታም ኮይና ትንቢታዊ ትምህርትታትን ራእይታትን ነብዪ ኡበርት ኣንጀል ድማ ተካፍል። መልእኽቲ የሱስ ክርስቶስ ንምዝርጋሕን ንኣመንቲ ብቓል ኣምላኽ ሓይሊ ንምሃብ እተወፈየ እዩ።

**ዝያዳ ሓበሬታ፣ ጸሎት፣ ወይ ኽትሳተፍ እንተ ደሊኻ ምስታ ኣብ ከባቢኻ ዘላ ጨንፈር ተራኸብ :-**

Branch Name:
Contact Person:
Phone Number:
Email:
Address:

**Copyright © 2025 by Uebert Angel**
**All rights reserved.**

support@goodnewsworld.com
www.goodnewsworld.com

ምስክርነትካ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ስደደልና

gnd@goodnewsworld.com | www.goodnewsdailydevotional.com

**ኣጸቢቕካ ኣብ ናይ ክርስትና ሂወትካ ንኽትዓቢ ሰዓበና።**
UK: +44 1244 727242 | USA +1 448 877 0344
RSA: +27 872 654 913 | ZWE +263 8677 211 645
WHATSAPP: 0773 195 955
EMAIL: GND@GOODNEWSWORLD.COM

SCAN ME



For further information on how to grow as a Christian, please get in touch with us at:

UK: +44 1244 727242
USA +1 448 877 0344
RSA +27 872 654 913
ZWE +263 8677 211 645
WhatsApp: 0773 195 955

**gnd@goodnewsworld.com**
**goodnewsdailydevotional.com**

SCAN FOR YOUR FREE DOWNLOAD